# ፋይላት መዘክር ኣባዲ ዘሙ

(ብኽፋል ብኽፋል  ኣብ ፌስቡክ ገጹ ካብዘካፈሎ ከምዘሎ ብዩኤምዲ ሚዲያ ዝተኣከበ)

*ሓዱሽ ውሳኺ፡ ክፋል 14*

*መዓዝ፡ ኦክተበር 22 2023*

## Table of Contents

*ፋይላት መዘከር ኣባዲ ዘሙ* ........................................ 1
*ንምንታይ ኣተኻኽብናዮ?* ........................................ 3
*ክፋል 1 (ሴፕቴምበር 17 2023 ኣኣ ዝተሰጠፈ)* ........................................ 3
*ክፋል 2 (ሴፕቴምበር 17 2023 ኣኣ ዝተሰጠፈ)* ........................................ 6
*ክፋል 3 (ሴፕቴምበር 17 2023 ኣኣ ዝተሰጠፈ)* ........................................ 8
*ክፋል 4 (ሴፕቴምበር 18 2023 ኣኣ ዝተሰጠፈ)* ........................................ 10
*ክፋል 5 (ሴፕቴምበር 19 2023 ኣኣ ዝተሰጠፈ)* ........................................ 12
*ክፋል 6 (ሴፕቴምበር 20 2023 ኣኣ ዝተሰጠፈ)* ........................................ 14
*ክፋል 7 (ሴፕቴምበር 21 2023 ኣኣ ዝተሰጠፈ)* ........................................ 16
*ክፋል 8 (ሴፕቴምበር 28 2023 ኣኣ ዝተሰጠፈ)* ........................................ 19
*ክፋል 9 (ኦክቶበር 1 2023 ኣኣ ዝተሰጠፈ)* ........................................ 21
*ክፋል 10 (ኦክቶበር 7 2023 ኣኣ ዝተሰጠፈ)* ........................................ 24
*ክፋል 11 (ኦክቶበር 9 2023 ኣኣ ዝተሰጠፈ)* ........................................ 27
*ክፋል 12 (ኦክቶበር 12 2023 ኣኣ ዝተሰጠፈ)* ........................................ 31
*ክፋል 13 (ኦክቶበር 17 2023 ኣኣ ዝተሰጠፈ)* ........................................ 34
*ክፋል 14 (ኦክቶበር 22 2023 ኣኣ ዝተሰጠፈ)* ........................................ 38

## ንምንታይ ኣተሻኺብናዮ?

*ትሕዝቶ እቶም ናይ መዘክር ኣባዲ ጽሑፋት ሓቂ ዲዮም ኣይሓቂን ብዘየገድስ ህዝቢ ኣብ ሓደ ቦታ ረኺብዎም ክመያየጠሉም ክተሓታተሉዎም፤ ክፃሪዩ ክመራመሩን ግብረ መልሲ ክህቡ ንዚደልዩ ድማ ዕድል ንምሃብ፤ ከምዚ ዓይነት ኣቀራርባ'ውን ንረብሓ ህዝቢ ብዘለዎ ኣስተዋጽኦ ምኽንያት ንምብርትታዕ ከም ዩኤምዲ ሚዲያ ብዘለና ድልየትን እዩ ።*

## ክፋል 1 (ሴፕቴምበር 17 2023 ኣኣ ዝተለጠፈ)

ብቀረባ ዝፈልጡኒ ሰባት ኩሉሻብ እንትረኽቡኒ "እስካብ ሕጂ ዝተዛረብካዮ'ኮ ይኣኽለካ እዩ። ዓሪፍካ እንዶ ስራሕካ ስራሕ" : "ወይ ኣክቲቪዝም ኣጥቢቕካ ሓዞ ወይ ናብ ስራሕካ ሙሉእ ቱኽረት ሃብ" ይብሉኒ። ብሓልየት ዝመፅአ ዘረባ ስለዝኾነ'ውን ሱቕ ኢለ ይሰምዖም። ሓደሓደ ሻዕ'ውን ሓቆም'ኮ እዮም ይብል። ነዊሕ ካብዚ መረባ ጠፊአ ምንም ፌስቡክ ዝብሃል እንተይከፈትኩ ሰላመይ እየ ረኺበ ሓቂ ንምዝራብ። ናይ ትግራይ ፌስቡክ ምኽፋት ማለት ምዓልቲ ምዓልቲ ዝተደራረበ ፀገም ኢኻ ዝትሰምዐሉ። ዓሪፈ'ዶ ሱኽ ክብል ኢልካ ትውስን'ሞ ግን ድማ ፅንሕ ምስበልካ ኣየኽእለካን። ምዓልታዊ ገለ ፀገም ትርኢይ: ትሰምዕ። ከመይ ገይርካ ሱኽ ክትብል? ኩላ ኣብ ዓዲ ዝተጋጥም'ኮ ብቀጥታ ኮነ ብተዘዋዋሪ ትምልከተካ እያ።
በረኻ ምውፃእ ንዓይ ዓብዪ ትምህርቲ እየ ወሲደሉ። እቲ ህዝቢ ከመይ ከምዝነባበር: እቲ ድኽነትን ፀገምን ኣብ ምንታይ ደረጃ ከምዘሎ ብዓይነይ ዝርኣኹሉ ግዘ እዩ ነይሩ። ዝብላዕ ዘይብሉ ቆሎ ቆርጢሙ ዝሓድር ስድራ ርእየ እየ: ዝፅባሕ ስኢኑ እንጀራ ብጨው ነስኒሱ እንትሓድር ተዓዚበ እየ: ለይቲ 10 ስዓት ንማይ ወፂኣ ስዓት 4 ስዓት እንትትምለስ ርእየያ እየ ሓንቲ ንእሽተይ ቆልዓ.. በቃ ዘይውዳእ ፀገምን መከራን ዘለዎ ህዝቢ ምዓት ከምዝኾነ ኢኻ ዝትዕዘብ። ከምኡ እንዳሃለወ ግን ካብታ ዝይብሉ ቆሎ ኮነት እንጀራ ብጨው እዩ ዘካፍለካ። ኣብ ዳርጋ ኩለን ዝኸድናየን ተመሳሳሊ እዩ።
ነቲ ጥዑይ ሰብና እቶም ሓለፍትና ኩሉ ከመይ ከምዝነብር ምስርኣዩ ደስ ይብለኒ ነይሩ። መቐለ ምስተመለስና ክክሕስዎ እዮም: ኩሉ ጌጋታቶም ዓርዮም ነቲ ህዝቢ ካብቲ መከራ ከዉፅእዎ እዮም ዝብል ዓብዪ ተስፋ እዩ ነይሩኒ። ብዙሕ ከይፀናሑ ኣብኡ እንዳሃለኹ ግን ተስፋ ቆሪፀ። እቲ ኣብቶም ፖለቲካዊ መራሕቲ ዘሎ ዘይምስናይ ብዓይነይ ርእየዮ። ኣብ ናይ ውሳነ ቦታ ኮይኖም ዘይዘራረቡን ዓይኒ ንዓይኒ ዘይጠማመቱን ሰባት እንትትርእይ ኣብ ልዕሊኡ ድማ ብሓባር ክሰርሑ እዮም ኢልካ ዝትፅበዮም ኣካላት ተጎጃጂሎም እንትጠቓቕዑ ምስርኣኹከመይ ገይሮም ድኣ እዮም ብሓባር ወሲኖም ነቲ ጥዑይ ሰብና ክክሕስዎ ኢለ ምሕሳብ ጀሚረ። ብዙሕ ሕቶታት'ውን ብዝረኸብክዎ ኣጋጣሚ ምሕታት ጀሚረ። እቲ ታሕተዋይ ኣካል ነቲ ልዕሊኡ ዘሎ ካድረ ንውሳነ እንትፅበ እቲ ካድረ ድማ ናብቲ ማእኸላይ ኮሚቴ ከይዱ እታ ፀገምን ኩለን ዝብሃላ ወረታትን ኣኻኺቡ ነቲ ሓላፊኡ ይነግሮ። እቲ ወረ ድማ ኣብ ሰባት ዘቶኮረ እዩ መብዛሕቲኡ ግዘ። ናይቲ ማእኸላይ ኮሚቴ ፀላኢ ናይቲ ካድረ ፀላኢ እዩ ዝኸዉን ዘሎ። ውዓል ሕደር ሕመቅ ናይቲ ዝፅላእ እንዳተፀንዐ እንዳትኣከበ እዩ ዝኽረም። ኣብዚ ሓደ ዝገረመኒ ጉዳይ ድማ ኣብ ሞንጎ ማእኸላይ ኮሚቴን ፈፃሚ ስራሕን ዘሎ ርሕቀት እዩ። ኣነ ኣብ ኸባቢ ስልጣን ዝዓበኹ ሰብ እየ። ኣብ ሞንጎ ፈፃምን ማእኸላይ ኮሚቴን ዝነበረ ቅርርብ:ሞገት: ምይይጥን ተንቅቅፍ ውዒሎም ንምሳሕ ናብ ገዛ ብሓደ ከም ግሩፕ እንትመፅኡን ብደንቢ እየ ዘስታውስ። ኣብቲ ናይ ሎሚ ግን በዘይካ ዝተወሰኑ ኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴ ሓሳቦም ዝገልፁ እቲ ኣብዝሓ ደብሪፅን ኣለምን እንታይ በሉ ኢሉ ኢዱ ሓፍ ዘብል እየ ዝርኣኹ። እሱ ጥራይ ከይኣክል ድማ ቂም ምትሕሓዝ ኣብ ዝቅፅል ክረኽቦ እየ ኢልካ ምፅባይ ዝኣመሳሰሉ ነገራት ኣለው። እቲ ፈፃሚ ስራሕ ነቲ ማእኸላይ ኮሚቴ ዝህቦ ሓበሬታ'ውን ብጣዕሚ ውሱን እዩ። ሓንቲ ኣብነት ንምሃብ መብዛሕቲኡ ኣባል ማእኸላይ ኮሚቴ 9,000 ሰራዊት ጥራይ ከምዝሓዝና ዝፈለጠ መቐለ ለቒቑ ሃገረሰላም ምስበፅሐ እዩ። ክንደይ ትኣምር ክንደይ ሓሳብ ሒዞም እዮም ክንድዚ ዝዛረቡ ዘለው ኢልና ዝተፀበናዮም ሰባት ዋና ከተምኦም ምስለቐቑ እዮም ምንም ዓይነት ምድላው ከምዘየለ ዝፈለጡ።
ሽዑ እየ ምዝራብ ዝጀመርኩ ፊትንፊት። ንምንታይ ናብዚ አእቲኹምና ከይተዳለኹም? ኩሉሻብ ሕቶይ ንሳ እያ ነይራ ንዝረኸብክዎ። እቶም ናይ ሰራዊት ሓለፍቲ ፀላእትና ይዳለው ኣለው እዮም ኢሎም ክንደይ ሓሳባት እንተቕርቡ ሰማዒ ኣይነበሮምን። ጭንቕ ምስበሎም ተኣኻኺቦም ናብቶም ነባራት ተጋደልቲ ከይዶም ኣዛርቡልና: ብደውና ክንብላዕ ኢና ኢሎም ምስነገርዎም እቶም ነባራት'ውን ፈፃሚ ስራሕ መፂኦም ንክመያየጥዎም ዋላ እንተተዛረቡ ክንዲ ንኩሎም ፈፀምቲ ሒዙ ዝመፅእ ደብረፅዮን ንኣለምን ንፈትለን ሒዙ መፂኡ ኩሉ ዓይነት ምድላው ከምዝተገበረ ልክዕ ከምቲ ኣብ ሚድያ ዝነበረ እንዳተጀሃረ ተዛረበ። ክዛረቡ እንተበሉ'ውን ሰማዒ ስኣኑ: ሓበሬታ ፀላኢ ይሰምዖ ስለዘሎ ኣብዚ ኣይንዘርግፎን። እቲ ዝግርመኩም ኩሉ ካብቶም ናይ ሰራዊት ሓለፍቲ ኮነ እቶም ነባራት ክሕግዙ ዋላ እንተፈተኑ ስልጣን ክምንጥሉ ዝመሰሎም ሰባት ኣይነፀግዕን በሉ። ክንደይ ጀነራል ዘለዋ ዓዲ ቢሮ ፀጥታ ሓላፊኣ ሓደ መምህር ገበረት። እዚ ኹሉ ጀነራል እንዳመፅአ ምዓት ለመነ ዝሰምዖ ግን ስኣነ። ንኣብዝሖም'ውን እታ ንሓለፍቲ ምርካብ'ውን ተስኣነቶም። ገለ ገለ ካብቶም ነባራት ብሓይሎም ኮሚቴታት ዲፕሎማሲ:ሎጅስቲክስ..ምስ ጨነቆም ኣጣየሹ ምንም ምድላው ከምዘየለ ምስርኣዩ። እቲ ሓደጋ እንዳኸረረ ምስመፅአ ድማ ናይ ሰራዊት መዋቅር ዘለዎ ሴንትራል ኮማንድ ይጣየሽ ኢሎም እንተለመኑ እቲ መሪሕነት ግን ኣበየ። ኣብዚ ስዓት እዚ ሓደሓደ ካብቶም ዓበይቲ ህዝቢ ትግራይ እዚ ጉድ እዚ ክፈልጥ ኣለዎ። ናብ ሓዊ እዮም ዘእትውዎ ዘለው: ምንም ምድላው ከምዘየለ

ወፂእና ከም ሓደ ኮይንና ክንዛረብ ኣለና በሉ። ከመይ ከምዝፈለጡ እቶም መራሕቲ ኣይፈልጥን ግን ሽው ንሽው በቲ ዝነበረ ናይ ፖፒሊዝም ኣካይዳ ተጠቂሞም ነቲ ነባር መሪሕነት ምፅላም ተጀመረ። ደብሪፅ'ኮ እቶም ዓበይቲ እዮም ምስራሕ ዝኽልእዎ እምበር እሱ'ኮ ምዓት እዩ ዝሓስብ እንዳተብሃለ ዓዲ ሙሉእ ድማ ሰኺራ ስለዝነበረት ነቶም ነባራት ኣብ ዘይትፈልጦ ምርጋም ጀመረት።

ሓደ ምዓልቲ ግን ድምፂ ወያነ ቲቪ ጃም ተገበረ።

እታ መቀይሮ ነጥቢ እዚኣ እያ ዝነበረት። ብኩሉ መዳይ ተዳሊና ኢና እንዳበለ ዝጅሃር ዝነበረ ኣካል ጥርሑ ቀረየ። ኣኼባታት ፀዊዑ'ውን ሴንትሬል ኮማንድ ዝብሃል ኣካል ኣጣየሸ። ክንዲ ምንታይ ዘንጊዑ ከምዝነበረ ሕጂ'ውን ኣይተረድኦን፡ ብፅጋብን ፈኸራን ንኩሉ ንዒቑ ተራጢጡ እዩ ዝሓገየ። እቲ ፖፒሊዝም ናብ ርእሱ ደይቡ ኣብ ህዝቢ ተቀባልነት ዘለኒ ኣነ እየ እንዳበለ ንናይ ባዕሉ ኣመራርሓ ይድህል እዩ ዝነበረ። ካልእ'ሞ ይትረፍ ኣብ ድሕንነት ንነዊሕ ዓመት ሓላፊ ኮይኑ ዝሰርሐ ጌታቸው ኣሰፋ'ኳ ብሓይሊ ደብረፅዮን ንድሕንነትካ ኢሎም ክልተ ዓመትን ገለን ኣጊዶሞ እዮም ካብ ስራሕ። ክንደይ ትኣምር ይሰርሕ ኣሎ እዩ ኢሉ ዝኣመነ ህዝቢ እንዳሃለወ እቲ ሰብኣይ ግን እቲ ውግእ ንክጅመር ሰሙን እንትተርፎ እዩ ናብ ስራሕ ዝኣተወ።

❗ ከይነውሐኩም ክቕፅሎ እየ ኣብ ቀፃላይ ፖስት

## ክፋል 2 (ሴፕቴምበር 17 2023 ኣኣ ዝተለጠፈ)

ንምንታይ ከምዝኾነ ሓደ ዝፍለጥ ሰብ ወፂኡ ክዛረብ ተሎ ነቲ ዝዛረቦ ዘሎ ትሕዝቶ ተዘሊሉ ኣብቲ ሰብ እዩ ቱኹረት ዝግበር:: እሱ ከይኣክል ድማ ንምንታይ ትዛረብ ከምዘለኻ ናይ ባዕሉ ግምት ኣቕምጡ ይፍርጀካ:: ሓደ ምንም ዘይፈልጠካ ብዙሕ ተኸታሊ ዘለዎ ምስ ሓዷኡ ጉጅለ ዝተፀግዐ ኣካል ድማ ወፂኡ ንነዊሕ ግዘ ከም ዝፈልጠካ ሰብ ኮይኑ ምሳኻ ምንም ዘይራኸብ ፀለመ ተዛሪቡ እቲ ናትካ ዘረባ ዝሰምዕ ንክፀልኣካ ይፅዕር:: ፅንሕ ኢሉ'ውን እዚ ሰብ ስልጣን ስለዝኸልእዎ እዩ ዝዛረብ ዘሎ: ቅርሺ ስለዘይሃብዎ እዩ ገለ እንዳበለ ጠቕሊልካ ንክትፍንፈን ይሰርሕ::
ናይ ተኸስተ ሰብሓት እዩ ግን እቲ ብጣዕሚ መሕዘኒ:: ከመይ በሺቑ ከምዝተሰውአ ምፈለጥኩም ኣብዚ መሪሕነት እዚ ዘለኒ ሕራሮት ምተረደአኩም:: ብዙሕ ሰብ ዘይፈልጦ ተኸስተ ኣብ ቻይና ብናይ ድሮን ቴክኖሎጂ ትምህርቲ እዩ ወፂኡ ነይሩ:: ይመስለኒ ኣብ ትግራይ እቲ ብሕታዊ ሰብ እዩ ዝኸውን ኢለ ይሓስብ:: ክንደይ ግዘ ወረቀት ናብ መሪሕነት ፖለታካ ትግራይ ከምዘእተወ ተትፈልጡ ምሓዘንኩም:: እንታይ ዓይነት ድሮን: እቲ ፀረ ድሮን ኩሉ ምስ ስፔስፊኬሽኑን ኣበይን ከመይን ከምዝግዛእ ሓቢሩ ሰማዒ እዝኒ እዩ ስኢኑ:: ተኸስተ ናብ ትግራይ እንትመፅእ ካልእ ሰብ ኮይኑ እዩ ፀኒሑኒ:: ብጣዕሚ ብሄራዊ ስምዒት ዘለዎ: ንዓዱ ምዓት ስራሕ ክሰርሕ ዝደልይ ኮይኑ እየ ረኺበዮ:: እንታይ እየ ክገብር ምስማዕ'ኮ ኣብዮምኒ እንዳበለ እንትነግረኒ ኣጋ መጀመርታ ኣብ ባዕለይ እስካብ ዝበፅሕ ኣይተረደንን ነይሩ:: መስዋእቲ ተኸስተ እታ ዝኸፍአት ምዓልቲ ነይራ ኣብ ህይወተይ:: ንጉሆ ተራኺብና እቲ ቃልሲ ናበይ እዩ ዝኸይድ ዘሎ ኢሉ ግራ ኣትይዎ ሓቲቱኒ ኣነ'ውን ከምዘይተረድአኒ ገሊፀሉ ምሸት ክንራኸብ ተቛፂርና ግን ተኸስተ ሓወይ ምሸት ኣይረኸብክዎን:: ብፅባሒትኡ ግን እቲ ዜና ምስ ሰማዕኹ እስካብ ሎምዓንቲ እዩ ዘንብዐኒ::
እቲ ናይ ተኸስተ ከይኣክል ድማ ካብ ዲፓርትመንት ድሮን እና ዩኤቪ መሳርያዎች መከላከያ ሰብ ብሕቡእ ሰብ  መፂኡ እንታይ ዓይነት ድሮናት ከምዝዕደጋ ዘለዋን ኩሉ እቲ ሓበሬታን ሂቡ:: ኣብቲ ስዓት እሱ ነታ ዝተብሃለት ድሮን ንምዕዳግ ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ ብናይ ትእምት ቅርሺ ንዓድግ እንዳበሉ በቢዝረኸብዎ ኣጋጣሚ እቶም ዓበይቲ ይዛረቡ እዮም ዘለው:: ብናይ መሰቦ ናይ ስሚንቶ ሽያጭ ሰራዊት ብሕቡእ ንዓልም ኢሎም ናብ ናይ ደብረፅዮን ቢሮ ዝተመላለሱ ጀነራላት'ውን ይፈልጥ እየ:: ወፍ የለም:: ሓንቲ ናይ ደብረፅዮን ፀባይ ክትርድእዋ ዘለኩም ንእንትረኽብዎ ሰፍ ኢሉ ይሰምዐኩም እዩ:: እወ! ሓቅኻ እንትትብሃሉ እቲ ዝሓሰብኩሞ ተቐባልነት ከምዝረኸበ መሲልኩም ደስ ኢልኩም እምዳሞገስኩም ክትወፅኡ ኢኹም:: ድሕሪ ፍርቂ ስዓት ኣነ ካብ ናትኩም ሓሳብ ብጣዕሚ ዝፃረር ሓሳብ ሒዘ እንትረኽቦ ድማ ከምታ ንዓኹም ዝሰምዐኩምን ዘበረታትዐኩምን ገይሩ ደስ ኢሉኒ ክወፅእ እየ:: እቲ ፀገም ዘሎ ክልተ ዝፃረር ሓሳብ ተቀቢሉ ንክውስን ግዘ ይወስደሉ'ሞ እቲ ጉዳይ ፍታሕ እንተይረኸበ ስዓት ይኣኽሎ:: ብደንቢ ኣስተውዒለያ እየ እዚኣ: ኩሉግዘ ዘጋጥም ነገር እዩ እዚ::
እዚታት ከይኣክል ድማ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ ሰሜን እዝ ዝነበረ መሳርሒ ዝነበረ እምነት ብጣዕሚ መሰከፊ እዩ:: ኣብ ኣክሱም ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ኣብ ውሽጢ ክልተ ምዓልቲ እተን ዘለዋ ሚሳይላት ቶኪስና ክነንበርክኾም ኢና በለ:: ብጣዕሚ ዝገርመኩም ኣብዚኣ እቲ ፖፕሊዝም ኣብ ውሽጢ እቲ ፓርቲ'ውን ኣብ ብጣዕሚ መሰከፊ ደረጃ እዩ በፂሑ:: ንኣኻ ሒዝና ኮ ኢና ጠጠው ኢልና ዘለና: ህዝቢ ትግራይ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ደብሪፅ ሒዝና እንዳበለ እዩ ዝውዕል ገለ ዝብሉ ዘረባታት ይስምዑ እዮም ነይሮም:: ካብ ኩሎም ግን ኣይኮነን ከምኡ ዝነበረ ክብል'ውን ይድልይ ኣብዚኣ:: ኣብ ክልተ ምዓልቲ ሚሳይል ቶኪስና እቲ ኩናት ክንውድኦ ኢና ኢሉ ብዙሓት እንተጨብጭቡ ናይ ምግዳል ልምዲ ዝነበሮ ኢሳያስ ታደሰ "ስማዕ እስከ ደብሪፅ! ሚሳይል ማለት'ኮ ነዊሕ ርሕቀት ዝኸይድ መድፍዕ ማለት እዩ:: መድፍዕ ድማ ቶኪስካ ቶኪስካ እቲ ተተኳሲ ምስተወደአካ ቃህመም ኢኻ ዝትብል:: ክንደይ ዝኣክል ተተቶካሲ ድዩ ዘሎ?" ኢሉ ይሓትት:: ኣብዚ ምስቲ ኣዘራርብኡ ተብተብ ምባሉ ሓደ ዘይትግምቶ ነገር እተሃለወ እቲ መድረኽ ናይ ምቁፅፃር ክእለቱ እዩ:: ነቲ ሓፂር ውግእ ዝኣክል ተቶካሲ ከምዘሎን ክተርፍ ከምዝክልን ድማ ይዛረብ:: እቲ በቲ መምህር ናይ ትግራይ ፀጥታ ሓላፊ ዝመፅእ ዘሎ ናይ ሰራዊት ሪፖርት ድማ ዝገርም እዩ ዝነበረ:: 78,000 ምልሻ ሀ, ኣርብዓን ገለን ምልሻ ለ, ነበር መከላኪያ ገለ ተባሂሉ እቲ ቁፅሪ ላዕሊ እዩ በፂሑ:: ኣብቲ ስዓት መንእሰይ ትግራይ ዓልሙና: ኣዕጥቁና እንዳበለ ነናብ ቀበሌኡ እንትኸይድ ክንነግረኩም ኢና ኣብ ዝብሃለሉ ስዓት ትግራይ ኣብ ወረቐት ጥራይ ዝርከብ ናይ ሓሶት ሰራዊት እያ ሒዛ ነይራ:: እቲ ማእኸላይ ኮሚቴ ግን ንመራሒኡ ሙሉእ ብሙሉእ ኣሚኑ ነታ ኮፍ ኢልዋ ዘሎ ወንበር: ነቲ ይውክሎ እየ ዝብሎ ህዝብን እዩ ክሒድዎ ብስንፍንኡ:: ኣትሪሩሩ ዝጥይቕ ኣመራርሓ ብዘይምንባሩ ከቢድ ፀገም ተፈጢሩ:: እቲ ፖፕሊዝም እዩ ኣስኪርዎ ንነገሩ:: በዝሒ ሰራዊት ንምግናን ዝተቀሙሉ  ፕሮፓጋንዳ ግን መሰከፊ እዩ ዝነበረ:: ኣብ መቐለ ምርኢት ፍሉይ ሓይሊ ተገይሩ ሰብና ተራሰነ:: ኣብ ሽረ'ውን ካልእ ሰላማዊ ሰልፊ እንትግበር ዝበለፀ ዓርሰ እምነት ኣሕደረ:: ብዙሕ ሰብ ዘይፈልጦ ግን እቶም ኣብ መቐለ ዘሰለፍዎም ፍሉይ ሓይሊ ኣቿኺሎም ብባስ ናብ ሽረ ወሲዶም እዮም ዘሰለፍዎም:: ክንደይ ሽፈጥ ድዮም ዝሰርሑ ዝመስለኩም:: ህዝቢ ትግራይ ከም ቆልዓ መፃወቲ'ኮ እዮም ዝገብርዎ:: ኣብዚ ናይቲ ባዕሎም ዝፈጠርዎ ዲጅታል ወያነ ዝብሃል ኣካል ዝነበረ ግደ መሰከፊ እዩ:: ነቲ ካብ ማእኸል ዓዲ ዝመፅእ ዝነበረ ፀቅጢ ንምፅዋር ተባሂሉ ብቤት ፅሕፈት ህወሓት ዝተጣየሸ ዲፐርትመንት ዝተወሰኑ መናእሰይ ብቅርሺ ቆፂሩ ኣጀንዳታት ምንዛሕ ጀሚሩ:: እቲ ክያዶ ድማ ብተመሳሳሊ ስዓት ነንባዕሎም ታግ ብምግባር ግሩፓት ብምኽፋት: ፍሉጣት ንክኾኑ ምእንታይ ምስ መራሕቲ ፎቶታት ተላዒሎም ንክወፅኡ ተሰሪሖ:: ቅቡልነት ንክረኽቡ ድማ ኣብ ሕድሕድ ህዝባዊ መደረ "ዝኸበርኩም ኣባላት ዲጅታል ወያነ" ገለ እንዳተብሃለ ኩሉ ሰብ ብዛዕብኦም ንክዛረብን ኩሉ ሰብ ኣባል ዲጅታል ወያነ ንክኸውን ድልየት ንክህልዎን ተባሂሉ ፕሮሞት ተገበረ:: ብኣግባቡ ድማ ሰሪሖ ከምዝተሓሰቦ::እቲ ካብ ትግራይ ዝወፅእ ዝነበረ ፕሮፓጋንዳ ብሓያሉ ቀፀለ:: እቶም ዲጅታል ወየንቲ ስርሖም መራሕቲ ሙግላህ: እቲ ካብ ማእኸል ዓዲ ዝመፅእ ግብርመልሲ ንምሃብ እዩ ነይሩ:: እቲ

ፕሮግራም ኣብ ሓፂር ግዘ ብጣዕሚ ምስተሳኸዐሉ ቤት ፅሕፈት ፕሬዚዳንት ነቲ ናይ ፖፕሊስት ሽትኡ ንምስኻዕ ናይ ባዕሉ ወየንቲ ቆፀረ:: ኩሉ ሰብ'ውን ተኸተለ:: ሱር ኮንስትራክሽን ኣትሪፍዎ ብዝንበረ ትርፊ ኣስፋልት እንትሰርሕ ምስቲ ግዘ ተገጣጢሙ ደብሪፅ ከዘስርሖ መሪቅዎ ኣቦ ልምዓት ተብሃለ:: ሰሚዕናዮም ዘይንፈልጥ ዓይነት ቅርሺታት ኢንቨስት ክግበር እዩ እንዳተብሃለ ክዝረብ ተጀመረ:: ኳታር 2.6 ቢልየን ክትህበና: ቱርኪ ኣብ ዓድጉዶም ሚእትን ገለን ፋብሪካታት ብ3.2 ቢልየን ክትሰርሕ: ሓደ ናይ ኣውስትራልያ ትካል ምስ ትእምት ኮይኑ ናይ 4.1 ቢልየን ናይ ኢነርጂ ፕሮጀክት ክሃንፅ ዝብሉ ዜናታት ብሓንሳእ እቲ ሰብ ብፍቕሪ ጠብ በለ:: እቲ ጉዳይ ግን ከምኡ ኣይነበረን ብሓቂ:: እታ ናይ ኳታር ብዜና ከምዘይተዘረበት ሽተት ኢላ እያ ዝጠፍኣት:: እቲ ናይ ዓዲጉዶም ሰረት ዋላ እንተወደቐ ካብ ናይ ሚድያ ጋዕጋዕ ብዝዝለለ ናብ መሬት ጠብ ኣይበለን:: እቶም ዲጅታል ወየንቲ ግን እቲ ምብሽሻቕ ናብ ዘይከውን ደረጃ ኣብፅሕዎ:: ኣደብ ግበሩ ክንዲ ዝብል እቲ መሪሕነት ድማ እቲ ህዝቢ ንዕኦም ንክኸተል ኣንፈት ዝሃቡ እዮም ዝመስሉ:: ነቲ ሰብ ኣራሲኖሞ: ምንም ምድላው ኣብ ዘይብላ ዓዲ ጀግና ሰራዊት ከምዘለና ኣምሲሎም ነቲ ህዝቢ ኣሚኖሞ:: እቲ መራሕቲ ናይ ምጉላህ ግደ'ውን ፅቡቕ ስለዝሰርሐ ኣብ ቤት ፅሕፈት ፕሬዚዳንት ሓደሓደ ቢሮ ሓለፍቲ ናይ ባዕሎም ዲጅታል ወየንቲ ምቁፃር ጀሚሮም:: ሕምምቲ ኣብ ዘላ ትግራይ ናይ ጥዑይ ምስሊ ተውሃባ: እቲ ብሽሽቕ በርቲዑ ሆባ ንተብሃለ ናብ ኩናት ተኣተወ::እሱ ከይኣክል ድማ ኣብቲ ደም እንትልገስ ኣብ ትግራይ'ውን ብፅባሒትኡ ይልገስ:: ኣብ ሱማሌ ክልል ነዳዲ ምውፃእ ተጀሚሩ እንትብሃል ኣብ ዕዳጋ ዓርቢ ብዓይነቱ ፍልይ ዝበለ ነዳዲ ይርከብ:: ክልተ ፖፕሊስታት ግጥም ጀመሩ::

‼️ ክቅፅል እዩ ‼️

## ክፋል 3 (ሴፕቴምበር 17 2023 ኣኣ ዝተለጠፈ)

ትግራይ ናይ ኩሉ ሰብ ሓገዝ ኣብ ዝትደልየሉ ስዓት በሪ ዓፅዮም ኮፍ በሉ። ክንደይ ልመና: ሽምግልና'ባ ሓለፈ። እንታይ እዩ ዝሕሰብ ዘሎ እስካብ ዝብሃል። ርኡይ ዝኾኑ ዘይምድላዋት ሎጂስቲክስ: እተን ትግራይ ዝነበርኣ ኣምባሳደራት'ኳ ናብ ክሰርሓላ ዝኽእላሉ ቦታ ኣየሳገርዎምን ቅድም ኢሎም። ኣብዚ ኣቦይ ስለዝኾነ እንተይኮነስ ብትኽክል ናብ ሱዳን ከሕልፍዎ ዝነበረ ሰብ እዩ ኣብኡ ንነዊሕ እዋን ኣምባሳደር ስለዝነበረ። ስዒም መስፍን እቲ ዝዓበየ ናይ ዲፕሎማሲ መሳርያኻ እዩ ክኸውን ዝግብኦ ዝነበረ ውግእ ትሓስብ እንተሃሊኻ። እዚታት ግን ኣይተገበረን። ድሕሪ መስዋእቲ ብዓ ል ስዩምን ድሕሪ ምትሓዝ ኣቦይን ንጌታቸው ኣሰፋን ንኣለምን ሓቲተዮም ነይረ። "ንምንታይ ናብ ሱዳን ኣቀዲምኩም ዘይመስገርምዎም? ኣብቲ ቃልሲ'ኮ ዓብዪ ሓገዝ እዮም ክኾኑ ነይሮም ምስ እዚ ኩሉ ናይ ስራሕ ልምዶም" ኢለ ሓተትኩ። እቲ ዝተውሃብክዎ መልሲ ናይ እማን ዘይመስል እዩ ነይሩ። ስለዘይተዳለና ክንዲ ምባል "ምጠየቕናዮምስ ምስ ህዝብና ክንስዋእ እዮም ክብሉና ነይሮም። እሺ ኣይምበሉናን።" "ከምኡ ክብሉ ከም ዝኽእሉ ይግምት እየ። ግን ናይ ውድብ መራሕቲ ሙኻንኩም ረሲዕኩሞ ዲኹም? መደብ ኢልኩም ምሃብኩሞም እምቢ ዝብልኹም ይመስለኩም'ዶ?" ኢለ ግን እቲ ወግዒ ክቅፀል ኣይተደለየን።

ኣብዚ ሓደ ማንም ዘይተፀበዮ ነገር ኣጋጢሙ። ኣብይ ንደብረፅዮን ደጊፉ ሓግዝዎ ገለዝብል ተዛሪቡ። እስካብ ሎምዓንቲ ብውልቀይ ዝሓስቦ ነገር ኣሎ እዩ ኣብዚ። ምስቲ ንማንም ንዘይምቅራብ ዝነበረ ቃልሲ: ምስ ኣብ የካቲት 11/2013 ዓ.ም ብሽም ህወሓት ምስ ማንም ከይተማኸረ ሊያ ዘንበበቶ ሓውሲ ንተዓረቕ ሓውሲ ይቅርታ ዝመስል ብዙሕ ተጋዳላይ ዘቆጥዐ መግለፂ ኣብ መወዳእታ ድማ ድሕሪ ፕሪቶርያ ንናይ ፕሬዚዳንት ቦታነት ንዕኡ ኣይደልዮን ክሒዱኒ እዩ ምባሉ ንዓይ ዓብዪ ትርጉም እዩ ዘለዎ። እቲ እምቢ ምስተብሃልካ ከይድካ ምልማን'ውን ኣካል እቲ ዝፀንሐ ጥርጣረይ እዩ ዝኸዉን። ንኹሎም ፀራሪት ንምርካብ ኣብ ዝኾነ ስዓት ትስማዕሚያም ዝነበሩ ይመስለኒ። እቲ ፀቕጢ ካብ ኩሉ ኣንፈት ምስመፅእ ግን ሓሳብ ንምቅያር ዝተገደደ እዩ ዝመስለኒ። ብናይ እማን ኩሉሻብ ዝሓስቦ ጉዳይ እዩ እዚ። ኣብ ክንፈ ሽዊዶምና እዮም ዝተብሃለ ድራማ ኣይረሳዕ። That was planned. ቂሙ እዩ ዝተዋፅኣሉነታ ዝፀንሐት ቅርሕንቶም።

ሰሜን እዝ እንትጥቃዕ በዘይካ ኣብ ሓደ ቦታ ታንክ እንዳኮብኮበ ናብ ኤርትራ ዝኣተወ ጀነራል ብጣዕሚ ፅፉፍ ኦፐሬሽን እዩ ትኻይዱ። እቶም ወታደራት ናብ እሱር ምስተወሰዱ እቲ መሳርያታት ዝነበረ ብጣዕሚ መሰከፊ እዩ። 200 ሚልየን ናይ ክላሽ ጥይት ዝትብል ቁፅሪ የስታውስ እየ። ልዕሊ ዓቕን ዝተዓጠቐ ሰራዊት እዩ ዘለና። እቲ ሰራዊት ግን ካበይ ይምፃእ። ኦራል ምዝዋር ዝኽእል እንዳተብሃለ ብድምፂ ወያነ ምግዋሕ ጀመረ። ታንክታት ምዝዋር ዘይተምሃሩ ሰባትና ነተን ታንክታት ከመይ ከንቀሳቅስወን። ሱቕ ኢልካ ሃለውለው እዩ ዝነበረ እቲ ናይ ሃኒሙን ግዘ ሕጂ ኮይኑ ክሓስቦ እንትለኹ። ወዮ "ኣብ ክልተ ምዓልቲ ሚሳይልና ቶኪስና ነዚ ጦርነት ክነሕፅር ኢና: ኣብ ልዕሊኦም ክነዝበሎም ኢና።ኣብ ዘለውዋ!" ዝተብሃለ ጉዳይ ሚሳይል ቶካሲ ዝብሃል ሰብ የብላን። ኣብይ እዚ ጦርነት ከምዝመፅእ ፈሊጡ ስለዝነበረ ኣቀዲሙ ተጋሩ ዝኾኑ ናይ ኸበድቲ መሳርያ ቶከስቲ: ታንክ ሹፈራትን ካልኦት ኣገደስቲ ዝብሃሉ ሰባትን ብሽም ሰላም ኣስከባሪ ካብ ትግራይ ንክወፅኡ እዩ ሰሪሑ ፀኒሑ። እዚ ኩሉ ጉራ ነተን ሚሳይላት ተኣማሚንካ ዋላ እንተነበረ ንዕኣን ክትኩስ ዝኽእል'ኳ ኣሰልጢንካ ናይ ምፅናሕ ሓሳብ ዋላ ሓንሳእ ኣይመፀኣሎምን። ካልእ ኩሉ ኣብ ትሕቲ ወታደራዊ ኮማንድ ዋላ እንተኾንእ እተን ሚሳይል ግን ንዓይ እየን ዝምልከታ ኢሎም'ውን ባዕሎም ሓላፍነት ወሲዶም እዮም። ኣብዚኣ ግን ንሓደ ሰብ ንዝኽፈልዎ መስዋእቲ ካብ ልበይ ክገልፅ ይደሊ። General Seare Mekonnen. ልክዕ ከምቶም ሰላም ኣስከባሪ ካብተን ሚሳይል ኣግሊሉ እቲ ቁልፊ ምስ ባዕሉ ከቅምጦ ዝደለየ ሰብኣይ ኣረክቡኒ ኢልዎም ዋላ እንተረከብዎ ኣቀዲሞም እዚ ክምዝመፅእ ግዲ ኣሚቶም ነይሮም ነቲ ቁልፊ ኣብ ደገ ኮፒ ግይሮም ምስ ሰብ ሓቢኦሞ እዮም ነይሮም። ምስተሰውኡ'ውን እቲ ቁልፊ ካብቲ ልእኽቶ ዝተውሃቦ ሰብ ትግራይ ተቐቢላ እያ። ኣብታ መወዳእታ ስዓት እንተይተረፈ ንትግራይ ዓብዪ ውህብቶ ሂቦም እዮም ተሰዊኦም።

እቲ ዝነበረ ስምዒት ሽዑ ኩሉ ዝተወድአ እዩ ዝመስለካ። ኣብ ውሽጢ 45 ደቂቃ ልሕስ ኣቢልናዮም: መን ዲና እንዳተብሃለ ተወሰኽቲ ጃህራታት ኣብ ኩሉ እቲ ማሕበረሰብ ይርኣይ ነይሩ። ኣብዚ ዘሕዝነካ ቀለልቲ ዝመስሉ ግን ድማ ሓደገኛ ሓሶታት ኣብቲ ሰብ ይናፈስ እዩ ነይሩ። ኣብ ሽረ ሚጋት እንተይወሰድወን ዝተረፋ ኣለዋ: ቁፅሪ ሰራዊት ድማ ካብ ሓደ ናብ ሓደ እንትኸይድ እንዳተወሰኸሉ እዩ ከይዱ እቲ ቁፅሪ። ኣብ ልዕሊ እቲ ቁፅሪ ምንኣሱ እቲ ወታደራዊ ኣመራርሓ ንነዊሕ እዋን ኣይነፀግዕን ተባሂሉ ዳርጋ ኣብቲ እዋን ኩናት ዝተረከበን ቦጦሎኒታት እዩ ሒዙ። በዘይካ ብእኒ ወዲ እምበይተይ ዝተዓለሙ ፍሉይ ሓይሊ ናብቲ ኩነታት ዝኣተወ ፍሉይ ሓይሊ ናይ ኣድማ በታኝ ስልጠና ዝወሰደ ፖሊስ እዩ። ጭርሖ ዝምንጥልን ብበትሪ ሰባት ዝደፍእን ፖሊስ ተታሒዙ እዩ እዚ ኩነታት ዝተጀመረ።እሱ ጥራይ ግን ኣይነበረን እቲ ፀገም። ነተን ታንክታት ዝገንሐን እኹል ሰብ ኣይነበረን። እቲ ናይ ሎጂስቲክስ ስራሕ ሕንፍሽፍሽ ዝበለ እዩ ነይሩ። እቲ ንውቁዓት ከሕብሕብ ተባሂሉ ዝተመደበ ኣካል ጥዕና ቢሮ እዩ ነይሩ። ሓደ ብጣዕሚ ኣብዚ ኩነታት ዝተረደኒ ብዛዕባ ሕክምና: እቶም ኣብ ምቹው ኩነታት እንዳሰርሑ ዝፀንሑ ነቲ ኩነታት እስካብ ዝለምድዎ ብጣዕሚ እዮም ዝፅገሙ። ናይ ውግእ ሓኻይም ግን ብተለምዶ ስለዝመፅእ እዩ ግዲ ኣብቲ ኩነታት ፍጥን ፍጥን ይብሉ: ንኩሉ ግን ዝምልከት ከምዘይኮነ ይግምት እየ። እቲ ህዝቢ'ውን ኣብዛ ስዓት እዚኣ ኩሉ ዓይነት ደገፍ እዩ ዝገብር ዝነበረ። ሓንቲ ኣብዚኣ ስዓት ዝትገርመኒ ግን ክንድምንታይ ንባዕልና ኣግዚፍና ንርእይ ምንባርና እዩ። ሰሜን እዝ ዝኣክል ተወቂዑ ፀላኢ ክመፅእ እዩ ኢልካ ሓሲብካ መናእሰይ ኣይምልመልን ድዩ ኣብዚ ስዓት እዚ? ብጣዕሚ ዝገርም ሃኒሙን እዩ'ኮ ዝነበረ።

እቲ ዝዓበየ ጌጋ ግን ኣብቲ ተረኽ(narrative) እዩ ዝነበረ። ኣብዛ ስዓት እዚኣ መሪሕነት ዝተጋገያ እታ ዝዓበየት ዋጋ ዘኽፈለትና ነጥቢ እያ። መንግስቲ ትግራይ ኣቀዲሙ እንታይ ከምዝብሃል ንዓለም ክሓስብ: ክዳልው ነይርዎ። መንግስቲ ትግራይ እቲ

መጥቃዕቲ ይመፅእ ከምዝነበረን ኣቀዲሙ ነቲ መጥቃዕቲ ከም ዘፍሸሎን ዘርእዩ መረዳእታት ክሕዝ ነይርዎ።ዋላ ናይ ሓሶት እንተኾነ ፋብሪኬት ክገብር ነይርዎ። ናይ ኣፍሪካ ሕብረት ኣብ ዝርከበሉ ዓዲ እንዳነበርካስ ከምዚ ዓይነት መጥቃዕቲ እንትተካይድ እንትሓስብ ዓለም ክትሓትተኒ ስለዝትኽእል እኹል መረዳእታ ሒዞ ክፀንሕ'ኮ ይብሃል እዩ። ከምኡ ብዘይምግባሮም እቶም ናትና ኣብይ ነታ ተረኽ ተጠቂሙላ። ዓለም ብዓለማ ሓዚናትሉ። ብዙሕ መሳርያታት ነቶም ኣሸበርቲ ምእንተ ክጥፍእ ሓጊዛቶ። ድሮን ዝትብሃል ሓዳሽ መሳርያ ናብ ትግራይ ቅልቅል በለት። ሰሜን እዝን ወጉት ኢሉ ብኢትዮጵይኣ ንብዓት ብንብዓት ገበራ። ኩላ ንዓና ንሙኽስታር ተልዓለት።

🛑 ክቅፅል እዩ

## ክፋል 4 (ሴፕቴምበር 18 2023 ኣኣ ዝተለጠፈ)

እቲ ጦርነት ብራያ ገፅ ተጀመረ። እቲ ውግእ ፅዑቕ ከምዝነበረን ብርክት ዝበሉ ሰራዊት ከምዝወድኡን ኣብ መቐለ እንትስማዕ በቃ ታሕቃስ እዩ ዝነበረ። ብዙሕ ሰብ ኣብ ውሽጢ ምዓልቲታት ኩሉ እቲ ጦርነት ዝውዳእ እዩ ዝመስሎ። ኣብዛ ግዘ እዚኣ ሓደ ዓብዪ ጌጋ ተሰርሐ። ድሕሪ ሰሜን እዝ ዳርጋ ናይ 7-8 ምዓልቲ ግዘ ነይረን ዘድልዩ ሰባት ብሑመራ ተገይሩ ናብ ሱዳን ንክሰግሩ። ዋላ ሓደ ወኪል መንግስቲ ትግራይ ንክሰግር ግን ኣይተሓሰበሉን።እዚ ድማ ዓብዪ ዋጋ ካብዘኽፈሉና ስሕተታት ሓደ እዩ።ብመሰረቱ ኣብ ዲፕሎማሲ ጥር ትብል ስራሕ ኣይተሰርሐን ናብዚ ኩናት እዚ እንትንኣትው ምባል ይከኣል እዩ። ከም ትግራይ ምስ መን እንተተፀጋዕና ክንርባሕ ንኽእል: መን ክሕግዘና ይኽእል ዝብሉ ሓሳባት ብዝግብኦም መጠን ኣይተተንተኑን። ሕጂ ኮይነ እንትሓስቦ ናብ ግብፂ ከኸየድ ምተኽኣለ ኢለ ይሓስብ። እቲ ናይ ኣባይ ውጥረት ተጠቂምና ንኢትዮጵያ ክነዳኽመሎም ኢሎም ምሓገዙና። ግን ድማ ኣብቲ ሰዓት እሱ ፅገምና ናይ ተተቶካስት ኣይንበረን:ናይ ዝቱክስ እምበር።
ብሑመራ: ብዛላምበሳ ውግእ ተጀመረ። እቶም ምስ ወዲ ኣሸብር ዘለው ፍሉይ ሓይሊ ብሓቂ ጀጋኑ እዮም። በታ ውሕድቲ ቁፅሮም ድፋያም ቀጥ ኣቢሎም ሒዞም ንምዓልቲታት እዮም ተዋጊኦም በዘይ ዕረፍቲ።
እቶም ፍሉይ ሓይሊ ግን ጀጋኑ እዮም ብሓቂ። በዛ ውሕድቲ ቁፅሮም ነቲ ግዙፍ ቁፅሪ ዘለዎ ፀላኢ ቀጥ እዮም ኣቢሎሞ እስካብ ዝርብርብ። ብዙሕ ምዓልቲታት እዮም በዘይ ዕረፍቲ ተዋጊኦም። እቲ ጎነበረ ቁፅሪ ግን ዝመጣጠን ኣይነበረን። ዘርኢይዎ ጀግንነት መርኣያ እቲ ቀፂሉ ናብ ገድሊ ዝሰዓበ ተጋዳላይ እዩ ኮይኑ። ዩኒፎርም ፍሉይ ሓይሊ ምግባር ከም ዓብዪ ኽብሪ ገይሮም ዝቆፅሩ ተጋደልቲ ይፈልጥ እየ። ጀጋኑ እዮም ብሓቂ።
ምስ ፍሉይ ሓይሊ ብዝተሓሓዘ ብዙሕ ዝተጋገየ ሓበሬታ ከምዘሎ ይፈልጥ እየ። ገዲፎም ከይዶም ቦትኦም: ንፀላኢ ኣረኪቦም ዝብሉ ዘረባታት ብሰፊሑ ይዝረቡ እዮም። ከምኡ ኣይኮነን: ናይ ኣመራርሓ ፀገም እዩ ኣብዚ'ውን ኣጋጢሙ። ትዝክሩ'ዶ ኣብቲ መጀመርያዓዲ ሙሉእ ድንኩል ድንክል ክትብል እንተላ? Well, ድንኩል ናብ ፍሉይ ሓይሊ ቅድም ኢሉ እዩ ተፀምቢሩ ነይሩ። ምስ ሰራዊቱ ተፋሊጡ: ስልጠናታ ወሲድን ብደንቢ ተላሚዱን ዩ ፀኒሑ ነይሩ። ተሳንዮም ስለዝፀንሑ ድማ ውፅኢታዊ ስራሓት ብሓባር ሰሪሖም እዮም ኩሉ እቲ ህዝቢ ናይ ድንኩል ዲኹም እንዳበለ እስካብ ዝሓትት ተጋዳላይ ብዝርኣየ ቁፅሪ። እቶም ካልኦት ኣዘዝቲ ግን ብዓል ደብረፅዮን ብፅባሕ ፅባሕ ነቶም ኣዘዝቲ ምስ ሰራዊቶም ደብዳቢ ሒፎም ክንዲ ዘራኽብዎምን ብሓባር ስልጠናታት ክወስዱ ክንዲ ዝገብርዎምን ዶንግዮም እእትዮሞም። እዚ ድማ ኣብቲ ጦር ሜዳ ፀገም ኣልዒሉ። እቶም ኣባላት ብድንቢ ስለዘይተሃነፁ'ውን ናይ ዲሲፕሊን ፀገም ዝነበሮም ነይሮም ዮም። ከምኡ እንዳሃለወ'ውን ቀጥ ኣቢሎም እዮም ሒዞሞም እስካብ ኣዝዮም ዝዳኸሙ።
ልእኽቶና ሒዝና ናብ እንዳባጉና ንክንከይድ ሽረ እንትበፅሕ ንብዓተይ ክቋፅር ኣይከኣልኩን። ህዝቢ ሑመራ ኣብ ሽረ እዩ ዘሎ። ብጣዕሚ እዩ ዘሕዝን ዝነበረ። ሽረ ምስበፃሕኹ እየ ዝተረደኒ ዝኾነ ዝተበላሸየ ነገር ከምዘሎ። ዘሕዝንካ ድማ ህዝቢ መቐለ እዚ ናይ ሑመራ ወረ ዝሰምዐ ኣይመስለንን። ናይ ቃልሲ ደርፊ እንዳሰምዐት ኣብ ሹሽ እያ ዘላ ህዝበይ።
ወረታተ ምንፋስ ጀሚሮም ኣብዛ ግዘ እዚኣ። ኣመሓዳሪ ሑመራ በልፂጉስ ነቲ ዓዲ ኣረኪብዋ ብኽብሪ ንቶም ፀላእቲ ዝብል ዘረባ ሰማዕና መጀመሪያ። ብጣዕሚ ሓዚንና ገለሊእና ድማ ከመይ ከምዚ ይገብር እንዳበልና እንዳሃለና ካልእ ሰብ በልፂጉ ተባሂሉ። ለካ ኣብ ኩላ ትግራይ እከለ በልፂጉ እንዳተብሃለ ስብ ይባላዕ እዩ ዘሎ። እቲ ሰብ ሓያል ፅልኢት ንክሕድር ሰሪሕናሉ ኢና ነይርና። ድሓር ከምዝሰማዕኽዎ ንጋዜጠኛ ሰብለ ወረስ'ውን ኣብ ተምቤን ንኢሳት ሪፖርት እንዳገበረት ረኺብናያ ኢሎም ከምዝሓዝዋ እዩ። እቲ ናይ ፅልኢት መጠን ብሓይሊ ፕሮፓጋንዳ ናብ ሓዊ ኢና ሰቂልናዮ ለካ። ምድረ ኣክቲቪስት ኣብዛ ስራሕ እዚኣ ሓላፍነት ክወስዱ ኣለዎም። ብዓይኑ ናይ ብልፅግና ኣባል ርእዩ ዘይፈልጥ ሰብ ካብኡ ዝተፈለየ ሓድሽ ሰብ ኣብዛ ውዕውዕ ምዓልቲ ዝርኣየ ቀጥታ ናብ ምውቃዕ እዩ ዝኸይድ ነይሩ። ምዓት ሰብ እዩ ሞይቱ። ፍለጥዎ: ንትኣምኑሉ ድሓረ ይቅርታ ምእንተ ክትሓትቱ።
እቲ ናይ ደብሪፅ'ማ ኣበይ'ሎ ኮይና እታ ሕቶ ዓዲ ሙሉእ። ነታ ሚሳይል እዮም ዝጥይቑ ዝነበሩ። ሑመራ ክትሓዝ ንኣይ ክሓስብ ኣብ ጋርደኑ ኮይኑ ንቤተመንግስት ዘቃፅላ ዝምስሎ ሓፋሽ ሰፍ ኢሉ ምፅባይ ጀመረ። እቶም ሚሳይል ቶክስቲ ካብ ትግራይ ከኸዱ እንተለው ሓደ ነገር ገዲፎምልና ከይዶም ከይኮኑ ኢልና ኣብቲ ዝነበርናዩ ቦታ ብግልፂ ግን ብሕቡእ ረኺብናዮ። ድሓረ እንትሰምዕ ማንዋል ዝብሃል ኮነ ዝኾነ ወረቀት ንኪይገድፉ ጥቡቕ ሓለዋ ተመዲቡለን እየን ዝንቀሳቀሳ ነይረን። ኣብይ ኩሉ እዩ ሓሲቡሉ ግን: ዝገርም እዩ። እታ ቆልዓ ግን ከም ገለ ኢላ ዓብዪ ሪስክ ንህይወታ ወሲዳ ነታ ኖት ቀስ ኣቢላ ኣንጠበታ። ሽማ ስካብ ሕጂ ኣይተቀበልኩዋን ግን ንትግራይ ዓብዪ ውዕለታ ኢኺ ውዒልኪ: ሓደ ምዓልቲ ትግራይ ንዓኺ ዝትክሕሰኪ ግዘ ከመፅእ እዩ።
እቲ ናይ ሚሳይል ኖት ተረኺቡ ግን ሙሉእ ኖት ኣይነበረን። ክንደይ ምዓልቲ ተዓጂቡ ይወፅእ: ድሮን ዓዘዝ እንዳበለት ብላዕሊ። ናይ ኩሉ ኣብቲ ቦታ ዝነበረ ናይ ድሮን ተሞክሮ ስለዝነበረ ጭሓማት ሰብኡት ናይ ጎቦ ጤል ድምፂ እንዳውፅኡ ነበሩ። 5 ምዓልቲ ወሰደ ነታ ናይ መጀመርያ ናይ ሚሳይል ጥይት ንክትኩሱ። ሰባት ክሕጎሱ ርእየ ፍቆድኡ "ደብሪፅ, ደብሪፅ" እንዳበሉ እቲ ናይ ሚሳይል ሓዊ ብላዕሊ ክሓልፍ ምስርኣዩ። ኩሉ ንግዚኡ ተሓጊሱ ግን ድማ ኤርፖርት ከምዝወቅዐ ምስፈለጠ ንእሽተይ ስኽን ኢሉ ምሕሳብ ጀሚሩ። ይመስለኒ በቲ ናይ ደብረፅዮን ጃህራ ብዝሓት መጠን እቲ መሳርያ ሙሉእ ከተማ ክሓርሰሉ ዝተፅበየ ምዓት እዩ። ብዙሕ ግዜ ተቶኪሱ;ግን ምንም ለውጢ የለን።
ሓደ ምዓልቲ ግን ድሮን ብናይማና መፂኣ። ዓይነይ እንዳርኣየ ንእሽተይ ካባና ቅድም ዝበለት ምድፍዕ ዝትጎትት ኦራል ሂግ ኣበለታ። ምስኪን ቆልዑ ምንም ዕድል'ውን ኣይሃበቶምን ኣብኣ ተሰዊኦም። ንዓና'ውን ከይትረኽበና ካብ መኪና ወሪድካ ጉያ።

ክንደይ ሰብ እታ ምዓልቲ'ሳ ከምዝተተዉአ ኣይፈልጥን። ክንደይ ባሩድ ምንም ዘይመሰሎ ተጋዳላይ እታ ሓዳሽ ዘይፈልጣ መሳርያ ንእሽተይ ኣርዒዳቶ። ብጣዕሚ ዝገርመኒ ሓደ ሓደ ሰባት ይፈልጡ እዮም ንክብሃሉ ብግምት ዘይኮነ ነገር ይዝረቡ'ሞ ዓብዩ ስለዝኾነ ወይ ብኻልእ ምኽንያት ይእምኑ። ሓደ ተጋዳላይ ምሳና ዝነበረ ድምጺ ተተኳሲ ብዝሰምዐ ቁፅሪ 107 እያ፡ ዙ ገለ ይብለካ። መብዛሕቲኡ ግዘ ግን ጌጋ እዩ። እቲ ኮንፊደንሱ ክዛረብ እንተሎ እንድሕር ዘይትፈልጦ ኮይንካ ነቲ ቆልዓ ክትኣምኖ ትኽእል ኢኻ። ናብ ድሮን እንትንምለስ ሓደ ምዓልቲ እቲ ፈላጥ ሰብኣይ ንመን ከምዘዛረበ ሓደ መምርሒ ንኩሉ ሰራዊት ትግራይ ዝብል ደብዳበ ሒዙ ይመፅእ። "እታ ድሮን ፅርጊያ ተኸቲላ ስለዝትመፅእ ዘላ ፅርግያ መንገዲ ቀንሱ።" ዝብል ደብዳቤ ሒዙ መፂኡ። ብጣዕሚ ሓፊረ ኣነ በዚ ደብዳቤ ምክንያቱ ንእሽትን ድሮን ኣላትኒሞ ቪድዮኣ ግልፂ እዩ ናይ ሚሊተሪ ድሮን ድማ ብጣዕሚ ክሊር እዩ ክኸውን ይብል።ፅርግያ ገለ ኣይትብልን እንተበልክዎም "መምርሒ እዩ" ኢሎም ብሕሩስ ምኻድ ጀሚሮም። ፅንሕ ኢሎም ድማ ናይ ኤንጅን ሙቐት ቀይሕ ገይሩ እዩ ዘርእያ ኢሎም ድሮን ብዝመፅኣት ቁፅሪ መኪንኡ ጠጠው ኣቢሉ ሽርጡ ብማይ ነኺሩ ኤንጅን የዝሕል። ኣዘዝቲ ሰራዊት ትግራይ ጀጋኑ ትዋጋእቲ ዋላ እንተኾኑ ምስ ቴክኖሎጂ ዘለዎም ርክብ ግን ሕለፍያ እዩ ዝነበረ ኣብቲ ግዘ።

እታ ድሮን መፂኣ ጥዋዕዋዕ ኣበለትና። ክልተ እየን ዝነበራ። ሓንቲ ንራያ ሓንቲ ንምዕራብ። ልዕሊ ዓሰርተ ገለምዓልቲ ተዋጊኡ ምንም ዘይጎደለ ኣብ ሓንቲ ምዓልቲ እንዳዘረት ነተን ከብድቲ መሳርያታትና ኣቃፀለተን። ኣብታ ምዓልቲ'ሳ ዝተሰዉኡ ተጋደልቲ ነብሶም ኣብ ገነት ንክዓርፍ ናይ ዘልኣለም ትምኒተይ እዩ። በዚ ቃልሲ እዚ ስለዘይኣምኑ፡ ብምግዳል ሰባት ሙድ ዝሕዙ ሰባት ከምዘለው ሰሚዕ ነይረ ሎምዓንቲ። ነቲ ብህይወት ዘሎ ተጋዳላይ ሙድ እንትሕዙሉ በቲ ዝተሰውአ'ውን ኢኹም ትቅልዱ ዘለኹም። ናይ መስዋእቱ ትርጉም ዝንፀባረቕ ብናትኩም ፅቡቕ ምስራሕ፡ ምትሕግጋዝን ንዓድኹም ብሓሳብ ኮነ ብህይወትኩም ምግልጋልን እዩ።

ምዕራብ ግምባር ኣይክኣለትን። በዝሒ ፀላኢ ክትቋቐሞ ኣይክኣለትን። ዝክኣላ ገይራ ግን ናብ ድሕሪት ክተንሳሕብ ግዴታ ኮይኑ። ኣብ ሽረ ዘሎ ህዝቢ ናብ ኣክሱም ይኸይድ ዩ ዘሎ። ብጣዕሚ መሕፈሪ እዩ ህዝብና ናብዚ ምስጣሕና። ኣብዚኣ እዩ ደብረፅዮን ናብ ቴሌቭዥንወፅኡ "ዘራይ ኣብ ልዕሊ ዘራይ" ኢሉ ዝበኸየ። እቲ ናይ ከተማ ሰብ ኮርዩ ምስበሉና ኣንሕና, እቶም ኣብታ ስዓት'ሳ ሞራል ዘድልዮም ሰባት እንታይ ከም ንብል ጨነቀና። ሕንፍሽፍሽ ተጀመረት። እቲ ካብ ዳንሻ ጀሚሩ ዝዋጋእ ዝነበረ ንከዕርፍ ዝቕይሮ ሰብ ስለዘይነበሮ 13 ምዓልቲ በዘይ ምቁራፅ እዩ ተዋጊኡ። ጥምየትን ማይ ፅምኢን ተሓዋዊሶም ከቀፅልዎ ኣይክኣሉን። ካብ ዳንሻ ናብ ሽረ ምስመፅአ ሓደ ወረ ተናፊሱ ድሓር ሙሉእ ሰራዊት ንክፈርስ እቲ ዝዓበየ እጃም ተፃዊቱ።

ናብተን ሰበይቲ ከይዶም ደሞዝና ሃባና ምስበልወን ቅርሺ ተታሒዙ ስለዝነበረ ኣውፂአን፡ ኣፈሪመንን ቆፂረንን ሂበንኦም። ሞንጀሪኖ ደሞዝ ናይ ፍሉይ ሓይሊ ባዕለን ምሃብ ጀሚረን ዝብል ወረ ተናፊሱ ኣብ ሓፂር ግዘ ካብ ኩሉ ኣንፈት ፍሉይ ሓይሊ መፅኡ። ደሞዝ ምስተቀበሉ ግሊኦም ናብ መስተ ገልኦም ናብ ዓዶም ከይዶም። እሰን ምስ ከዳ ድማ እቶም ምሳና ዝነበሩ ብርሕቀት ብሓደ ገፅ ፒፒ ብካልእ ወገን ድማ ሽዓብያ እንዳመፅኡ ደሞዝና እንድሕር ዘይሃብኩምና ኣይንዋጋእን ይብሉና ብረቶም ኣብ መሬት ብምሽንዳው። ምንም ብልመና ዝምለሱ'ውን ኣይመስሉን። ከይፎተና ሕድሕዶም 1,000 ብር ሂብና በይንና ተረፍና። ነታ ቆልዓ ኣብፂሐ'ውን ኣነ ናብ ኣሃዱየይ እንትኸይድ ፍርቃ የላን። ናበይ ከይዶም እንትብል ለካ በረኻ ንክውፃእ ተወሲኑ እዩ ተባሂሉ። ናበይ ከምንከይድ'ውን ኣይፈልጥን ሓፋሽ። ናበይ ኢና ክንከይድ ምስበልካዮ ደብሪፅ ናብዘለዋ እዩ ዝብለካ።

🛑 ክቅፅል እዩ

## ክፋል 5 (ሴፕቴምበር 19 2023 ኣኣ ዝተለጠፈ)

ምንም ምድላው ኣብ ዘይነበረሉ ግጥም ኩሉ ከጋጥመካ ትፅበይ ኢኻ:: እኹል ምድላው ገይረ እየ ኢልካ ብዝበሉኻ ኣሚንካ ድሓር ኩሉ ቦሎኽሎኽ ክብል እንተሎ ግን ምእማን: ምቅባል እዩ ዝኣብየካ:: እታ ዝትኽዳ ዘለኻ መንገዲ መወዳእትኣ ፀድፊ ከምዝኾነት እንዳፈለጥካ'ውን ገለ'ዶ ይፍጠር ኢልካ እንዳተስፈኻ  እታ ናይ መወዳእታ ስዳሮ ክትረግፃ ኢኻ:: ከምኡ እዩ ኮይኑ ህዝቢ ትግራይ ኣብዛ ግዘ እዚኣ:: መራሕቱ ዘይነበሮ ናይ ፈኸራ ባህሊ ኣብ ልዕሊኡ ኽዲኖም ሆ ኢሉ ናብ ጥፍኣት ንክዓስል እዮም ሰሪሖም:: ንከይሓትት: ካልእ ንከይሓስብ ብኩሉ መዳይ እዩ ተሰሪሕሉ:: ምዓልታዊ ኣጀንዳ እንዳተውሃቦ እቲ ስራሕ ይስራሕ ኣሎ'ዶ እቲ ምድላው ከ ኣብ ቦትኡ ድዩ እንተይበለ ብረስኒ ናብ ድሃልመት ኣምሪሑ::
እቲ ህዝቢ ገለ ዝተበላሸወ ነገር ከምዘሎ ንእሽተን ፀንሕ ኢሉ እዩ ዝተረድኦ:: ኣብ መጀመርያ ገለ ሓበሬታ እንትመፅእ ዘይጥዕሞ እንተኾይኑ ነቲ ብዓል ሓበሬታ ባንዳ እንዳበለ ፀርፊ እዩ ዘሸክሞ: እስካብ ምብኣስ'ውን ይኸየድ:: ሙሉእ መንደር ዝቀጥቀጦም ሰባት ክምዘለው ሰሚዐ እየ:: እቲ ኣብቲ ህዝቢ ዝተፅዓነ ፕሮፓጋንዳ ኣንሕና ብሓባር vs ምስ ኩሎም ዝዓይነቱ እዩ ዝነበረ:: ኣፍቲ ናትና ካምፕ ንዘየለ ንርሕቖን ንፅርፎን:: ናትና ሓሳብ እዩ ኩሉሻዕ ትኽክል ዝመስለና: ካልእ ሓሳብ ንምስማዕ'ውን ድልየት የብልናን:: ፅቡቕ ከምዘለና እዩ ኩሉ ግዜ ዝንገረናን ዝንጭርሖን:: ድርፍታና ዕላምኦም ንምርሳን እዩ:: ምዓልታዊ ምስ ጎረባብትና ምብሸሻቕ እዩ:: ኣብዚ ዕንክሊል እዚ ንዊሕ ትፅንሕ እሞ ምሕሳብ ትገድፎ:: ንሳቶም እዮም ዝሓስቡልካ:: እቲ ዝተምልኾ መራሒ ዝተዛረቦ ኩሉ ኢኻ ኸትቅበሎ::
ፀላኢ ሽረ  ሒዝዋ ተባሂሉ ብናቶም ዜና እንትስማዕ ኩሉ ሕሶት እዩ በለ:: እቲ ወታደራዊ ኣመራርሓ ድማ ኩሉሻብ ምስተደፍአ ቦታ ንምምችቻው እዩ ዝብለካ:: ሓላፍነት ዝስምዖ መንግስቲ ኣብዛ ስዓት ንህዝቡ ክንድዚ እስካብ ዝርበሽ ክፈቅድ ኣይነበሮን:: ዋላ ዕረ እንዳጥዓመት ህዝብኻ ተዛሪብካ ምርግጋዕ ምሐሽ ሱቕ ኢልካ ኣብ ፀልማት ካብ ትገድፎ:: እሱ ግን ኣይኮነን ኣብዚ ዝገረመኒ እቲ ምእኸላይ ኮሚቴ ንስድርኡን ንኣዕርኽቱን ተናጊሩ ካብ መቀለ ምውፃእ  ዝነበረ ሁከት ብጣዕሚ መሕዘኒ እዩ:: እቲ ህዝቢ መራሕቱ ብሃንደበት እንትጠፍኡ: እቲ ስርዓት ጠቅሊሉ እንትፈርስ: ካልእ ወታደራዊ ሓይሊ መፂኡ ይቆፃፀራ ከምዘሎ ምዝራብ ከመይ ገይራ ትከብድ? ወረቐት'ውን ምብታን'ኮ ይክኣል እዩ:: ንድሕንነት ህዝቢ ኣይሕሰብን ማለት ድዩ? ግን ድማ እቲ ህዝቢ ጥራይ ኣይኮነን ዝተገደፈ:: እታ መልእኽቲ ንማእኸላይ ኮሚቴ ጥራይ እያ ተነጊራ: ኩሉ ኣርኪቡ እዩ ዝበፅሐሎምእ:: እቲ ምውፃእ ብክልተ ኣንፈት እዩ ዝተመረፀ:: ናብ ተምቤንን ናብ ደንጎላት ገፅ ንክኸዱ  ዋላ እንተነበረ እቲ ፕላን እቲ ኣወፃፅኣ ግን ብቱን እዩ ነይሩ: ከምኡ ሙኻኑ ድማ ዓብዪ ፀገም እዩ ፈጢሩ:: መደብ ዝብሃል ነገር ኣይሃቡን: ከምቲ ኩሉ ግዘ ዝገብርዎ ከሉ እቲ ስራሕ በይኖም እዮም ሒዞሞ:: መደብ ስለዘይተውሃበ ኩሉ ሃመም እዩ ኢሉ ዘሎ::ንመን ከምትዛረብ : ናበይ ከምዝኸይድ ኣይፍለጥን:: ብረት ዝሓዘ ሰብ ኣይትርእይን:: እቲ ኣወፃፅኣ ምንም ኣይተመርሐን:: እቲ ፖሊት ነቲ ማእኸላይ ኮሚቴ ከም ድልየቱ ከም ዘሸከርክሮ ቅልዕ ኢላ ዝተርአየትሉ እያ ኢለ ይኣምን:: ፀግዑ ሒዙ ኮፍ ኢሉ እቶም ፖሊት እንዳርኣይዎም ከም ቁፅሪ'ውን ኣይቆፀርዎምን:: እንታይ ንሕግዝ? ናበይ ኢና ዝንኸይድ ዘለና ገለ ኢሉ ዝሓትት ማእኸላይ ኮሚቴ'ውን የለን:: ገለ'ዶ ክብሉና ይኾኑ ኢሉ ተሃንጥዩ እዩ ዝፅበይ:: ምንም ናይ ውግእ መንፈስ የብሉን:: ካብቲ ብዓል ብረት እቲ ብረት ዘይሓዘ እዩ ዝበዝሕ::  ድረቕ ወደብ እዩ ዝመስል እተን ጥቕጥቅ ኢለን ዘለዋ ትራከራት እንትትርአይ:: እንታይ እዩ እዚ ኩሉ ፅዕነት ኢለ ምስሓተትኩ እዞም ሰባት ናይ ብሓቅ ዓቢዶም እዮም ዘለው ኢለ እየ ደምዲመ ንባዕለይ::
 ክልተ ምዓልቲ ሙሉእ ኣብ ዝተፍላለዩ ቦታታት ጉድጋድ እንዳፍሓርና ምንም ድቃስ  ኮነ ግቢ እንተይበላዕና ግዴታ ስልነበረ:: ቀትሪ ኮነ ምሸት ዓበይቲ መኻይን ምንም ዕረፍቲ የብለንን:: መሳርያ እዩ እኽሊ እዩ እንዳብልካ ኢኻ ዝትሓልፎ:: ሲኖ ትራክ ሙሉእ ቅርሺ እዩ:: ሙሉእ እየ ዝብል ዘለኹ 18 ምትር ክዩብ:: 3 ሲኖ እየን ዘለዋ ድማ::
:: ቅርብ ካብ ዝበለ ባታ ድማ ተመሳሳሊ ቦታ ቀበርዎ::
ድሓር መቀለ ምስተመለስና ይሰምዕ ኣለኹ: እንዳለ ኣብቲ ዓዲ ዘሎቅርሺ እዮም ኣምፂኦሞ:: እቲ ወርቂ ብጣዕሚ ብዙሕ እዩ ብጣዕሚ ብዙዙሕ:::: ትራካት ሙልእ መድሓኒት:ልዕሊ 300 ትራክ ምስ ኣቅሑ ሒዞሞ ንበረኻ ወሪዶም:: ከባቢ 3,000 ናይ ቢሮ መኪናታት::ኩሉ ኣብ መቀለ ዝተረኸበ እዮም ሒዞም መፂኦም::
ኣብ ሃገረሰላም ኣብ ዝነበረ ኣኼባ ዶ/ር ኣብርሃም ተኸስተ ነቲ ከነታት ባዕሉ ገምጊሙ ትረዲእዎ ከምዚ ኢሉ ነይሩ " እቲ ኩነታት እንዳፀበበ እዩ ዝኸይድ ዘሎ:: ምዓት ሪሶርስ ሒዝና ኣለና ኣብ ኢድና ኩለን ድማ ክንስእነን ኢና በዚ ኣካይዳ እዚ:: እቲ ቅርሺ ንህዝብና መዝጊብና ንዓድሎ:: እንተተመሊስና ከም ልቃሕ ኢልና ስለዝንህቦ ይምልሰልና:: እንተጠፊእና ድማ ህዝብና እዩ ዋላ ይጠቐም::" ገባሪ ሓዳጊ ድማ ፅናሕ እስኪ ገለ ይብል::
ካብዚኦም ክፍለይ እስከ ንታሕቲ ዎክ ክገብር ኢለ ትሕት ምስበልኩ:: ናይ ብሓቂ መደንገፂ እዩ:: ማሕበር ጉድኣት ኩናት ምእ ኣውቶቡስ ሙሉእ ኣካለ ስንኩላን ኣባላታ ክጋደሉ መፂኦም ኣለው:: ምዓት ነጋዳይ: ኮንትራክተራት ስድራታት ምስ ኣናእሽተይ ቆልዑ::
ካብተን 4 ክፍልታት ኣርሚ ዳርጋ ሙሉእ ብሙሉእ ፈሪሰን እየን:: ጆን ስታፍ ሒዙ እዩ ቀርዩ: ውዱ እምበይተይ ዝሓዞም 10 ኣይሞልኡን:: ወዲ ኣሽብር 200 ኸባቢ ነይርሞ:: ምግበይ ናብ 250 ሰራዊት እንትነብሮ 850 ተዓጃቢ ሒዙ ካባና ርሒቑ እዩ ዘሎ::እቶም ናይ ሰራዊት መራሕቲ ግን ኣብ ቦትኦም ነይሮም መደባት እንዳሃቡ: ሬድዮ ርክብ እንዳገበሩ::ኣነ ሕዚ'ውን ኣብ ስርሕይ እየ ዘለኹ ብጣዕሚ ደኺመን ጠምየን ዝርኣዩኒ ብፆት ካብ ገለ ምግቢ ኣምፂኦምለይ:በሊዐ:: እቲ ኣብኡ ዝሎ ናይ መኪና ብዝሓት ኣዲስ ኣበባ እዩ ዝመስል:: በረኻ ወሪደ ነይረ ኢሉ ንናይ ቀዳምን ሰንበትን ካምፕ ገይሩ ንክምለስ ዝፅበይ ሰብ ምዓት ከምዘሎ እዩ ዝርድኣካ:: ኣነ ናብ ኩለን ግንባራት ኣባፂሐ ስለዝነበርኩ ከምዚ ዓይነት የዋህነት ካባይ ካብ ትወፅእ ልዕሊ

ሰሙን ገይረ ኣለኹ። ክንየልካ እዩ ኢሉ ዲቸ ናብታ ክፍሊ ምስ አእተወኒ ኣብታ ዝፀናሕኩላ 3 ሰሙን እቲ ምክትል ናብ ካልእ ምስተመደበ ዝምደበልና እስካብ ዝመፅእ ናቱ ቦታ ሒዘ ናብ ኩሉ እየ እንዳዞርኩ ዝሰርሕ ዘለኹ። ኣብ መቀለ ዝፈልጦም ሰባት ረኺበ ድሓር ምሓሪ ዮሃንስ ረኺበዮ ንእሽትይ እዕሊልና። ንዕኡዝገበርዎ ብጥዕሚ ኢኻ ዝትሓርቅ። ውግእ እዩ ምስትብሃለ ዓይኑ ከይሓሰየ ናብ ቀበሌኡ ከይዱ ተመዝጊቡ ብፅባሒትኡ ናብ ማሰልጠኛ ኢሎም ብሲኖ ተፃዒኖም ሆ እንዳበሉ ከዱ። ናብ ማሰልጠኛ ዝተፀበዩ ብዓል ምሓሪ ቀጥታ ናብ ውግእ ወሰድዎም። "ኣይትዕልሙናን ዲኹም ምስበሉዎም ኣብቲ ውግእ ኢኹም ዝትዕለሙ እንዳተኮስኩም ይብልዎም። እሺ ብረት'ከ? ካብ ዝሞተ ሰብ ኣልዕሉ። እምቧእ! እንታይ ዓይነት ስድነት እዩ እዚ። ካብ ራያ ናብ ተምቤን መፂኡ ኣብዚ ተጋደልቲ ኣይስእንን ኢሉ። ምዓት ዶንቆሮ እዩ ዘለና ኣብ ትግራይ by the way. ምሓሪ ጎበዝ እዩ። ኣብቲ ምግዳል ክኢልዎ እዩ። መቐለ ኣቲና ንምሓሪ ዝኣመሰለ ብሄራዊ ትግራዋይ ኣብ ምርኮኛ ማእከል እዮም መዲቦሞ። ብዓለገታት: ተኾነ ኣብቲ ሴንትራል ኮማንድ ውክልና ውድባት ኢልኩም ኢኹም ቦታ ክትህቡ ዝግባእ ዝነበረ። እቲ ዘጋጠመካ ንኩሉ ንምዝራብ ኢለ ኣይኮንን ምሓሪ። እቲ ናቶም ብዕልግና ንምርኣይ እምብር። RESPECT!

ሓንቲ ረሲዐያ ዘስሐቐትኒ:- ኣብ ደደቢት 300 ሚልየን እቲ ኣረጊት ቅርሺ ስለዘሎ 30 ሚልየን ክዕድገን ዝደልይ እንተሃልዩ ይምፃእ ተባሂሉ ስዓት ምግዳል ኣኺልወን እምበር። እተን ኣብ ዘለውዋ ገለ እንዳበሉ ዝፍኩሩለን ዝነበሩ ስበኣይ ኩለን ገዲፎምን ንቅድሚት ከይዶም። ለይቲ ሙሉእ ወርዒ ንኸስግረን መንገዲ ብማሽን እንዳፀረግኹ ሰገርናዮ። ኩሎም ምስርኣዩና ምስተን መኪና ተሓጊሶም። ዝሰግራ ኣይመሰለናን ነይሩ ይብል። እምቧእ እሞ ሱኽ ኢልኩም ዲኹም ጠንጢንኩምኒ ትኸዱ ምሰእን ይብል። እታ ሓንቲ መኪና እቲ ጀነራል እዩ ኣቅሚዋ: ኣበይ ምስበልክዎ ጅራ ይብለኒ። 40 ኪሜ ንድሕሪት ክንምለስ ማለት እዩ። ይትረፍኩም ገለ እንትብሉና እቶም ዓበይቲ ንኺድ ንብል ኩላትና ብሓባር።። ፀልማት እይ ዘሎ ብጣዕሚ። ኣብ ዝኾነ ጎቦ ጥይት ዝሓዘት ሲኖ ሱቕ ኢላ ትትኩስን ትፍንድእን እያ ዘላ: ድሮን ወቂዕዋ: ቀትሪ ኣብ ማእኸል ኣስፋልት ዝርኣናያ ሓዳሽ ክሬን እትንሓልፍ ድሮን ክይትወቕዐልካ ኣልዕላ ዝበልናዮ ሽፌር ክየልዐላ ተሪፉ ትነድድ ኣላ።ኣብታ ትምህርትቤት/ክሊኒክ ምዓት ውቁዓት ንርእይ። ብጣዕሚ ኾርዮም እዮ ዝመፅኡና ዘለው። ኣይተረድአን እንታይ ከምኾኑ። ተጠቒምኩም ሽንዲኹምና ትኸዱ ኣለኹም ምስበለ ወድያው ተረዲኡኒ። እቶምሕክምና ኩሉ ከምዝኸደ ምስፈለጡ ነቶም ኣብኡ ዘልው ውቁዓት ገዲፎሞም ከይዶም።ኣረጋጊዕናናብ ሓደጋ ቀጠናነንዳኣተና ከምዝኾንናን ሬድዩ ርክብ ከምዘይብልናን ሓቢርና ተመሊድና ግን ቀጥታ ናብ ዝምልከቶም ክም ንኸይድ ቃል ኣትየሎም ተፈላሊና። 10 ደቒቓ ዝኸውን ምስ ክድና ድማ ምዓት ሰባት ኣብቲ መንገዲ ንርእይ። ተጨቢጥና በቅ እንትንብል ካልእ እዩ። መኮንናት ሰሜን እዝ ኣብ ጉያ ዝብሃል ዓዲ ተኣሲሮም ዋላ እንተነብሩ እቶም ሓለዋ ሽተት እንዳበሉ ሞሊቖም ከይዶም 1 ምልሻ በይኑ ተሪፉ ከምዘሎ ምስተረደድኦ 1,500 ሰባት እንዳመርሐ ልዕሊ 6 ስዓታት ከምዝተጉዓዘን ገዲፍዎም ንክኸይድ ሕሊንኡ ከምዘይፈቅደሉን ሓላፊነቱ ንክዋፅአ ንመን ከምዘረክቦም ሓቲቱኒ።ማንም ምንም ክገብረሉ ከምዘይክእልን ናይ ባዕሎም ክመፅሎም ስለዝኾኑ ናብ ዓዱ ፅርጊያ ከይተንከፈ ንክኸይድ ነጊረዮ ተፈላለና።

ድሓር ምስሰማዕኹ እቲ ዝተቀበረ ቅርሺ ረኺቦሞ ድሓር ድማ ንውልቆም ከምዝተኸፋፈልዎን እቶም ናይ ፒፒ ጀነራላት። ንምንታይ እዩ ከምኡ ዓይነት ቅርሺ ተታሒዙ ንበረኻ ዝተወፅአ ኣነ ኣይርአንን: ግን ድማ ብዙሕ ነገር ከይተረድእኒ እስካብ ሕጂ ሱኽ ኢለ ነይረ። በዚሑ

ማንም ክንረክብ ኣይክኣልናን ነዊሕ ድሕሪ ምኹላል። ብርሕቀት ምዓት ትኽሲ ንነዊሕ እዋን ሰሚዕና.... ነቶም ኣብ መንገዲ ጠጠው ዘበሉና ውቅዓት ረሺኖሞም። 200 ተጋሩ መናእሰይ ብሸዓብያን ፒፒን ድማ ኣብ ዝደቀሱላ ተረሸኑ።😭

ጅራ ብጣዕሚ ሕማቅ እያ ነይራ ብጣዕሚ።

ምንም ክርድኣኒ ዘይክኣለ ነገር እንተሃለወ ግን "ሓደ ፈፃሚ ስራሕ ክንደይ ሰብ ምሰኣወደን ንበረት ዓዲ ምስተገዝገዘን እዩ በቃኻ/ በቃኺ ዝብሃል? ትግራይ ተዋሪዳ ኣላ ንሳቶም እዮም ድማ ምኽንያት እቲ መዋረዲኣ።

Are you there, TPLF? ከመይ ገይሮም እዮም እዚኦም ካብቲ ውድብ ዘይተኣግዱ እስካብ ሕጂ? ህወሓት ይቀትሉዋ እዮም ዘለው, ትፈልጡ ኢኹም ድማ። በበይንኹም ዘይተዋግዕዎ ኣነ ኣይተዛረብኩን። ድፈሩ። ቶሎ ድማ። ህዝቢ ይበርስ እዩ ዘሎ ብሰንኪ ለማስ መሪሕነት።

## ክፋል 6 (ሴፕቴምበር 20 2023 ኣኣ ዝተለጠፈ)

ዓቕመራ ኣብ ትብሃል ዓዲ ሓንቲ ዕብይ ዝበለት ዳዕሮ ብርሕቐት ርኢና ድሓር እቲ ሒዝናዮ ዘለዎ መሳርሒ መቕመጢ ንክትኾነና ናብታ ዳዕሮ ምስኣቕናዕና ሓደ ወዲ ናብዚ ምሕላፍ ኣይክኣልን ይብለና:: ብናይ ሰራዊት ስራሕ ኢና ንኸይድ ስለዘለና በጃኻ ትሓባበር ምስበልክዎ እሶም ክሓልፉ ኣይክእሉን ንስኻ ግን ኪድ ይብለኒ:: መን ድዮም ዘለው ምስበልክዎ ብዓል ፋዘርካ ይብለኒ:: ወለደይ ካብ ዝርእዮም ሰሙናት ገይረ ኣለኹ:: ኣበይ ይህልው እንዳበልኩ'ውን ይሓስብ እየ ነይረ:: ደስ ኢሉኒ'ውን ናብታ ዳዕሮ ይኸይድ:: ኣብኡ ዳርጋ ኩሎም ላዕለዎት ሓለፍቲ ነባራት ተጋደልቲ ነይሮም:: ምስ ርኣዩኒ ድማ ኩሎም ኣጣቕዮም ድሓር ኣባይ እንታይ እዩ ምዓርግኻ ኢሉ ይሓትተኒ ብቐልዲ መልክዕ ኣነ'ውን ምክትል 5 ኣለቃ ይብሎ እንዳስሓቕኹ:: ንክሎም ሓደ ብሓደ ሰላም ምስበልክዎም እቲ ዝመፃእኹሉ ስዓት ኣብ ሓያል ኣኼባ ኮይኖም ከምዘቋረፅክዎም ተረዲኡኒ:: ኣይ በቃ እዛ ቦታ ኢና ደሊናያ ነይርና ግን ካልእ ክንእልሽ ኢና ኢለ ግን ቅድሚ ምኻደይ ንምንታይ ኢና ኣብዚ ዘለና ኢለ ሓቲተዮም:: የስታውስ ሓዲኦም "ናይ ታሪኽ ኣጋጣሚ ኮይኑ እዚ ሰብ ሒዝዎ ኣሎ:: ብዙሕ ግዘ ተዳለው ኢልና ወትዊትና ዝሰምዐና ኢና ስኢንና" ይብለኒ:: እዚ ሓቂ ቅድሚ ኩናት'ውን ይፈልጦ ነይረ እየ:: In fact, ኩሎም ኣብ ከቢድ ጭንቀት እዮም ነይሮም እቲ ዝመፅእ ዘሎ እንዳፈርሑ:: እቶም ወታደራዊ መራሕቲ እቲ መሪሕነት ኣየፀግዕን ኢሉ ምስ ኣግለሎም ቀጥታ ናብቶም ነባራት ተጋደልቲ ከይዶም ዮም ተማሕፂኖም:: ካልእ ከቢድ ሕቶ'ውን ኣይነበረን: ንዳሎ እዮም ኩሎም ኢሎም: ነቲ ወታደራዊ ሓላፊ ዘጠቃልል ሴንትራል ኮማንድ ኣጣይሹ እዮም ኢሎም: ዲፕሎማሲ ኮሚቴ ኣጣይሽና ናብ ሱዳን ነስግር እዮም ኢሎም:: ኣፅቅጥ ኣቢሎም ንማንም ከይሓወሱ ኩሉ ምስተበላሸየ ፀዊዖም እቲ ዝበልዎ ኮማንድ ኣጣይሾሞ:: እቲ ዝነበሮም ፍራስትሬሽን ሕጂ ኮይነ ክሓስቦ እንተለኹ ከመይ ከቢድ ከም ዝነበረ ምግማት ብጣዕሚእዩ ዘፀግመለይ:: ካብታ ኣዮኻ ናይና ትብል ዘረባ ጀሚሮም እቲ ፖፕሊዝም እቲ ብሽሽቕን ንትርኽን ቀንሱ እንዳበሉ እዮም ዝማኽሩ ዝነበሩ:: ካብቲን ካብቲን ነቶም ነባራት ተጋደልቲ ዝመፅእ ወቐሳ ይስምዕ እየ:: ኣብ ሓላፍነት ነዊሕ ስለዝፀንሑ ጌጋታት ምስርሖም ኣይጠራጥርን: ዘሕትት እንተሃልዩ ድማ ናይ ምሕታት ምሰል ኣለዎ እዩ ማንም ሰብ:: ነቲ ትግራይ ኣትያቶ ዘላ ዓዘቕቲ ንምትራፍ ግን ልዕሊኦም ዝተቃለሰ የለን:: ብዙሕ ምስተፈታተንዎ ነቲ መሪሕነት ከስርሕዎ ኣይክኣሉን ንደብረፅዮን እቶም ነባራት እንዳተብሃለ ክንደይ ፀለመ ዋላ እንተመፅአ ምስቶም ወታደራዊ ኣዘዝቲ ብምቅዳው እቲ ሴንትራል ኮማንድ ዝብሃል ኣካል ንክጣየሽ እጃሞም ኣወፍዮም እዮም:: ስብ ክውቀስ እንተኾይኑ በታ እጃሙ እምበር ኩሎም ያው እዮም ኢልካ ኣብ ዘይውዓልሉ ብሓባር ምፍራጅ ኣግባብነት የብሉን:: ነዛ ጉዳይ ወታደራዊ መራሕቲ ክረኽቡኒ እንተለው ተዝሰምዑ'ኮ ናብዚ ኣይምኣተናን እንዳበሉ ኩሉሻብ እዮም ዘልዕሉለይ:: መን'ሞ እዩ ክሓስቦ ኣብቲ ስዓት ንመጨረሻ ግዘ ከምዝርእዮም ዘለኹ ኣብኡ ዝነብሩ ዓበይቲ ብፆት:: ብጣዕሚ እዩ ዘሕዝን::
ኣብ ጅራ እንዳሃለና ኩሉ ነገር ሕምስምስ ኢሉ:: እታ ኮማንድ ዝነበረላ ኽባቢ መዳፍዕ ታርጌት ኮነት: ናይ ድሮን ድብዲብ ኣመና ፅዓቐ:: ነተን መዳፍዕን ቢኤማትን ሓደብሓደ ምስኣረየት ናብ ኮብራ መኻይን ተሻገረት:: ኩሉ ሕምስምስ እዩ ዘሎ:: ማንም እንታይ እንዳተፈጠረ ከምዘሎ ዝፈልጥ የለን::ሱቕ ኢልካ ንቅድሚት ምኻድ እዩ:: ኣብ ሰመማ ሓደ መድፍዕ እንዳጎተተ ዝኸይድ ዝነበረ ኦራል ፕኪና ቤት ምግቢ ምስርኣየ ክበልዕ ነታ መኪንኡ ጠጠው ኣቢሉ ኣተወ:: ሽዑ ንሽዑ እታ ድሮን ነቲ መድፍዕ ክትወቅዕ ነቲ ቤት ምግቢ'ውን ሓቢራ ተማልእቶ:: ኣብ ህይወተይ ናይ ሰብ ሬሳ ዝርኣኹላ ንመጀመርያ ምዓልቲ እያ ትኸውን ዘላ:: ብጣዕሚ መደንገፂ ጥቕዓት እዩ ነይሩ:: 17 ሰባት ብሓንቲ ቅፅበት ህይወቶም ሓሊፉ:: ዝነበረ ደም: ናይ ሰውነት ኣካላት ብትንትን ኢሉ..በቃ ከቢድ እዩ ብጣዕሚ:: እቲ ናይ ድሮን መጥቃዕቲ ብዝተወሰነ መልክዕ ግን ምቀነሰኣረንቴሽን ምተውሃበ:: መሳርያታት ፍቆድኡ እዩ ነይሩ:: ከምዚ ተስፋ ተቆሪፁ ንዒ ውቅዕኒ ዝተብሃለ መብዛሕቲኡ ካብ ገላፅ ቦታ ንምግላል'ውን ኣይፈተነን:: ይዝክር ሓደ ገባር በቲ ስራሕና ተገሪሞም "ኣቱም ናይ ሎሚ ተጋደልቲስ ሱቕ ኢልኩም ኢኹም:: ቀደም'ኮ ኣየር ትመፅእ ተላ ከይትስሕቁ እዮም ዝብሉና ነይሮም ተጋደልቲ ስንና ርእያ መፂኣ ከይትወቅዐና::
እቲ ኣብ ጅራ ዝነበረ ሕንፍሽፍሽ ብጣዕሚ እዩ ዝገርም ነይሩ:: ኩሉ ሰብ ኣብ ሓንቲ ቦታ ተዓጊዱ ንዕኦም ብጣዕሚ ቀሊል እዩ ኮይንሎም:: እቲ ከሲችዌሽን ሩም እያየናቸው ነው ዝበሎ ኣብ ጅራ እዩ ዝኸውን:: ሕምስምስ ኢሉ ብደብዳብ መድፍዕ: ድሮንን ሄሌኮፕተርን ኩሉ በቢኣንፈቱ ጉያ እዩ ዝነበረ:: ኩሉ ናብ ሓንቲ ኣንፈት እዩ ዝኸይድ ዘሎ ድማ:: ዕዳጋ ሶሉስ ዝትብሃል ዓዲ ሓዲርና ምስ ሓደሓደ ሰባት ተራኺብ ደንጊፀ:: እዚ ኩሉ መንገዲ መፂእናስ እቲ ዘለናዮ ጭቡጥ ኩነታት ዘይተረድኦ ሰብ ብዙሕ እዩ:: ኣብ ልዕሊኡ ድማ ኣጉል ተስፈኛ ሰብ ምዓት እዩ:: ልክዕ ከምቲ ተዳልዮም ይእዮም እዩ እቲ ህዝብና እምነት ዝነበሮ ኣብ ሰሚዕዎ ዝይፈልጥ ዓዲ ኣብ ሓመድ ኮፍ ኢሉ ንባዕሉ'ውን ሓመድ መሲሉ "ወይን'ኮ ሓያል እያ:: ብኣክሱም ዘይራ ክትኣትው ስለዝደለየት እያ ናብዚ ዝመፅኣና:: ብ78 ኣብዚ ቦታ እከል ዝብሃል ጀነራል ኣብዚ ቦታ ንደርጊ ሓመድ ገይሩዎም ነይሩ:: እሱ እዩ ሒዝዋ ዘሎ ኣብ ቅድሚት ዘላ ሰራዊት" ይብለካ:: እምቧእ! እዚ ዝተንሳፈፈ ሕልሚ ኣብ በረኻ ብዝፀናሕና ቁፅሪ ብጣዕሚ እዩ ተደጋጊሙኒ:: ስየ ኣብርሃ ሰራዊት ሒዙ ኤርትራ ኣትዩ: ሃለቃ ፀጋይ ኣብ እንዳባጉና 18,000 መናእሰይ የሰልጥኑ ኣለው: ፍስሃ ማንጁስ 30,000 መናእሰይ ኣብ ሱዳን ሒዙ ኣሎ...በቃ ምዓት እዩ:: ብጣዕሚ ጭንቂ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ገለ ናይ ተስፋ ዘረባ ይመፅእ'ሞ ድሓር ኣብዝሓና ንኣምን::
ለይቲ ሙሉእ ቦታ ብማሽን ፀራሪግና ኣብ ዕዳጋ ሶሉስ ኮፍ ምስበልና ተበገሱ ተባሂልና:: እቲ ዝነበረ ፅዑቕ ናይ ድሮን ደብዳብ ብጣዕሚ መስግኣይ እዩ ኮይኑ ዘሎ:: ብቀትሪ እስካብ ሕጂ ኣይንቀሰቀስን ነይርና:: ሓደጋ ንምቅናስ ኢልና'ውን በታቲንና ኢና ዝነቀምጠን:: ተበገስ ግን ተበገስ እዩ:: ከምኡ ሰጊአ ኣይፈልጥን:: እታ ድሮን ሱቕ ኢላ እያ ልዕሌና ትዘውር ዘላ: መንገዲ ምስጀመርና መሕለፊ ስኣንና: ኩለን ናይ ትግራይ መኻይን ኣብዚ ቦታ ዘለዋ እየን ዝመስላ:: በቃ ናይ ዕድል ጉዳይ ኮይና ህይወት:: ከም ገለ ኢልና ክንሓልፍ ምስበልና ናበይ ከምዝኸየድ'ውን ዝሕብር ሰብ የለን:: እቲ ዝዓበየ መሳርሒ ሸለል ተባሂሉ

ብኣመራርሓ ትግራይ። ክንደይ እተን መሳርሒ ምስሓዙ ኣብ ዘለውዋ እንዳበሉ ከም ዘይተጅሃሩ እቶም ሰብኣይ ገዲፎመን እዮም ሕጂ። እቶም ጠርናፊና ቶኪስና ንወድእ'ሞ ንገላገል ምስበልዎም ክንነግረኩም ኢና ተባሂሉ ግን ምንም መልሲ ኣይተረኸበን። መልሲ ኣይተረኸበን ጥራይ እንተይኮነስ ነታ ዝዓበየት መሳርያ ገዲፎማ እዮም ከይዶም እቶም ሰብኣይ። ክንደይ መስዋእቲ ካብ ጀንራል ስዓረ: እቶም ኣብታ ምድብ ዝሰርሑ ቆልዑን ከንቱ ኣይተርፍን ኢሎም እቶም ቆልዑ ዓብዩ ዋጋ እዮም ከፊሎም: ኣመራርሓ ግን ጠንጢንዎም እዩ ከይዱ። ኣበይ ኣለዋ ኢሉ ዝሓትት ዝሕብር ሰብ ምስስኣኑ ኣባላት እዛ ኣሃዱ እዘን መሳርሒ ፀላኢ ካብ ዝወስደን ክነቃፅለን እዩ ዝግባእ ተባሂሉ ነታ ሓንቲ ካልኣት ብፆት እንተቃፅልዋ,: እታ ሓንቲ እቲ ሹፌር እንዳዘወረ እንዳሃለወ ናብ ገደል ክትፅድፍ ኢላ ኣብኡ ገዲፍዋ ከይዱ። ነታ ሓንቲ መሳርሒ ክነምፅኣ ኣለና ኢልና ኣብ መንገዲ ብዓል ወዲ ኣሸብር ረኺብናዮም ከመይ እዩ እቲ ኩነታት ምስበልናዮ እንተቀልጢፍኩም ክተርክቡ ኢኹም ኢሉና። ናብቲ ቦታ በፂሕና እቲ ዘድልይ ወረቃቅትን ፋይላትን ምስሓዝና ግን ቶኽሲ ናባና ገፅ መፅአ። ናብ ድሕሪት እንተጎየና'ውን ደድሕሬና እዩ ዝመፅእ ዘሎ። ኣብ ሓንቲ ብርኽ ዝበለት ቦታ ወፂእና ርሑቕ እንትንጥምት መሰከፊ እዩ። ምዓት እዮም። ምንም መዋፅኦ የብላን በዘይካ ምጉያይ። እቲ ቶኽሲ ግን እንዳሓየለ መፂኡ ግን ኣይምዓልትናን ነይራ ግዲ ካብ ሓደጋ ዋላ እንተወፃእና ኣነ ወዲቐ እግረይ ተሰቢረ። ካብዚ ድሓር ዘሎጉዕዞ ብስቃይ እዩ ዝነበረ። ኣብ ሰመማ 10-20 ዝብሃል ተጋዳላይ ንውግእ እንዳተዳለወ ረኺብናዮ ድሓር ቁፅሪ ሰራዊቱ ምስርኣኽዎ ድሓን ነይራ ግን ድማ ነቲ ዝመፅእ ሓይሊ እኽልቲ ከምዘይትኸውን ገሚተ። ናብ እኒ ወዲ ኣሸብር ከይድና'ውን እተን ፋይላት ምእኣረከብና ብፅቡቕ ዋላ እንተተቀበሉና እቲ ጉዳይ ግን ብጣዕሚ መሕዘኒ እዩ። ንቶክሶ'ሞ ንወድእ ተባሂሉ ደብረፅዮን ምውሳን ብዘይምኽኣሉን ኣንፈት ክንዲ ዝህብ ገዲፍወን ብምኻዱን ሽዓብያ ኣብ ኢድ ቁፅፅር ኦእትይወን ነተን ሚሳይል። ኤርትራ ኮይኑ መቐለ ክበፅሕ ዝኽእል መሳርያ ብሰንኪ መራሒና ውሳነታት ኣብታ ስዓት ብዘይምሃቡ ንሽዓብያ ብዓልና ኦዕጢቕናዮ ኣለና። ኣብ መሪሕነት ዶ/ር ደብረፅዮን ዘለኒ ሕርቃን ካብዛ ምዓልቲ ጀሚራ ብዕፅፊ እዩ ወሲኹ። ኣብታ ምድብና ዝነበሩ ቆልዑ ብዙሓት ተሰዊኦም እዮም። ነተን መሳርያ ናይ ህይወት መስዋእቲ ዝኣክል ዝኸፈሉ መናእሰይ ውሳነ ብዘይምምፅኡ ተካሒዶም እዮም ብመራሒኦም።

ናብ ዳዕሮ ሓፋሽ ዝትብሃል ንእሽተይ ዓዲ እንትንኸይድ ዝረኸብናዮ መደንገፂ እዩ። ኩሉ ሰብ: ኩሉ ሪሶርስ ኣብዚ እዩ ዘሎ። እታ ዓዲ ልዕሊ ዓቕማ እያ ሰብ ሒዛ ዘላ። ኩሉ ብጥምየት ክፍሓስ እዩ ኢሉ ዘሎ። ዲሲፕሊን ዝብሃል ነገር የለን። ነቲ ኣንሳሕቡ ዝብል ትእዛዛት ብካልእ ተቶርጊሙ መራሒና በልፂጉ ዝብል ዘረባ ካብ ብዙሕ ኢኻ ዝትስእምዕ። ሕርቃን ጫፍ እያ ብፂሓ። ፖለቲካዊ መራሕቲ ኣብዚ ዳርጋ የለውን: ናብ ተከዘ ገፅ ዝኸዱ ከምዘለው ኣቀዲሙ ሰሚዐ ነይረ። እቲ ኣብ ዳዕሮ ሓፋሽ ዘሎ ሕንፍሽፍሽ ደሞዝ ኣብቲ ምዓልቲ እሱ ዝተወሃቦም ፍሉይ ሓይሊ ኣለው ዝብል ወረ ካብቲን ካብትን ምስመፅአ ንኣብኡ ዝነበሩ ኣመራርሓ ሓኒቆም ሒዞሞም። በቢቦትኡ ዝተሸንደወ ብረት: ቦምብ..ቢቃ እቲ ሰብ ተስፋ ቆሪፁ ኣባል ሰራዊት ዘምስል ነገር የጥፍእ እዩ ዘሎ። ኣብታ ሒዘያ ዝነብርኩ ፖትሮል ዝነብረ ክዳውንተይ ዝሓዘ ሻንጣ መስታወት ሰቢሮም ተወሲዱ እዩ። ኣብ ዳዕሮ ሓፋሽ ብማእኸላይ ኮሚቴ ደረጃ ኣንፈት ክህቡ ዘለዎም ፖለቲካዊ ኣመራርሓ ዋላ እንተነበሩ ከም ሃገሮም ፀግዮም ሒዞም እዮም ዝነበሩ። ሓደ ሓደ ወታደራዊ መራሕቲ እቲ ክፍተት ንምሽፋን እቲ ቃልሲ ከምዝተወድኣን ሕጂ ናብ ደባይ ተዋጋእቲ ከምዝተቀየርናን ምስተዛርቡ ብዙሕ ሰብ እቲ ቃልሲ ተወዲኡ እዩ ዝብል ዘረባ ጥራይ ሒዙ እንዳማረረ ፍቆድኡ ተበቲኑ። ብማሽን መንገዲ እንዳተፅረገ ናብ ተረገይ ፈንጫ ብሃል ዓዲ ከይድና ኣብኡ እንትንሓድር ደጊም እቲ ቃልሲ ካብ ሎሚ ብእግሪ ስለዝኸውን መኪናኹም ፀላኢ ካብ ዝወስደን ኣቃፅልወን ዝብል ትእዛዝ መፂኡ ኣቃፂልና ዝተወሰና መኻይን። ካብዚ ከባቢ እዚ ማለትም ኣብ ዳዕሮ ሓፋሽ: ተረገይ:ሰሪሕካ ብላዕን ከባቢኡን ብሽዓብያ ዝተወሰዳ መኻይን ልዕሊ 3,000 ይኸውን እዩ። ዝገደፍናዮ እኽሊ: ሽኮር: ኮቦርታ...መሰከፊ እዩ። እቲ ሒዞሞ ዝነበሩ ሎጂስቲክስ ንስሩዕ ሰራዊት እምበር ንከም ናትና ዝዓይነቱ ኣይነበረን። እቲ ኣብዚ ግዘ እዚ ዝነብረ ናይ ሪሶርስ ብኽነት ንትግራይ ነዊሕ ዓመታት ንድሕሪት ዝምልስ እዩ። ከምቲኣብ ላዕሊ ዝገለፅክዎ እቲ ፖለቲካዊ ኣመራርሓ ነቲ ወታደራዊ ኣመራርሓ ነዊሕ እዋን ኣየፀግዕን ኢልዎ ስለዝነበረ ምንም ድልውነት ኣይነበረን። ነቶም ወታደራዊ ክፍሊ ምስ እእተውዎም ድማ እኹል ኣይነበረን እቲ ግዘ ንምድላው: ኩሉ ዝረኸብዎ ሪሶርስ ገፊጦም እዮም ወፂኦም። እቲ መሪሕነት ኣየፀግዕን ብምባሉ ከብድቲ ፀገማት እዮም ኣስዓቦም። ብረኻ ወፂእና'ውን ኩሉ ኣንሕና ኢና ዝንመርሖ ኢሎም እቲ ሎጂስቲክስ ክቆፃፀርዎ ፈቲኖም ብዙሕ ኪሳራ እዩ በፂሑ። ቢሮ ጥዕና ናይ ቁሱላት ጉዳይ የዋድድ ተባሂሉ በቢቦትኡ ዘንጠባጠብናዮም ውቁዓት ቀሊል ቁፅሪ ኣይኮነን። ጥይታትን ተተኮስትን ከይተረፈ ኣብ ሓደ ቦታ ንክቕመጥ ወሲኖም ብዙሕ ተወሲዱን ተቃፂሉን እዩ። ኣብዚኣ ግን ሓደ ወታደራዊ መራሒ እቲ ውሳነ ስለዘይጥዓሞ ብርክት ዝበለ ጠያይትን ተተኮስትን ብናይ ባዕሉተበግሶ ቀቢሩ ሓቢኡ እዩ። ወፍሪ ኣሉላ ዝተዋገእና'ውን በዘን ጠያይቲ ንስን እዩ። እቶም ፖለቲካዊ መራሕቲኣብ ብዙሕ ቦታ ኢዶም እንዳእተው እቶም ወታደራት ብቃኹም ምስበልዎም እዩ ናብ ፅቡቕ ዝመፅኣና።

## ክፋል 7 (ሴፕቴምበር 21 2023 ኣኣ ዝተለጠፈ)

By now ኩሉ ኣብ ተረገይ ፈንጫ ዘሎ ሰብ እቲ ኩነታት ዝተረድኦ ይመስለኒ። ፈሪስና ኢና። ኣብ ሓፂር ግዘ ኩሉ ሃደሽደሽ ኢሉ ንሕና ድማ ኣብ ሓደ ፀግዒ ተኾርሚና ኢና ዘለና። እቲ ምንም ከይሓዝካ ብጃህራን ፈኸራን ዝተጀመረ ኩነታት ዘይተረድኦም ሓደሓደ ኣባላት ፍሉይ ሓይሊ
ነቲ ኣንሳሕቡ ዝበሎም መራሒ በልፂጉ እንዳበሉ የውግዑ እዮም ዘለው። እቲ ኣብኡ ዘሎ ካድረ እቲ ስዕረት ክቅበሎስ ይትረፍ ክርድኦ ኣይክኣለን። ሕልፍ ብዝበልካ ቁፅሪ ናይ ሓለፍቲ ሽም እንዳፀውዐ ርኢኻዮም'ዶ እዩ ዝብለካ። እቶም ፖለቲካዊ መራሕቲ ብዝተፈላለየ ኣንፈት ህይወቶም ከድሕኑ ብእግሮም ጉዕዞ ጀምሮም ኣለው። ብዓል ደብረፅዮን ምስተን ዝነበራ ኣሃዱታት ብኣንፈት ተከዘ እንትኸዱ እቶም 4 ስራሕ ፈፀምቲ ድማ ዓጀብቶም ጥራይ ሒዞም ኣዝዩ መሰልቸዪ ናይ ወርሒ ጉዕዞ ጀሚሮም ኣለው። ገለ ምሳና ካብ ዘለው ናይ ፖለቲካ ሰባት ግን ኣብ መራሒኦም ዘለዎም እምነት እስካብ ሕጂ ኣይቀነሰን ዝመስል። "ደብሪፅ ገለ ዝሓሰቦ ነገር ይህልዎ እዩ" ድሕሪ ዝኹሉ ዝሓለፍናዮም ነገራት ዝብል ሰብ እንትሰምዕ ብጣዕሚ ኢኻ ትሓዝን። ነቲ ዘሎ ጭንቂ ብተፋ ንምሽፋን ከይኸውን ኢልክ ሱቕ ትመርፅ። ናብቶም ኣዘዝቲ ሰራዊት እንትኸይድ ግን ምንም ምስቲ ኣብቲ ሓደ ዝርኣኻዮ ዝመሳሰል ኣይኮነን ዘሎ። ጭንቂ እንተይኮነስ ፕላን እዮም ዘውፅኡ ዘለዎ። እቲ ኣንፈት ቃልሲ ከምዚ ክኸውን ኣለው እንዳበሉ ይማጎቱ እዮም ዘለው። በቲ ስዓት እሱ ከመይ ምድንጋፅ ኮነ ዝኾነ ዓይነት ስምዒት ዘይርኣኹሎም ኢለ ተገሪመ ነይረ። ሕጂ ኮይነ ክሓስቦ እንተለኹ ግን 9000 ሰራዊት ክርከቡ እንተለው ደንጊፆም ዝወድኡ ይመስለኒ። ናይ ኢትዮጵያ መከላከያ ሰራዊት ክንደይ ዝኣክል ቁፅሪን እቲ ዝመፅእ ዘሎ ሓይልን ይመርሕዎ ስለዝነበሩን ደንጊፆም ወዲኦም እዮም ቀደም።
እተን ምሳና ዘለዋ ዙ ኮና ኦራላት ፀላኢ ካብ ዝወስደን ይቃፀላ ዝብል ትእዛዝ ተዋሂቡ እንዳቃፀልና ኣምሺና። ብክንደይ መስዋእቲ ዝተረኸባ መሳርያታት ምቅፃሉ መብሸቒ ዋላ እንተኾነ ግን ድማ እቲ ዝሓሸ መማረፂ ስለዝኾነ ኣባሪዕናየን ናብ ድቃስና ንኺድ ተባሂልና ኣነ ናብ ነዊሕ እዋን ዘይርኣኽዎ ዓርከይ ከይደ ደቂሰ። ለይቲ ተስኡ ተባሂሉ ናብ ኣንፈት ኣሃዱየይ ቆላሕ እንትብል ዋላ ሓደ ሰብ የለን። ብዙሕ ሰብ ተናዲዱን ተስፋ ቆሪፁን ጠንጢኑና ናብ ገዝኡ ከይዱ እዩ። ቁፅርና ብጣዕሚ እዩ ተመናሚኑ  እዩ ዘሎ። ነዊሕ ተጉዒዝና ኣብ ማይ ፅንቡላ ዝትብሃል ዓዲ ዝትብሃል ንእሽተይ ቁሸት በፂሕና። እዚ ኩሉ ሎጂስቲክስ ሒዝና ከምዘይወፃእና ሕጂ ኩላ ብጥምየት ክትፍሓስ ኢላ እያ ዘላ። እቶም ኣብታ ዓዲ ዘለው ህዝቢ ካብትን ካብትን ኢሎም እንጀራ ኣተኣኻኺቦም ብልዑ እዞም ደቀይ እንዳበሉ ምግቢ ዋላ እንተሃቡና ኣብ ገፆም ዝትርእዮ ግን ጭንቅን ፍርሕን እዩ። ፅግዕ እንዳበሉ ድማ በቃ ድዩ ኾይንዎ ተሳዒርና ኢሎም ይሓትቱኻ። እወ ተሳዒርና ኢሉ ዝመለሰሎም ሓደ ተጋዳላይ ኣሎ ኣይኣምንን። ዝኾነ ዓይነት ሓላፍነት ይስምዐካ እዩ ተጋዳላይ ኮይንካ ገባር ከምዚ ዓይነት ሕቶ እንትሓትተካ: ሞራሉ ክትሕልወሉ ኣለካ። ናይ ቃልሲ ኣንፈት ኢና ቀይርና እምበር ብኻልእ ገፅ ኣለው እዮም ትብል። ብርግፅ ኩሉ ኣብታ ቦታ ዘሎ ብቁፅሪ ውሑድ ዋላ እንተነበረ እቲ ግዘ ክነውሕ እምበር መሊስና ክንልዓል ኢና ዝብል እምነት እዩ ዘለዎ። እግረይ እንዳሕመመኒ ስለዝነበረ እንዳተሳለና ኣብ ዓዲ ይዕቆሮ ዝትብሃል ዓዲ ምስበፃሕና ብዓል ሀንፃን ወዲ ራያን ኣብኡ ረኺብናዮም ምስ ኣሃዱኦም ኣብኡ እንትንሓድር ሓደ ምልሻ መፂኦም እቲ ቁፅሪ ሰራዊት ርእዮሞ ሓዚኖም ድሓር ገብረ ኣሎ'ዶ ምሳኹም: ገብረ ዓዴት ይብሉኒ። ኣብቲ ቃልሲ ከምዘሎን ምሳና ግን ከምዘኮነን ነጊረዮም። ፅቡቕ እዩ ዘይምህላው ኣብዚ ምሳኹም ኢሉ ምንም እንተይበለ  ገፁ ኣዚሩ ይኸይድ። ድሓር ምስ ሰማዕኹ ግን እታ ናይ ገብረ ዝተበታተነ ሓይሊ እዩ ዘሎ ክሳድ ሓዙ ዝትብል ዘረባ ኣብቲ ከባቢ ፈረስ ማይ: ሕስኣን ካልኦትን ዝነበሩ ምልሻ ብሬድዮ ሰሚዖም ዝተበታተነ ሓይሊ ንምእራይ ኸሳድ ንምሓዝ እንትወፅኡ ብዙሓት ተሰዊኦም እዮም። ኣብቲ ስዓት እሱ ዝተበተነ ሓይሊ ፀላኢ ኣይነበረን። እቲ ምልሻ ሓው እዩ ሞይትዎ ኣብቲ ክሳድ ምሓዝ። ንምንታይ ከምዚ ዝበለ ዘረባ ከምዝተለቐቐ እስካብ ሕጂ ዘይርድኣኒ ጉዳይ እዩ። ብዘረባ ሓለፍቲ ህይወት ሰብ እንትጠፍእ ግን ትግራይ ዝተላመደት እያ ዝትመስል። ዘይከውን ብሽሽቓትን ፀርፊታትን ናይ እኒ ብዓል ጌታቸው ዓብዩ ዋጋ ኣኸፊሉ እዩ ንህዝቢ ትግራይ። ንዕኦም ስዒቡ ዝተኸተለ ዲጅታል ወያነ ዝብሃል ኣካል ድማ መሽረፈት እንዳበለ ነዳዲ እዩ ኣርክፍኪፉ።
ሓደ ምዓልቲ ሓዲርና ናብ ሕንዛት ዝብሃል ዓዲ እንትንኸይድ ብጣዕሚ እዩ ገሪሙኒ። ኣብ ውሽጢ ሓደ ምዓልቲ እቶም ወታደራዊ መራሕቲ ህዝቢ ኣተኣኻኺቦም ተረዳዲኦም መሰልጠኒ ማእኸል ኣብ ቀረባ ከፊቶም እዮም ፀኒሖምና። ከምዚ እንትገብሩ ፖለቲካዊ መራሕቲ ዝብሃሉ ኣለው እዮም። ብጣዕሚ ዝገረመኒ እቶም ፖለቲካዊ መራሕቲ ናብዚ ፀገም ዋላ እንተእተውና እቶም ወታደራት እዮም እቲ ናይ ፖለቲካ ስራሕ ዝሰርሑ ዝነበሩ። ህዝቢ ኣኪቦም: ስንቂ ንክእከብ ኣተሓባቢሮምን ምስ ምልሻ ዝነበረ ዕጥቂ ተረዳዲኦም ንክእከብ ዝገብሩ ዝነበሩ እቶም ወታደራት እዮም ነይሮም። እቲ ናይ ፖለቲካ ኣካል እቶም ፈፀምቲ ለዘይነበሩ ሽባ እዩ ኮይኑ። ከምኡ ሰብ ተኾርምዩ ርእየ ኣይፈልጥን። ኣንፈት ክንንዲ ዝሕብር መደባት ነቶም ወታደር ክንዲ ዘቀብል ናበይ ክምዝእቶ ዝጨነቆ እዩ ዝመስል። ፅንሕ ኢሉ'ውን እቲ መደብ ካብ ወታደር ክቅበል እዩ ጅሚሩ ብተገላቢጦሽ። ዓቕሚ ዘይብሎም ሰባት ናብ ቅድሚት እንትመፅኡ ውፅኢቱ ኣብ ቁርፂ ግዘ ሃመም ምባል ከምዝኾነ መስኪርና ኢና። እንታይ ክገብር ኣለኒ ኢሉ ዝንቀሳቀስ ብዙሕ ኣይኮነን። ተበግሶ እንትህልው ድማ ሓሶት ኣለዎ። ሓንቲ ካብ ዘጋጠመትና 600 መናእሰይ ዓሊመ ኣለኹ እንዳበለና ዝሓደረ ሓደ ሓላፊ 50 ዘይመልኡ ሒዙ ኢና ረኺብናዮ። ክንድዚ ኩንታል እኽሊ ንሰራዊት ኣተኣኻኺበ ኢሉ ዘይከውን ቁፅሪ ዝፅውዕ ኣባል ማእኸላይ ኮሚቴ ብተደጋጋሚ እንተጋጥመና እቲ ናይ ሓሶት ሪፖርት ዝብሃል ጉዳይ ካብቲ ቢሮ ናብ ምግዳል ምውራዱ ትሓዝን። ኣብ ልዕሊኡ ድማ ሓያል ተፀባይነት ኣስተውዒለ እየ። ውሳነ ንምውሳን ዘሎ ፍርሒ መሰከፊ እዩ። ማእከላይ ኮሚቴ እንትብሃል ናይ ክብሪ መለክዒ ተገይሩ እዩ ዝርአ። ኣብ ትግራይ ኮይንካ

ኣባል ማእከላይ ኮሚቴ ሙኻንካ ክትሓፍር እዩ ዘለካ:: ንብዙሓት ተዛሪበ ከም ዝተረድኣኒ ኣብቲ ናይ ምድላው ደረጃ ምንም ዝፍለጥ ኣሃዝ ሰራዊት የለን ብማእከላይ ኮሚቴ:: ክንዲ ዝሓትት ብፖፕሊዝም ዓዊሩ ንመራሒኡ ተኣማሚኑ እዩ ናብቲ ኩነታት ኣትዩ:: "ዝነግሩና ድዩ መሲሉካ?" እዮም ዝብሉኻ ብዛዕባ እቲ ኩነታት ምስ ሓተትካ:: ብዙሕ ምስርኣኽዎ ትንታነ ማእከላይ ኮሚቴ ምስማዕ ገዲፈዮ እየ ብወገነይ:: ዝነግርዎም ድዩ መሱልኩም? ኣብ ሞንጎ ፈፃሚን ፖሊትን ክንድዚ ዝኣክል ክፍተት(gap) ምህላው ግን ብጣዕሚ እዩ ዘደንግፅ:: እቲ ፖሊት ዝቶኽበሉ ሓበሬታ እምበር ሓበሬታ ዲማንድ ናይ ምግባር መሰል ዘለዎ ኣይመስልን:: ከም ሓደ ማእከላይ ኮሚቴ ኮይንካ ክንደይ ሰራዊት በቲ "ትመርሖ" ውድብ ከምዝተዳለወ እንድሕር ዘይፈሊጥካ ንስኻ'ውን ኣካል እቲ ገበን ኢኻ:: እቲ ዝመፅእ ዘሎ ሓደጋ ክትንትንን መውፅኢ መንገዲ ኣሊሽካ ህዝብኻ ንክተድሕንን ኢኻ ኣብቲ ቦታ ዘለኻ: ንምንጭብጫብ ኣይኮነን:: ህዝቢ እንትራስእንን ፖፕሊዝም እንትዕንብብን ዓገብ ይገበር ክትብል እዩ ዝነበረካ:: ማእኸላይ ኮሚቴ ንፈፃሚ ስራሕ ይቆፃፀር እቲ ሕገ ደንቢ ዋላ እንተበለ ከምኡ ክገብር ዝኽእል ማእከላይ ኮሚቴ ኣሎ'ዶ? እቲ ፈፃሚ በዘይ ናይ ማእከላይ ኮሚቴ ርኢቶን ድምፅ ንኣባል ፖሊት ዝኾን ንጌታቸው ኣሰፋ እንትእግዶ ሓሳብ ወይ ተቃውሞ ኣስሚዕኹም ዶ? እቲ ኣብ ትግራይ ዝበፅሐ ሓደጋ ናይ ደብረፅዮን በይኑ ኣይኮነን:: ነቲ ዝበፅሐ ብርሰት ኣባላት ማእከላይ ኮሚቴ ህወሓት'ውን ተሓተቲ ኢኹም ስራሕኩም ብኣግባቡ ብዘይምስራሕኩም:: ኣይነግሩናን ነይሮም ኢልካ ምፍንታት ምብጫው እዩ ዝኸውን ዘሎ:: ተገድድዎም! መን ድዩ ሓለቅኦም?
ድሕሪ ኣዋርሕ ናይ ከርተት: ጥምየትን ውግኣትን እቲ ሓይልና ዋላ እንተወሰኸ እቲ ጎቦ ግን ንምድያቡ ብጣዕሚ ዝኸብድ እዩ ዝመስል:: ከምቲ ናይ 17 ዓመት ቃልሲ ነዊሕ ዶ ንፅንሕ ንኸውን ዝብል ሕቶ ኣብ ርእስኻ ይመላለሰካ እዩ:: ኣብ ዕዳጋ ዓርቢ ኣብ ማእኸል ከተማ ውግእ ተሳቲፍና ምስ ቀነናብዓል ክልቲኦም ጌታቸዋት ኣለምን ፈትለን ናብ ኣርምና ተቀላቂሎም:: ከቢድ ግዘ እዮም አሕሊፎም ናባና ንክመፅኡ::
ጉራ ከይመስል እምበር ከማይ ዝሓትት ሰብ የለን:: ዘይተረደኒ ሓቲተ መልሲ እንድሕር ዘይረኺበ ደስ ኣይብለንን:: መፂኦም ምስተብሃለ'ውን ከይደ ሰላምታ ተቀያይርናን ውግዒ ምስ ጀመርናን ድሕሪ ግዘ ሓቲተ እየ ንክልቲኦም ጌታቸዋት:: ከመይ ኢልና ዘይተዳለና ናብዚ ኩነታት ኣቲና? ምንም ዘይተፀበኽዎ ጌታቸው ኣሰፋ ንድሕንነትካ ኢሎም ኣጊዶምኒ እዮም ነይሮም:: ቅድሚ ኩናት ቅድሚ ሰሙን እየ ጀሚረ ስራሕ ተባሂለ:: እምቧእ! እቲ ህዝቢ'ኮ ክንደይ ተኣምር እዩ እንዳተፀበየ ነይሩ:: መን ንመን እዩ ዝእግድ ግን? ከመይ ገይሩ ፈፃሚ ንካልእ ፈፃሚ ዝእግድ ኢለ'ውን ሓቲተ እየ:: እቲ ወግዒ ብዙሕ ስለዘይጥዓም ቀይርዋ እዩ:: እዚ ሰብኣይ ግን ተኣገደ ኣይትኣገደ ልክዕ ከምቶም ካልኦት ክፈልጥ እዩ ዝግብኦ ንእይሩ ናይቲ ናይ ምድላው ኩነታት:: ክፈልጥ ጥራይ እንተይኮነስ ክመርሖ እዩ ዝግባእ ነይሩ ምስቲ ነዊሕ ዓመታት ዝፀንሐሉ ስራሕ ኣተሓሒዝካ እትርእዮ:: ናብ እኒ ኣለምን ፈትለን እንተቅንዕ ድማ እቲ ወግዒ ናብ ክንድዚ ዝኣክል ፀላኢ ክመፅእ ኢልና ኣይተፀበናን ዩ ዝኸውን ዘሎ:: ሽዓብያ ኣብ ድንበራት እምበር ናብ ትግራይ ብሙሉእ ሓይሉ ክኣትው ኢልና ኣይሓሰብናን:: እዘን መልስታት ብቅደም ስዓብ ኩሉሻብ ተደጋጊመን እንትሰምዐን ልምምድ ሽምደዳ ዝተገበረለን እዩ ዝመስለኒ ሓቂ ንምዝራብ:: ክንደይ ወረቓቕቲ ዘእተው ጀነራላት ይፈልጥ እየ ብዛዕባ ናይ ሽዓብያ ምድላው ዝፈለጡን ንዳሎ ኢሎም ዝተዛረቡን:: እቲ ሓሳቦም ተነፂጉ ሽዓብያ ተዳኺሙ እዩ ዘሎ ምንም ዓቅሚ የብሉን ብሰንኪ ስድት መናእሰይ እቲ ሞራሉ ሰራዊቱ ድማ ትሑት እዩ ዝብል ሪፖርት ናይቲ ክልተ ዓመት ካብ ስራሕ ዝተኣገደ ፈፃሚ ስራሕ ሪፖርት እዩ ተቀባልነት ዝረኸበ:: እቲ ጌጋ ኣብኡ ናብኡ እዩ ዕንክሊል ዝብል::
ናይ ጌታቸው ረዳ ጌጋታት ከምቲ ኩሉ ዝፈልጦ ኣብተን ዘረባታት ብሽሽቅ ኣለዋ:: እቲ ናይ ብሽሽቅ ባህሊ ኣብ ትግራይ ንክሰፍን ዓብዩ ግደ ኣለዎ እዩ ኢለ ይኣምን:: ብመራሒ ደረጃ ከምዚ ዝፃረፍ ዓዲ ናብቲ ተራ ሰብ እንትወርድ ከቢድ ቅልውላው እዩ ዘስዕብ ዋላ ዓመታት ምስ ሓለፈ ከምቲ ሕጂ ዝንርእዮ ዘለና ሎሚ:: ምንም ከይሓዝካ ክንድኡ ምጅሃሩ'ውን መሰከፊ እዩ:: ነቲ ስንፍና ስራሕ ብናይ ጌታቸው መልሓስ ክሽፈን ይኽእል እዩ ዝብል እምነት ብዓል ደብረፅዮን ዘሕደሩ'ውን ይመስለኒ እዩ:: ኣብዚ ብጣዕሚ ዘይተፀበኽዎ በዝሒ ፍሉይ ሓይሊ ትግራይ ከምቶም ማእከላይ ኮሚቴ ዘይምፍላጡ እዩ:: "30-40,000 ይህልው እዩ ዝብል ግምት ነይሩኒ":: መን ድኣ እዩ ዝፈልጥ ኣባል ፈፃሚ ስራሕ እንድሕር ዘይፈልጥ ኮይኑ ክንደይ ሰራዊት ከምዘለና? እሱ ጥራይ'ውን ኣይኮነን:: ናይ ምቹካልን ክፍፀሙ ዘይክእሉ ቃላት ኣቀዲምካ ምዝራብን ፀገም ፀገም ትርአይ እያ:: ኣብ ፀገም ንዘሎ ህዝቢ ዘይተፈፅሞም ፕሮሚሳት ምእታው ትኽክል ኣይኮነን:: ብቃል ክሸወድ ዝኽእል ህዝቢ ሎሚ ከም ቀደም የለን::
ናይ ብሓቂ ግራ እዩ ኣትዩኒ ኣብ መጀመርያ:: እቲ ሓደ ኣባል ተኣጊዱ እንተነይሩ እቲ ሓደ ኣባል ድማ ኣክቲቭ ዘይሳተፍ እንተዘይነይሩ ትግራይ ብ3 ሰባት ጥራይ እያ ትምራሕ ነይራ ማለት ድዩ ኢለ ሓቲተ እየ ንባዕለይ:: ጌታቸው'ውን ክሕተት ኣለዎ ነዚ ኩሉ ዕንወት:: ናብ ሓደ ሰብ ምልኻኽ ትኽክል ኣይኮነን:: ኣብቲ ቦታ ኮይኑ እንዳተበሻሽቀ ሓያል ተዋሳኢ እዩ ነይሩ:: ክንደይ ሰባት ተራሲኖም እዮም ብናቱ ዘረባ:: ኣብቲ ዘረባ ጥራይ እየ ነይረ'ውን ብዙሕ ተቀባልነት ኣይህልዎን::
ብዝፀናሓኹ ቁፅሪ ግን ብዙሕ ነገር ኣስተውዒለ:: ብዙሓት ቃላት ብፖለቲከኛታት ይባኽኑ እዮም:: መትከል: መስመር: ሓድነት: ፅንዓት...ኩሉሻብ ብመራሕቲ ህወሓት ዝትሰምዐን ኣብ ባዕሎም ግን ዘይርከባ ኮይነን እየ ረኺበየን:: ኩሉሻብ ገለ ድራማ ኣሎ:: ማለት ብጣዕሚ ኣናእሽትን ነገራት ናብ ገዚፍ ፀገም እንትቅየሩ ርእየ እየ:: ሎምዓንቲ ምስ ኣለም እንተውዒለ ኣብቲ ጌታቸው ዘሎ ዝተስማዕማኸሉ ሓሳብ ወድያው ይቅይሮ:: መስመር ሒዝካ ምጉዓዝ ንባዕሉ ኣጀንዳ እዩ ዝኸውን:: ምክትል ስለዝኾንኩ ኣብ መስርዕ ኣነ ክቅድም ኣለኒ ብዝብል ክርክር ነዊሕ ጭቕጭቕ ክህልው ይክእል እዩ:: ዘሎ ዘይምስናይ በትሪ እስካብ ምውጥዋጥ ዝበፅሐሉ ኩነታት ብዙሓት ክምስክሩ ይኽእሉ እዮም:: ምንም ሰራዊት ኣብ ዘይትመርሓሉ እዋን ከም ውግእ ትመርሕ ኮይንካ ጎናጎኒ ኮፍ ኢልካ ነናይ ባዕልካ ሬድዮ ርክብ ሒዝካ ኣብቲ ድማ እንዳተካሸሑ ራድዮ ርክብ ብዘይምሓዞም ክሳቀዩ ትርእይ ኢኻ:: እቲ ናይ ቅንዕና ፀገም ከምዘሎ ኮይኑ ኣነ ጥራይ እየ ንትግራይ ከድሕና ዝኽእል ዝብል ኣተሓሳሰባ

ብሰፊሑ ኣስተውዒለ እየ። ዝፍሓሱ ዝነበሩ ተንኮላት ብጥንካረ ኣዘዝቲ ሰራዊት ተዘሓሒሎም እምበር ቀደም ፈሪስና ምሃለና። ፍልይ ዝብል ጌታቸው ዋላ እንተኾነ እቲ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ምፍሕፋሕ ንምእላይ ዘሕልፎ ግዘ መሰከፊ እዩ። ዝገርመኒ ንየካቲት ፲፩ ደብረፅዮን ናይ ሰላም ዕማመ ኢሉ ልመና ዝመስል መግለፂ እንተውፅእ ኩሎም ኣንፃሩ እዮም ተሰሊፎም። ናብ ተረገይ ክንከይድ ድሓር ኣኼባ ከገብሩ ዝተሓሰበ ሓሳብ ዋላ እንተነበረ ኣይንመፅእን ብዓልካ ንዓ ተባሂሉ ከይፎተወ መፂኡ ነቲ መግለፂ በይኑ ምውፅኡን ኣብቲ ሓሳብ'ውን ጌጋ ከምዘለዎን ኣሚኑ ይቅርታ ንክሓትት ብናይ ወዲ ኣሽብር ሽምግልና ሓቲቱ እዩ። እቲ እስካብ ዝመፅእ ዝነበረ ክንደይ  ማእከላይኮሚቴ ሒዙ ኣሎ እሱ ክንደይ ምሳና ኣለው ተባሂሉ ዝነበረ ካልኩሌሽን'ውን መሰከፊ እዩ። እቲ ማእከላይ ኮሚቴ ከም በጊዕ ክንደይ ኣለውኒ ተባሂሉ ክቁፀር ምርኣይ'ውን መሕፈሪ እዩ። ንምጥቅቃዕ ጋእ ኣይብሃልን። ዘይፍለጥ ፋይል ሰብ የለን። ሓድሽ ሰብ፡ ምሁር ዝብሃሉ ብጥርጣረ እዩ ዝርአ። ክምኡ ኮይኑ'ውን ግን ጌታቸው ኣብ ቅንዕና ዝትብል መዐቀኒት ካብቲ እክብ ብብዙሕ ደረጃ ይሕሽ። ምስ ሰራዊት ዝነበሮ ቅርበት ካብ ናይቶም ቆላሕ ኢሎም ዘይርእይዎም ፈፀምቲ ይሕሽ።
እቲ ዘይምስናይን ንኒባዕልካ ምጥርጣር ን ምጉጅጃልን ኣብቲ ቃልሲ ምውዳቕ ናይ ባዕሉ ኣስተዋፅኦ ኣለዎ እዩ። ካብ ቀለልቲ እስካብ ከበድቲ ሓደጋታት ብሰንኪ እቲ ናይ ውሽጢ ሕመቅ ተበላሽዩ እዩ። ሓደ ዝኾነ ፈፃሚ ነቲ ወታደራዊ ኣካል ክሃንፁ ዝኽእሉ ፕሮግራማት ኣብ ምቕራፅ፡ ናይ ዲሲፕሊን ኮነ ናይ ከተማ ኣደረጃዋታት ኣብ ምጥያሽ እዩ ክውዕል ነይሩዎ። ክፍሊ ህዝቢ መራሕቲ ሰራዊት እዮም ስሪሑሞ። ካልእ'ሞ ይትረፍ ናይ ወፃእ ጉዳያት ብቀጥታ ዝምልከቶ ጌታቸው እስካብ ሰነ ዝኣትው ሳትፎን ካብ ግንባር ኣዛዚ እንዳለመነ እዩ ዝጥቀም ነይሩ። ምስ ደብረፅዮን ግን ክልተ እየን ነይረን።
ንምንታይ ግዘ መሪፅካ ትፅሕፍ ኣለኻ ሕጂ ዝበሉኒ ኣለዉ። እወ! ግዘ መሪፀ እየ ዝፅሕፍ ዘለኹ። ኣብ መቐለ ተኣኪቡ ዘሎ መሪሕነት ኣብ መገማገሚ ነጥብታት ይካታዕ እዩ ዘሎ ኣብዚ እዋን እዚ። ገሊኡ ድሕሪ ፕሪቶርያ ኢና ዝንገማገም እንትብል ገሊኡ ድማ ካብ መጀመርያ ዝብል ኣካል ኣሎ። ናይ ውግንና እንተይኮነ ህዝቢ ብፂሕዎ ንዘሎ ሓደጋ ንምፍላጥ ከመይ ኢልና ናብዚ ኣቲና ዝብል ገምጋም ክቅመጥ ኣለዎ። ካብዚ ግዘ እዚ ጥራይ ኢና ዝንገማገም ዝብሃል እንተኾይኑ እተን ጌጋታት ንህዝቢ ኣቃሊዕኻ እቲ ተኣኪቡ ዘሎ ኣካል እቲ ምሽጥር ወፂኡ እንትርእዮ ተገዲዱ ኣካል እቲ መገማገሚ ኣጀንዳ ንምግባር እዩ። ተገማገሙ/ኣይተገማገሙ ፀገሙ ብዕሊ ዘይፈለጠ ማሕበረሰብ እንደገና ብካልእ ፕሮፓጋንዳ ተመሊሶም ናብ ካልኣይ ብርሰት እንተተወሰደ ምንም ውሕስና የብሉን። ከምቲ ዝትርይዎ ዘለኹም ምዓት ጌጋታት እዮም ሰሪሖም። ገና መቐለ ከይኣተና ክንድዚ ጌጋ ዝረኸብናሉ መሪሕነት እንዳቀፀልና ምስከድና ከመይ መሰከፍቲን እንዳገደዱን ብዙሕ ሰብኣውን ንዋታውን ኪሳራ ከምዝበፅሐ ክትርእዩ ኢኹም።ምኽንያት ውድቀትና ኩላትና ሓደ ብሓደ ዘርዚርና ክንፈልጠንን ክንምሃረለንን እዩ ዝግባእ። እሱ እዩ እቲ መንገዲ ሕውየት።

## ክፋል 8 (ሴፕቴምበር 28 2023 ኣኣ ዝተለጠፈ)

ነወሕቲ ጉዕዞታት; ጥምየት;ቁማል; ውግእ; ፃምእ.. ኣይውዳእን:: ዝትጉዓዞ ይበዝሕ ካብተን ዝትዓርፈን:: እንዳኸደ ድቃሱ ምቁፅፃር ኣብይዎ ዝፀድፍ; ጥምየት ከርፋሕ ኢለ ከብዱ ኃዕፂፁ ዝኸይድ; ጎሮሩኡ ደሪቑ ከዛረብ ዝኣበዮ ኢኻ ዝትርእይ:: ከርከብ ቀስ ኢለ ኢሉ ኣብ እንዳ ገባር ዝቀረየ ይርሸኑ እዮም ዘለው እንዳርከቡ:: ምጉዓዝን ምጉዓዝን እያ ዘላ መማረፂት:: ውሑድ ጥይት; ውሑድ ሰራዊት ስለዘለና ድማ ብዝተኸኣለ መጠን ቀጥታ ናብ ጎንፂ ከእትውና ዝኽእሉ ፅርጊያ መንገድታት እንዳገደፍና ብናይ ጤል መንገዲ ኢና መብዝሕትኡ ግዜ ዝንኸይድ:: መራሒ መንገዲ እንትረከብ ኣብዝሓ ግዝ ብሰላም በቲ ዝትደልዮ መንገዲ እንተብፅሐካ ሓደሓደ ሻብ ግን ፅልምት ምስበለ ፈሪሑ ወይ ሞሊቑ ክከይድ እዩ ክሸን ኢሉ:: ኣበይ ከምዘለኻ ከይፈለጥካ ብፀልማት ክትተርፍ ኢኻ:: ሰብ ኣለሻ ክትዘውር ኢኻ:: ሓደ ቀይሕ ቀሺ ብፀልማት ረኺብካ መንገዲ ሓብር ምስበልካዮ ሰላሊ ናይ ህግደፍ ኮይኑ ክትረኽቦ ኢኻ:: ኣትዮም ብዝሰርሕዎ ግፍዒ ሓሪኑ ቁፅርኻ እንትመልእ ኣብ ሰግሊ 1,700 ኮማንዶ ሸዓብያ ላሽ ክተብሎም ኢኻ:: እቲ ውግእ ተወዲኡ ኢልካ ቦታ ንምቅያር ኣስፋልት እንትትሳገር ሃንደበት ሓንቲ ኦራልን ፓትሮልን ናይ ፒፒ ክሓልፉ እየን:: ሓንቲኣ ውሒጥካያ እታ ሓንቲ ምስኣምለጠት ግን ንስኻ ልዕሊ ኣርብዓን ገለን ስዓታት ተኃዊዝካ ኣለኻ; ክልተ ምዓልቲ እኽሊ ኣይጥዓምካን; ክልተ-ሰለስተ ውግኣት ሓሊፍካ ኣለኻ; ጉልበትካ ሰንሰን ኣየን ኢለን ዘለዋ; ኣብ ልዕሊኡ ድማ ልደትካ እዩ:: ልደተይ እዩ ሎምዓንቲ ምስበልካዮ ንጌታቸው ብመድፍዕ እያ ክትክበር ዝትመስል ኢሉ ክቅልደልካ እዩ:: ሕጂ መልቃ ዝትብሃል ዓዲ በፂሕካ ኣለኻ::

ሓደሓደ ሻብ ይሰምዕ እየ ምስ ሓለፍቲ ተሾጊጥካ ነይርካ ገለ ዝብሉ ዘረባታት:: ኣነ ኣብ ሰራዊት ነይረ ድሓር እየ ናብ ጌታቸው ዝኸድኩ:: ሓቂ ንምዝራብ ግን እቲ ኣብ ሰራዊት እንዳሃለኹ ዝነበርኩሉ ግዘ ንላዕሊ ንህይወተይ ብጣዕሚ ኣብ ሓደጋ ዘእተኹ ናብ ጌታቸው ምስ ተመደብኩ እዩ:: ኩሉ ዓይነት ቁምቡላ ናባኻ እዩ ዝመፅእ:: እቶም ፀላእቲ ናብ ዝኣተውዎ ዓዲ ኩሉሻብ ናይ መጀመርታ ሕቶኦም ደብረፅዮን ኣሎ: ጌታቸው ኣሎ ዝብል እዩ::ንዕኦም ንምእላሽ ዘይተኣተወ ጉድጋድ የለን ምባሉ ከም ምግናን ክቁፀር የብሉን:: ኣብ ደንበሾ ዝብሃል መውፅኢ ገርዓልታ ሓደ ኮማንዶ ፒፒ ናብ ገደል ፀዲፉ ሞይቱ እዩ ናብ ባዕቲ ከኣትው ክብል; ኣብ ጅጅቐ'ውን ተመሳሳሊ ታሪኽ:: ኣብ ሰግሊ ብዓል ጌታቸው ናባና በይኖም እንትመፅኡ ናይ ሓሶት ኣብዚ ንደብረፅዮንን ንጌታቸውን ቀቲልና ቀቢርናዮም ኢሎም ቪድዮ ምስቀረፁ ድሕሪ ዝተወሰነ ምዓልቲ ብናይ ባዕሉ መቃብር ረጊፁ እዩ መፂኡ ናባና:: ከሉሻብ ግን ሓደጋታት ከምዘለው እዮም:: ሓበሬታ ድዮም እንዳረኸቡ እንድዒ እቲ ዒላማ ናባና እዩ ኩሉ ግዘ ዘትኩር:: ናይ የካቲት 5 ኣብ ማልቃ ግን እታ ዝኸፍኣት እያ ነይራ:: ኩሉ ተዳኺሙ ምኻድ ኣብይዎ ኣብ ሓደ ገዛ እንትንዓርፍ ብፍርቂ ስዓት እንተይፀንሐ ናብታ ገዛ መዳፍዕ ምዝናብ ጀመሩ:: ስናይፐር ጥይት እንዳፋፀየ ብእዝንኻ ዝሓልፍ እዩ ዝመስለካ:: ዝተዋደደ መጥቃዕቲ እዮም ዘካይዱ ዘለው:: እተን ዝቱከሳ ድማ ናባና እየን ዝመፅኣ ዘለዋ:: ድሕሪ 12 መድፍዕ ምቁፃር ኣቋሪፀ:: ዕድለኛታት ኮይንና ኣብ ሓመድ እዩ ዝዓርፍ ዘሎ እምበር ከምቲ ቅርበቱ ብፍንጣሪ ቦሻዕሻዕ ምበልና:: ኣግሊስና እንተበልና'ውን ተባራሪ ጥይት ዳርጋ ረኺብና ነይሩ:: እቲ ሓደጋ ግን ኩሉሻብ ነይሩ እዩ::

እቲ መሪሕነት ግን ነኒባዕሉ ኣብዚ እዋን እዚ ኣይሳነይን ዘሎ:: ኣይሳነይን ዘሎ ጥራይ'ውን እንተይኮነ ፈፂሙ ተቆራሪፁ እዩ ዘሎ:: ብቀጥታ ርክብ ንዘይምግባር በቶም ወታደራዊ ኣዘዝቲ ገይሩ እዩ መልእኽቲ ዝመሓላለፍ ዘሎ:: ዳርጋ ክልተ ወርሕን ፈረቓን ነኒባዕሉ ተናኺሱ ዋላ ሓንቲ ኮንታክት ኣይገበረን:: ብዓል ደብረፅዮን ምስ ኣብዝሓ ማእከላይ ኮሚቴን ሰራዊትን ብኣንፈት ተከዘ እዮም ዘለው:: ኩሉ ምስ ፈረሰ 4 ቲኦም ፈፀምቲ ስራሕ ዓጀብቶም ጥራይ ሒዞም እዮም ነዊሕ ተጉዒዞም:: ኣብቲ ምፍራስ ድብረፅዮን ሰራዊት ሒዙ ገዲፍዎም እዩ ከይዱ:: ንዕኦም ጥራይ እንተይኮነስ ነቶም ዓበይቲ'ውን ከምኡ ከምዝገበሮም እየ ስሚዐ:: ናይታ ቀዳመይቲ ጥራይ እየ እርግፀኛ ኮይነ ዝዛረበላ; ሓደ ምዓልቲ ነዛ ሕቶ ባዕሉ ክምልሳ ይኸውን እዩ ኢለ ግን ተስፋ ይገብር እየ:: መግለፂ ለካቲት 11 በይኑ ፅሒፉ ምስኣውፅኦ ናብኡ ከይድና ክንቀላቐል ዝነበረ ትልሚ ብሕርቃን እቶም 4 ንክተርፍ ተገይሩ ተደልዩ ባዕሉ ንክመፅእ ተባሂሉ'ውን ብሚኒባስ መፂኡ ንመጀመርያ ግዘ ድሕሪ ምፍራስ ኣብ ማይ ተኸሊ ዝትብሃል ከባቢ ሳምረ ዝኾነት ዓዲ ለካቲት 10-12 እቶም ፈፀምቲ ተራኺቦም እዮም:: ሳምረ ከተማ ተኸይዱ'ውን ድሕሪ  ነዊሕ ብወዲ ኣሸብር ዝተመርሐ ናይ ሽምግልና ፕሮግራም ንከተዓረቑን ደብረፅዮን'ውን ይቅርታ ንክሓትት ተገይሩ እዩ:: ወዲ ኣሸብር ባን-ኪ-ሙን ዝብል ቅፅል ሽም  ሂቦምዎ ምንባሮም ይዝክር እየ በቲ ሸው ግዘ::

ብሓደ ገፅ ደብረፅዮን ናይ ባዕሉ ስራሓትን መደባትን እንዳሃበ ዋላ እንተፀንሐ ብካልእ ሸነኽ'ውን እቶም ኣርባዕተ ነናይ ባዕሎም ስራሓት እዮም እንዳሰርሑ ፀኒሖም:: ናይ ሓባር ናይ ቃልሲ ፕላን ክነውፅእ ኣለና ዝብል ኣጀንዳ ኣብ ሳምረ ተላዒሉ'ውን ስምምዕ ተገይሩ እዩ:: ናብ ደቡብ ኣንፈት ምስ ኣቅናዕና'ውን ኣብ ጋብላ ዝብሃል ዓዲ ስሩዕ ናይ ማእከላይ ኮሚቴ ምድባት; ናይ ካድረ በቦትኡ ናይ ምትሓዝ ስራሕቲ'ውን ተሰሪሖም እዮም::

ሓደሓደ ክትዓት ብተደጋጋሚ ይሰምዕ እየ:: ህወሓት ነቲ ቃልሲ መሪሓቶ ድያ ኣይመርሐቶን ዝብል ሕቶ መልሱ ኣብ ጋብላ እዩ ዝረከብ:: እስካብ ጋብላ ዝንበፅሕ እቶም ወታደራዊ መራሕቲ ኣብ ልዕሊ እቲ ናይ ወታደራዊ ስራሕቶም ኣዳቢሎም ናይ ፖለቲካ ስራሕ'ውን ይሰርሕዎ እዮም ነይሮም:: ሎጅስቲክስ ምትእኽኻብ, ጥይት,ብረት, ምልመላ መንእሰይ ናቶም ስራሕ እዩ ነይሩ::

ፖለቲካዊ መራሕቲ ኣይተሳተፉን ማለት ግን ኣይኮነን:: ብዓርሰ ተበግሶ ምስ ወታደራዊ መራሕቲ ተዋዲዶም ፅቡቕ ስራሕ ዝሰርሑ ኣባላት ማእከላይ ኮሚቴ ከምዘለው ክኽሓድ ዘይብሉ ሓቂ እዩ:: ዝብሎ ዘለኹ ግን ውድብ ከም ውድብ መደባት ሂባ; ካድረታታን ማእከላይ ኮሚቴኣን ዘዋፈረት; ብተዘዋዋሪ'ውን ነቲ ቃልሲ ክትመርሕ ዝፈተነት ካብ 4ይ ወርሒ ጀሚራ እዩ::
ሕጂ ኮይነ ክሓስቦ እንተለኹ ጋብላ ከም መፍትሒ ዝመስሉ ኣንፈታት ሒዛ ዋላ እንተመፅአት ናይ ባዕላ ጣጣ'ውንኣለዋ እዩ እስካብ መቐለ ምስ ኣተና ዝተኸተለናን ድሓር ድማ ሰባት ንክእሰሩ ዝገበረን:: በበይኖም እንዳሃለው ድብረፅዮን መተሓባበሪ ሎጅስቲክስ ከተማ መቐለ ከንቲባ ኢንጅነር ኣርኣያ እንትሸውም ብካልእ ኣንፈት ድማ ኣለም ንባዕላ እታ ናይ መተሓባበሪ ሎጅስቲክስ ከተማ መቐለ ንግንባር ደቡብ ዝትብል ስራሕ ኢንጅነር ኣርኣያ እስካብ ዝመፅእ ንብርሃነ ገ/የሱስ ሾይምዎ እዩ:: እሱ ከይኣክል ድማ ንኢንጅነር ኣርኣያ ኣብ ቦትኡ ከምዘሎ'ውን ተሓቢርሉ እዩ:: ንሓንቲ ቦታ 2 ሰብ እዩ ተመዲቡ:: እዚ ድማ ዓርሱ ዝኽኣለ ሓያል ንሕንሕ እዩ ፈጢሩ:: ህዝቢ ደቀይ ይቃለሱ ኣለው'ሞ ክሕግዝ ኢሉ ዘተኣኻኸቦ ሎጅስቲክስ ሓዲኡ ኣካል እንዳደወለ ናብቲ ሓደ ከይትህቡ ናባይ ኣምፅእዎ እንዳበለ ክፍጠሩ ዘይግብኦም ምድንጋራት ንክፍጠሩ ገይሩ እዩ:: እዚ ንሕንሕ ናብ መቐለ ምስ ተኣተወ'ውን ሓያል ዝብሃል ናይ ምንሕናሕን ምጉጅጃልን ሃልኪ ፈጢሩ እዩ:: እሱ ከይኣክል ድማ ብግዕዝይና ብዝብል ሰፋሕቲ ናይ ሽም ምጥፋእ ወፍሪ ብልምዓት ጉጅለ; ኣብ ናይ ቀበሌ ኣኼባታትን ተባራሪ ወረቓቕቲ ብምብታንን ነቲ ደብረፅዮን ናብ ቅድሚት ብመስከረም ዘምፅኦ ከንቲባ ከተማ መቐለ ዶ/ር ገብረመድህን ቅድሚ ቤት ፍርዲ ምቕራቡ ሽሙ ብሙሉእ ነባራይ ከተማ ንክፅልም ብምግባር ተሰሪሑ እዩ:: ድሕሪኡ ድማ ንልዕሊ ዓመት ኣሲሮም ኣብ ቀረባ እዋን ፈቲሖሞ እዮም:: ኩለን በቲ ናይቲ ቤት ፅሕፈት ተግኒሐን ሽሙ ኣብ ህዝቢ ዝጠፍኣለን ፀለመታት'ውን ብቤት ፍርዲ ውድቂ ተገይረን እየን::
እዚ ጥራይ ግን ኣይኮነን ናይ ጋብላ ዝገርም ፍፃመ ዝነበረ:: ጌታቸው ረዳ ብሰንኪ ስንፍናና ነዚ ህዝቢ ናብ ሓደጋ ኣኣቲናዮ ኣለና:: መቐለ ምስ ኣተና ኩላትና ካብ ስልጣን ክንወርድ ኣለና ዝብል ቅዋም ምሓዙ ንኩሉ ዘደንገፀ ክስተት እዩ ነይሩ:: ንምንታይ ክምኡ ትብል ገለ እንትብልዎ ንህዝቢ ትግራይ ብጣዕሚ በዲልናዮ ስለዘለና ንሕና ክንመርሖ ኣይግብኣናን እዩ ኢሉ:: ማንም ዝተቀበሎ ሰብ ኣይነበረን:: ብዙሓት ምስ ውግንና ከተሓሕዝዎ ከም ዝኽእሉ ዋላ እንተገመትኩ ግን ሓንቲ ሓቂ ከይተዛረብኹ ክሓልፍ ኣይደልን ኣብዚኣ:: ካብ ማንም ንላዕሊ "ጣዕሳ" ዝትብሃል ነገር ዝርኣኹሉ ሰብ እንተሃለወ ጌታቸው ረዳ እዩ:: ብዙሕ ግዜ ዘስተውዐልክዋ ነገር እያ:: ብዙሓት ኣብዚ እንትፅሕፍ ኮርየ ወይ ተባኢሰ ዝመስሎም ሰባት ከምዘለው ይግምት እየ:: ዝኣመንኩሉ እየ ዝዛረብ ዘለኹ:: ምኽንያት ውድቀትና ይኹና እየን ኢለ ዝኣምነን ንምውፃእ ክፍትን እየ ኣብ ማንም ዋላ እንተዓለባ ፀርፍን ፀለመን ከይሓወስኩ:: ካብኡ ብዝዘለለ ግን ንጌታቸው የኽብሮን ይፎትዎን::
😐ድሕሪ ነዊሕ እዋን ክቅፅላ እየ::

## ክፋል 9 (ኦክቶበር 1 2023 ኣኣ ዝተለጠፈ)

ከም ማንም በረኻ ዝወረደ ሰብ ኹይኑ ሓደ ሰብ ዝምስክራ ሓንቲ ነገር እንተሃለወት፤ ፀባይ ሰብ ከመይ ፈትፊትኻ ከም ትፈልጦ እዩ:: ኣብ ከተማ ኮይንካ ዝትፈልጦ ዝመስለካ ዝነበረ ሰብ ኣብ በረኻ ምስወረድካ ካልእ ኮይኑ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ:: ስራሕ: ቴሌቭዥን: ስልኪ: ዓራት: ሻወር... ምዓት ኣማራፂታት እዮም ዘለውኻ ኣብ ከተማ ኮይንካ:: እቲ ዝንፈልጦ ኢልና ዝንሓስቦ ሰብ ስልኪ እንትዛረብ: ቴሌቪዥን እንትርእይ: ሻወር እንትወስድ...ዘጥፍኦ ግዜ ካባኹም ብኣካል ተፈልዩ ወይ ድማ ብሓሳብ ናብ'ቲ ዝርእዮን ዝዛረቦን ርሒቑ እዩ ዝኸይድ:: ርሒቑ ብዝኸደ መጠን ድማ እቲ ፍልጦኹም ኣብተን ዘይተፀመደለን ግዜያት ጥራይ እዩ ዝኸውን:: ኣብ ማቻ እንተኾይንካ ድማ ምዓት ኣማራፂታት ስለዝሓዝካ እቲ ፍልጦ ናይ ላዕሊ ላዕሊ እምበር ይፈልጦ እየ ዝትብሎ ሰብ ውሽጡ እንትቕልዖ ምንም ከምዘይትፈልጦ እዩ ዝርደኣካ:: ኣብ በረኻ ግን ካልእ ታሪኽ እዩ ዝኸውን ዘሎ:: ሓደ ናብራ ከርፋሕ ናብራ እዩ ንክትብሎ ከም ተጋዳላይ ክትጉዓዝ ኣለካ: ክትጠምይ: ክትፀምእ: ክትረስሕ: ክትቁምል ኣለካ:: እዚ ኩሉ መከራ እንዳርኣኻ ግን ምስቲ ኣብ ጎንኻ ዘሎ ተጋዳላይ ፍሉይ ቅርበት እዩ ዝህልወካ:: ማይካ ማዩ እዩ: ኣብ ጁባኻ ዘላ ምሽባሕሪ በይንኻ ኣይትቐርጥማን: እተን ቁማል'ውን ብፅባሒትኡ ናብኡ እየን ክሰግራ:: ኣብታ ከተማ ዘላ ሰሙን ናብታ በረኻ እንትመፅእ ከም ሓደ ምዓልቲ እያ ንውሓታ:: ኩሉ ርእሲ ኢኻ ተልዕል: ናይ ልብኻ ኢኻ ዝተውፅእ:: ብፃይነት ዝብልዋ ነገር ናይ እማን ጥዕምቲ እያ::

እዚ ግን ናይቲ ተጋዳላይ እየ ዝዛረብ ዘለኹ:: ኣመራርሓ እንተኾይንካ ካብ ትጅመር ክሳብ ዝትውዳእ ኩላ እታ ቃልሲ ብጐይቍ እያ ዝትውዳእ:: ኣዘዝቲ ሰራዊት ኣብቲ ናይ መጀመርታ ምዕራፍ ኣብቶም ፖለቲካዊ መራሕቲ ዝነበሮም ኣመለኻኽታ ናይ ሕርቃን እዩ ነይሩ:: ገለ ካብቶም ፖለቲካዊ መራሕቲ'ውን ብእግሮም እንዳኸዱ ተሳዒርና ፈሪስና ከምዘለና ብዘይምርዳኦም ነቲ ሰራዊት ከመርሑ ክፍትኑ እንተለው ከም ምርኣይ ዘሰክፍ ነገር የለን:: ኣብ ልዕሊኡ ድማ እቲ ኣብ ባዕሎም ዘሎ ቅርሕንቲ ናብ ተራ ፀርፊ ወሪዱ እተን ሰበይቲ ነቶም ብሽም እምበር ብመልክዕ ዘይፍለጡ ሰብኣይ በትረን ከዋቕዓ ሓፍ ምስ ኣበላ እቶም ሰብኣይ'ውን ክገታገቱ ውጥርጥር ምስበሉ ጀነራል ምግበይ መጺኡ፤ “ ENOUGH! ኣይትሓፍሩን ዲኹም ምንም ከይተዳለኹም ናብዚ ኣእቲኹምናስ ሕጂ ድማ ኣብ ቅድሚ ሰራዊት ክትብኣሱ? እዚ ኹሉ መንእሰይ'ኮ ብኣኹም ምኽንያት እዩ ኣብዚ ዘሎ:: ኣነ ብኣኹም ምኽንያት እየ ኣብዚ ዘለኹ:: ንስኺ ምንም ዓቕሚ የብልኪ ኩሉ ከምትኽእልዮ ድማ ንኩሉ ተበላሽዩ!" ይብለን ንወ/ሮ ፈትለ:: ንጌታቸው ኣሰፋ ድማ፣ "ንኣኻ ምንም ኣይብለካን፣ ወንጀለኛ ኢኻ:: ንስኻ ብዘጥፋእኻዮ ኢና ኣብዚ ዘለና" ይብሎ። ምግበይ ነቲ ናይ ቤት ፅሕፈት ህወሓት ሰብኣይ ድማ "ንባዕልኻ ረብሓ ክትብል ዓቕሚ ዘይብሎም ሰባት ናብ ቅድሚት እንዳምፃእኻ ንትግራይ ኣበላሺኻያ" ይብሎ። "እዚ'ኳ ይሕሽ ንስኹም ብዘጥፋኹሞ ወፂኡ ዝዛረበልኩም" ይብል ናብ ጌታቸው ረዳ እንዳመላኸተ::

እቲ ናይ ሕርቃን ስምዒት ግን ኣብ ጀነራል ምግበይ ጥራይ ኣይነበረን:: ሙብዛሕቲኡ ላዕለዋይ ወታደራዊ ኣዛዚ ዳርጋ ክልተ ዓመት ሙሉእ እንዳለመኖም እዩ ፀኒሑ:: "ፀላእትና ይዳለው እዮም ዘለው: ኣንሕና'ውን ንዳሎ፣ ኣፀግዑና'ሞ ሰራዊት ንመልምል" እንትብሉ በቶም ፖለቲካዊ መራሕቲ እዝኒ እዮም ተነፊጎም ፀኒሖም:: ናይ ፀይቂ ብዝመስል መልክዑ'ውን ክንደይ ጀነራል ክሰርሕ እንዳለመነ እንዳሃለወ ሓደ መምህር ተኪኡ ዝብሃል ሰብኣይ እዮም ሓላፊ ፀጥታ ትግራይ ገይሮም ዝሸምዎ:: ሓቆም እዮም ክሓርቁ::

ድሕሪ እቲ ናይ ጋብላ ኣኼባ ካድረታት ነናብ ምድቦም ተዋፊሮም ህወሓት'ውን ብዕሊ ኣብ 4ይ ወርሒ ቃልሲ ምምራሕ ጀሚራ:: እተን ዝተውሃባ መደባት'ውን ምልመላ መናእሰይ ንከካይዱ: ጥይት:ብረትን ስንቅን ናይ ፋይናንስ ሓገዛት ንከተኻኽቡ ዝብላ ነይረን:: ኣብዚ ሓደ ነገር ክትሓዝ ዘለዎ፣ ብዙሕ ሰብ እቲ ዘይምድላው ኣብቲ ቁፅሪ ሰራዊት ጥራይ እዩ ዝመስሎ። ግን ካልእ ምዓት ጣጣ እዩ ዘሎ:: ኣብ ምልቃቕ ከተማ መቐለ ዝተሰርሑ ስሕተታት እስካብ ድሓረ ዋጋ ኣኽፊሎምና እዮም:: ዋና ከተማኻ ዝኣከል ገዲፍካ ናብ በረኻ እንትወፅእ እንተንኣሰ ናይ ከተማ ውዳበታት ክተጣይሽ ኣለካ: ሎጅስቲክስ መተሓባበርቲ ክትምድብ ኣለካ: ናይ ስለያ ስራሕ ዝሰርሑ: ናይ ፈዳይን ስራሕ ዝሰርሑ ሰባት ነናብ ቦትኦም መዳዲብካ እዩ ክውፃእ ዝነበሮ:: እዚታት'ሞ ይትረፍ እታ ዝንኣሰት ዝትብሃል ስራሕ ምስ ዋና ከተማ ዝትራኸበሉ መስመር ኣዳሊኻ እዩ ዝውፃእ ዝመስለኒ ዝነበረ:: ዋላ ሓንቲ ዝተገበረ ነገር ግን ኣይነበረን:: ሱቕ ኢልካ ዝሓዝካዮ ሒዝካ ናብ ቆላ ተምቤን ተሃንዲድካ ምብራር እዩ ዝነበረ:: ካብ ኩሉ ንላዕሊ ዘሕዝነኒ ኣብ ቤት ፅሕፈት ህወሓትን ኣብ ሓወልቲን ተሰኒዶም ዝነበሩ ዝኸረ ተጋደልቲ እቲ ናይ 17 ዓመት ብረታዊ ቃልሲ እቲ ኣመራርሓ ንፁር ዝኾነ ኣንፈት ስለዘይሃበ ናብ ተምቤን ንክወፅኡ ተገይሮም እዮም:: ኣብ'ቲ ናይ ቖላ ተንቤን ምብትታን እውን ሽዓብያ ኣርኪብሎም ነዞም ኩሎም ዶኩመንታት ስውኣትን ህላውን ተጋደልቲ እቲ ናይ 17 ዓመት ቃልሲ: ኣቃፂልዎም እዮም።

ሎሚ ህወሓት ዘለዋ ታሪኽ ኣብ Youtube ዘሎ ጥራይ እዩ: ኩሉ እቲ ታሪኽ ድማ ከይተፅዓነ እዩ ተቃፂሉ:: ናብቲ ሳዕቤን እንትንምለስ እቲ ቃልሲ ካብ ምንም ዓይነት ርከብ ንባዕሉ ብሰንኪ ስንፍንኡ ኣግሊሉ ሓገዝ ጥንክር ዝበለ ሎጅስቲክስ ከይረኸበ ንልዕሊ 3 ወርሒ ፀኒሑ እዩ:: ርክብ ከይፈጠረ ናብ በረኻ ብምውፅኡ ብርክት ዝበሉ ቁሱላት ፍቕዶ እንዳ ገባር እንዳንጠባጠበ

ንክኸይድ ተገዲዱ እዩ:: እስካብ ከተማ ዝበፅሕ ናይ ቃልሲ ምሓውር ምፍጣር ዝክኣለሉ ዕድላት ነይሮም እዮም:: ኣብ ሓደ ሓደ ከባቢታት እንዳ ገባር ዝገደፍናዮም ውቁዓት ሸዓብያ ገዛ ንገዛ እንዳዞረ ረሺንዎም እዩ::

ድሕሪ ጋብላ እቲ ጉዕዞ ናብ ማእኸላይ ዞባ ንምምላስ ዋላ ተሓሲቡ እንተነበረ ፀላኢ ሓበሬታ ስለዝበፅሖም ካብ ሳምረ :የጭላን ኣግበን ተሃንዲዶም ምስመፅኡና ናብ ቀይሕ እምባ እንትንኸይድ ኣብኡ'ውን ከቢድ ቶኽሲ ብዙን ከቢድ መሳርሕታትን ፊትንፊት ሃንደበታዊ ቶኽሲ እንትመፅእ ምብትታን መፂኡ:: ኣብዚ ውግእ እዚ ጀጋኑ ተጋደልቲ ግምባር ደቡብ ስኢንና ኢና:: ሓንቲ ንኩሉ እቲ ኣብቲ ኸባቢ ዝነበረ ተጋዳላይ ብልቡ ዝነብዐላ መስዋእቲ ናይ ኃል በቀለ እዩ ነይሩ:: ቅድሚ ኩናት ዋላ ዘይፈልጣ እንተነበርኩ ኣብ ታዕሊም ናይ ምፍላጥን ነዊሕ ናይ ምውጋዕን ዕድል ረኺበ ነይረ::ጀግና ተጋዳሊት ትግራይ እያ ነይራ::

ናብ ድሕሪት ተመሊስና ናብ ከተማ ቦራ  ከይድና ብዕለት 27 የካቲት:: ናብ ነቅሰገ ተኸይዱ'ውን ናብ ኮረም ምስከድና ን3 ምዓልቲ ውግእ ተልዓለ:: 2 ድፋዓት ምስተሰበረ ጥይት ንዓቅብ ተባሂሉ ናብ በጨቓ ዝብሃል ቦታ ተመሊስና ኣብ ዱር ተሓብኡ ተባሂሉ ሄሌኮፕተር መፂኣን  ፅዑቕ ደብዳብ ኣብ ጥቓና ኣካየዳ:: ናብ ፃታ ተደፊእና ምስከድና ብሓቂ ብደብዳብ ተወዲእና ነይርና:: በቃ ተደራራቢ ውጉኣት እዮም:: ድሓር ይሰምዕ ኣለኹ ብቴሌቭዥን ሰርፕራይዝ ኣለ ተባሂሉ እዩ:: ካብ የካቲት 24 እስካብ መጋቢት 10 ኣብ ወርቃዲኖ እስካብ ዝበፅሕ ዘየቋርፅ ጉዕዞ: ጥምየት: ማይ ፃምእ እዩ ዘሎ:: ኣብ ወርቃዲኖ ብህትወተይ እታ ዝኸበደት ግዘ እያ ኣጋጢሙ:: ዝነበረ ዓቕብ ኮነ እቲ ናይ ሸዓብያ ቶኽሲ ኮነ እቲ ኣባና ዘጋጠሙና መስዋእቲ እስካብ ሽው ዘይለመድናዮ እዩ ነይሩ:: ብሸዓብያ ገፅ ዝበፅሐ ኪሳራ 2-3 ጀነራላት ዘሰውኡን ሙሉእ ሓይሉ ዝበታተነን ዋላ እንተነበረ እቲ ዓወት ንክመፅእ ከቢድ መስዋእቲ እዩ ተኸፊልዎ::  እታ ናይ መጀመርያ ዝተዋደደት መጥቃዕቲ ኣንፃር ሸዓብያ'ውን እያ ነይራ:: ብጣዕሚ ዝቀርቦም ሰባት ዝተሰውኡላ'ውን እያ ነይራ ወርቀዲኑ:: ሽው ንመጀመርያ ግዘ ዋላ እንተመሰለኒ ኣብ ሓለዋ ሓለፍቲ ዝነበሩ ቆልዑ ተሰዊኦም እዮም:: ዝመሰለኒ ዝበልኩ ብዛዕባ ክፍለ ሰራዊት ሙሴ በቲ ሽው ግዘ ስለዘይፈልጥ እዩ:: ክፍለ ሰራዊት ሙሴ እቶም መራሕትና ይተሓዙ'ዶ ብፀላኢ ወይስ ንዋደቐሎም ዝብል ሕቶ ንኣባላት ሰራዊቱ ሸደን እንትሓትቶም ትግራይ በዘይ መራሒ ክትተርፍ የብላን ኢሎም ኩሎም እቶም ኮማንዶታት ወሲኖም መራሕቲ ንክሓልፉ ናብ ፊትንፊት ውግእ እዮም ኣትዮም:: እቶም መራሕቲ ንክተርፉ ኣብኡ ተሰዊኦም እዮም:: ብህይወት ዝተረፉ'ውን ተኣኻኺቦም ናይ ኣርሚ 50 መስረቲ ኣባላትን መራሕትን ኮይኖም እዮም:: ወርቃዲኖ በረኻ ካብ ዝወፅእ ንመጀምርያ ግዘ ዝሓመምኩላ'ውን እያ:: ማይ ንልዕሊ ክልተ ምዓልቲ ተይሰተና ተጉዒዝና ሩባ እንትንረክብ ጎይና እንዳሰተና እንዳሃለና ሓደ ብፃይ መፂኡ "ብፆት ንላዕሊ ገፅ እስከ ጠምቱ ኢሉና: ርእይ ነብል ኣለና ልዕል ኢሉ ዝወደቐ ናይ ሸዓብያ ሬሳ ኣብቲ ናባና ገፅ ዝውሕዝ ዘሎ ማይ ኣሎ:: ተቕማጥ ብተቕማጥ:: ድሕሪ እዚ ኩሉ ጉዕዞ እቲ ሰብ ላሕ ኢሉ እዩ ዘሎ: ጥምየት'ውን ነይሩ:: ኣብዚ ሓደ ነገር'ውን ተፈጢሩ እዩ ኣብ መሪሕነት:: ብፃይ ደብረፅዮን መስርዕ እስካብ ዝመልእ ተባሂሉ ጠጠው ኢልና እንዳተፀበና ዓውዓው ኢሎም ኣይክእልን እየ ከምዚ ኢሎም በይኖም ናብ ፀልማት ገፅ ከይዶም ፀላኢ ኣብ ዘይፀረየሉ: ናበይ ከይዶም ተባሂሉ ተኣሊሾም ለካ ጥርናፊ ስሒቶም ካብ ማእኸል ኮማንድ ወፂኦም ምስ ወዲ ኣሸብር ጉዕዞ ጀሚሮም ብፃዕዳ ሳዕሪ ገይሮም ናብ ሓረቕ ከይዶም:: ሓደ ነገር ኣብ ሓረቕ ኣጋጢሙ እዩ ብዕሊ ዘይፈልጦ:: እቲ ተሓሲቡ ዝነበረ ንውሳነታት ንክጥዕምን ነቲ ቃልሲ ክመርሑንብዝብል ምኽንያት እቶም 5 ፈፀምቲ ብሓባር ናብ ከባቢ ፅጌሬዳ ንምኻድ ዝብል ትልሚ ዋላ እንተነበረ ገለ ሓድሽ ብኣሲ ተፈጢሩ  ፈትለ: ኣለምን ደብረፅዮንን ናብ ፅጌሬዳ እንትኸዱ ክልቲኦም ጌታቸዋት ድማ ናብ ዋጅራት ኣቅንዑ:: By now, እቲ ዘይምስዕማዕ ከማይ ዝተላመዶ የለን:: ሱኽ ኢልካ ናይ ድራማ ዓለም እዩ ምዓልታዊ:: ምስ ጌታቸው ኣሰፋ ግን ብዙሕ እንዳተደባበርና ምኻድ ምስጀመርና ኣብ ጋብላ ናብ ሰራዊት ክምለስ እየ ዝፍትን ዘለኹ:: ብሓደ ኣብ ከቢድ ኩነታት እንዳሃለኻ ንኩለኻ እዩ ዝጥርጥረካ:: ኩሉሻብ ገለ ኣዛዚ: መራሒ: ንስኻ ዝተጥቅዖ እዩ ዝመስሎ: ኩሉ እንተለመዶ ኣነ ግን ዘይሙቸወኒ ነገር ኣይሙቸወንን:: ንዕኡ ኢለ'ውን ምድባት ገና ኣብ ሰራዊት ዘይተማልአ ስለዝኾነ ናብኡ ከቅንዕ ኢለዮም ተፈቒዱለይ ከይደ::

ድሕሪ ነዊሕ ጉዕዞ ኣብ ኣራጉረ ዝብሃል ዓዲ'ውን ብፃሕና:: ኣራጉረ ንመቐለ ብጣዕሚ ቀረባ ስለዝነበረት ናብ ስድራ ደዊለ ክዳንን ቅርሽን ንክልኡኽለይ ተናገርኩ:: ሓንቲ ቅያር ክዳን ንልዕሊ 5 ወርሒ እየ ገይረ ዘለኹ:: ኣብ ጁባይ ይዝክር 80 ቅርሺ ጥራይ ሒዘ ንነዊሕ እዋን ፀኒሐ እየ:: ክዳን ምስ መፅኣለይ ዝነበረኒ ታሕጋስ እስካብ ሎሚ ኣይርስዖን:: ዘኒጥና: ቅርሽና ኣብ ጁባና ቢራ ገለታት ንመጀምርያ ግዘ ጥዓምና ምስ ብፆት:: ድሓር ግን ምስ ኮማንድ ተመያይጥና ናብ ጌታቸው ረዳ መሊሶም መደቡኒ:: ጉዕዞ እንደገና ናብ ደቡብ:: ሓደ ወዲ ዓዲ ሒዘ ናብቲ ዘለውዎ እንትኸይድ ግና ኣብ ነዊሕ ውግእ እዮም ዘለው:: ናብ ቀረባ ርሕቀት ዘላ ሙጃ ዓንኃ ከይደ ምስ ጣብያ ኣመሓደርቲን ምልሻን ተፋሊጠ ኣብኡ ከዕቅብ ወሲነ በይነይ:: ስልኪ ሰሪሑለይ ድማ ደወልኩ:: ኣታ! ፀላኢ ሒዙካ ብፌስቡክ የለፋልፈካ እዩ ዘሎ እዩ ዝብሃል ዘሎ ይብሉኒ:: ኣይተረድኣንን ነይሩ ለካ ሃክ ተገይረ እየ ብኢንሳ:: ድሕሪ እታ ምስ ጌታቸው ዝለቐቕናያ ፎቶ እሶም ናብ ስራሕ ኣትዮም ሃክ ገይሮም ዘይኮኑ ነገራት ይፅሕፉ እዮም ዘለው ብኣካውንተይ:: ኢንተርኔት ናብ ዘለዎ ከይደ ከስተኻኽሎ ኣለኒ; ዘይከውን ምስሊ እዩ ዝልቀቕ ዘሎ ኢለ'ውን ናይ 5-6 ስዓት እግሪ ጉዕዞ ገይረ ኢንተርኔት ኣብ ዴላ ረኺበ ኣነ ከምዘይኮንኩን ሃክ ከም ዝተገበርኩን ንኩሉ ኣፍሊጠ:: ናብ ናይ ሚድያ ሰባት'ውን ደዋዊለ ንክዛረቡለይ ተናጊረ:: ንእሽተይ ምዓልቲ ኣብኡ ፀኒሐ'ውን ናብ ዓንኃ ተመሊሰ::

ምስተመለስኩ ግን ክንደይ ወርሒ ምሳይ ዝነበሩ ብፆት ምስ ርኣዩኒ ደንጊፆም:: መቐለ ኣትዩ ሒዞሞ ተባሂሉ ተወርዩ እዩ:: ከምኡ ከምዘይኮነ ኣረዲአ'ውን ሪፖርት ክገብር ናብ ጌታቸው ረዳ ከይደ ኩሉ ኣረዲአዮ; እቶም ጣብያ ኣመሓደርቲ'ውን ክምስክሩለይ

ከምዝኽእሉን ምስኦም ከምዝነበርኩን ኣርዲአዮ ወድያው ድማ ተረዲኡለይ እዩ:: ፅንሕ ኢሉ ግን ኣኼባ ተፀዊዑ ከደ:: ምንም ኣይመሰለንን ሽዑ ናብ ጌታቸው ኣሰፋ ከይደ ሰላም ክብሎ እንተኸድኩ'ውን ገፁ ኣዚሩለይ ከይዱ እዩ:: ብዓል ጌታቸው ረዳ'ውን ብዓይኖም ክከታተሉኒ ምስትውዓል ጀሚረ ኣለኹ ገለ ከይከውን ኢሎም:: ድሓር ግን ሰሚዐ:: እቲ ጌታቸው ዝኸደሉ ኣኼባ ብጌታቸው ኣሰፋ ዝተፀውዐ ኣኼባ እዩ ነይሩ: እቲ ኣጀንዳ ድማ ኣነ እየ ነይረ:: "መቐለ ቀንዩ እዩ መፂኡ:: ተኣሲሮም ዘለው ወለዱ ከፍትሕ ንዓና ከብልፀና እዩ'ሞ: ስጉምቲ ወሲድና ቦታ ንቀይር::" በሉ እቶም ሰብኣይ:: ኩሎም ኣብቲ ኣኼባ ዝነበሩ ደንጊፆምን ተናዲዶምን እዮም በዚ ዘረባ እዚ:: ከመይ ገይርካ ካብ ብሕንጣዩ ዝትፈልጦ ወዲ ብፆትካ ዝኾነ ቅልዓ ከምዚ ትሓስበሉ ኢሎም'ውን ከም ዝተቆጥዕዎ ሰሚዐ እየ:: ሓቅም እዮም:: ካብ ብቆልዓይ ዝፈልጠኒ ሰብኣይ ምንም መረጋገፂ እንተይብሉ ከምዚ ዝወሰነለይ ንካልእ'ከ ከመይ እዩ የብል እዩ:: ኣብቲ ቦታ እቲ ዝልዓለ ሓላፊ'ውን እሱ ምኾነ ኣብኣ ከምዝተርፍ ምንም ጥርጥር የብለይን:: ምስ ኩሉ ዋላ ኣይስማዕማዕ እምበር ክንድዚ ዝኣክል ግን ክጭክን እዩ ኢለ ሓሲበ ኣይፈልጥን ነይረ እስካብ እታ ናይ ፕሪቶርያ ምፍርራም ዝትመፅአ:: ብዓል ጌታቸው ረዳ ናብ ፕሪቶርያ እንተቅንዑ ጌታቸው ኣሰፋ ነቲ ውግእ ንከቀፅል ናብ ዝተፈላለዩ ኣርሚ ኣዘዝቲ እንዳኸደ ዳርጋ ኣብ እግሮም ወዲቑ እዩ:: እቶም ዝኸዱ ጠሊሞምና እዮም ዘለው ንዋጋእ ኢሉ ብተደጋጋሚ ናብ ኣዘዝቲ ምስከደ ወዲ እምበይተይ "እዚ ኩሉ ውግእ ኣሕሊፍናስ ንእሽተይ ናይ ሰላም ኣፋፍኖት እንትንረክብ ንስኻ ዝትቃወመሉ ነገር ኣይተረድእንን: ንስኻ ኣብ ሰላም ክትነብር ስለዘይትክእል ንካልእ ክትመላላእ ኣይግባእን:: ንዓኻ ኢሉ ዝዋጋእ ሰራዊት የለን" ኢሉ ካልኣይ ምዓልቲ ከይምለስ'ውን ተነጊርዎ እዩ:: ኣብ ህይወተይ ብዙሕ ዓይነት ሰባት ርእየ እየ ከምዚ ሰን ግን ነብሱ ዝፎትው ሰብ ርእየ ኣይፈልጥን ብሓቂ:: ካብታ በረኻ ጀሚራ እስካብ መቐለ ትርእየን ነገራት መሰከፍቲ እየን:: ኣብ ቀረባ ናብ ናይ ማእከላይ ኮሚቴ ኣኼባ ሽጉጥ ሒዞ ክኣትው እየ ኣይትኣቱን ብዝብል ኮርዩ ኣኼባ ኣይተሳተፈን ኢሎሞ ኣይገረመንን:: ዝገረመኒ ነገር እንተሃለወ በቲ ማእከላይ ኮሚቴ እዩ:: ብዓል ስየ ዶ ታይ ገይሮም እዮም? ኣዜብ'ከ ታይ ዶ ገይራ እያ? ነቲ ናይ ውድብ መስርሕ ብግልፂ ጥሒሱ እንዳሃለወ ናይ ምእጋድ ዓቕሚ ኸማን የብሉን:: ፍሽለት! ሓቁ እዩ ድማ ምግበይ ወንጀለኛ ኢኻ ኣብቲ ምጅማር እቲ ቃልሲ ዝበሎ:: ንዓይ ከይተረፈ ቀቲሉኒ እዩ ነይሩ ብዓል ጌታቸው ረዳ: ወድ ኣሸብርን ካልኦትን እምቢ ዘይምበልዎ:: ከምዚ ዓይነት ሰብ ትግራይ ናይ ምምራሕ ሞራል ክህልዎ የብሉን:: ፀለመታት ክመፅኡኒ እዮም ሎሚ ቅነ ከምኡ ስለዝገብር; ዘኽስስ ነገር እንተረኺብካለይ ኪድ ክሰስ እቲ ፀለመ'ኳ ለሚድናዮ ኢና:: ዝፈርሕ ሰብ ግን የለን ኣብዚ:: ኩለን ድማ ክወፅኣ እየን::

## ክፋል 10 (ኦክቶበር 7 2023 ኣኣ ዝተለጠፈ)

ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህወሓት ብየካቲት 2013 ዝተበሰረትላ ቁሸት ጋብላ እንዳተመላለስና ዝነዋግዐላ ጉዳይ ክትከውን ናይ ግድን እዩ ዝብል። ኣብ ጋብላ ዝተፈፀሙ ውሳነታት እስካብ ድሕሪ መቐለ እንትእተው ንዝነበሩ ኣብ ውሽጢ ውድብ ህወሓት ንዝተፈፀሙ ዓበይቲ ውሳነታትን ንዝተሰርሑ ዓበይቲ ጌጋታትን መንገዲ ዝለዝኸፈቱ ናብ ጋብላ ብተደጋጋሚ ምምልላሱ ኣግባብነት ይህልዎ። ካብ ኩሉ ንላዕሊ ግን ኣነ ብውልቀይ ውድብ ህወሓት ከመይ ከምዝትሰርሕ ብግልፂ ምርዳእ ዝጀመርኩላ ቦታ ጋብላ ብሙኻና ክመላለሳ ናይ ግድን ይኾነኒ። እስካብ ሕጂ ዝፅሕፎም ዘለኹ ተርእዮታት'ውን ብቅደም ስዓብ ተኸቲለ ዋላ እንተነበረ እዛ 10ይ ክፋል ክፅሕፍ እንተለኹ ግን እስካብ ሎምዓንቲ ንዘለው ሓቅታት ኩሉ ንክርድኦ ብምፅማር እዩ ክኸውን።

ንየካቲት 11 ኣመልኪቱ ደብረፅዮን ኣብ ዘውፅኦ ናይ ሰላም ዕማመ ዝትብል ብድምፂ ወያነ ዝሓለፈት መግለፂት ብጫልቱ: ተወልደን ፃድቃንን ድራፍት ዝተገበረት እያ ነይራ። ኣስተውዒልኩም እንተኾይንኩም እቶም ሽው ዝነበሩ ዜናታትን መደባትን ብዙሕ ዝወፅእ ዜና ስለዘይነበረ ተደጋገምቲ ዋላ እንተነበሩ ናይ ውድብ ዝኣክል መግለፂ ግን ሓንቲ ሻዕ እያ ተነቢባ። ከምኡ ዝኾነ'ውን እቶም ዝተረፉ ስራሕ ፈፀምቲ ነቲ ዝወፅአ ናይ ቃልሲ ፕላን ኮነ ዕማመ ኣትሪሮም ብምቅዋሞም እዩ ነይሩ። ምስ ደብረፅዮን ምስ ተራኸቡ ድማ ንዓና እንተየማኸርካ ኣብ ጁባ ተወልደ: ጫልቱን ፃድቃንን ኣቲኻ ኣለኻ ተብሂሉ ብሓይሊ ተነቒፉ እዩ። ኣብ ጋብላ ምስተበፅሐ ድማ ንተወልደ ካብ ሴንትራል ኮማንድ ንክወፅእ ተገይሩ እዩ። ተቃወምቲ ፖለቲካ ድሓረ ሽግግር መንግስቲ ኢሎም እንትሓትቱ ደብረፅዮን ናብ ማድያ ወፂኡ ወናንቲ እዚ ሕቶ ካልኦት እዮም: እሶም ድኣ ቆልዑት እንድዮም ካበይ ከምፅእዎ ኢሉ እንትዛረብ ነቲ ብ3ቲኦም ባዕሉ'ውን ኣሚንሉ መግለፂ ብሚድያ ንክንበብ ዝፈቀደሉ ሓሳብ ብምዝካር እዩ። ባዕሉ ዝነበረሉ ጉዳይ መፈንቅለ መንግስቲ ተሞኪሩ ነይሩ ክብል እንተሎ ግን ገሪሙኒ እዩ ምስ ሰማዕኸዎ። ድሕሪ ወርቃ ዲኑ 10 ኣብ ዘይመልኣ ገዛውቲ ዘለዋ ቁሸት ኦዕሪፍና እንትንሸይድ ድማ ንጫልቱን ተወልደን ስኢንናዮም ብዝብል ምኽንያት ገዲፍናዮም ከይድና ኢና። ፀላኢ እግሪ እግሪ ኣብ ዝስዕበሉ ስዓት ነዞም ዓብይቲ ብፆት ገዲፍካ ምኻድ እቲ ጫፍ ጭካነ ናይ መሪሕነትና የርእይ እዩ ኢለ ይግምት። ናብ ፅጌሬዳ መፂኦም'ውን ስድታት ከም ዝኾኑ ፊትን ፊት ነጊሮሞም እዮም። ምሳኹም ክንቅፅል ኣይንደልን ኢሎም'ውን እታ ቃልሲ ምስ ምግባይ ተሓዊሶም ወዲኦምዋ እዮም።

ጋብላ እታ ንመጀመርታ ግዘ ነዊሕ ዝፀነሕናላ ቦታ እያ; 9 ምዓልቲ። እስካብ ሕጂ ዝነበረና ክያዶ ክንመያየጥ ኣለና ተባሂሉ ማእከላይ ኮሚቴ ህወሓት ዝተመያየጡላ ቦታ እያ ጋብላ ማለት።መደባት ዝተውሃቡላን ኣንፈት ዝተነፀሩላን ቦታ'ውን እያ ጋብላ ማለት። እስካብ ጋብላ ዝንበፅሕ መደብ ኮነ ኣንፈት ቃልስና ናበይ እዩ ዝከይድ ዘሎ ተብሂለ ዝወፅአ ዋላ ሓንቲ ዝወፅአት ፕላን ኣይነበረትን። ፕላን ምውፅኡ ፅቡቕ ዋላ እንተነበረ ካልእ ሓደጋ ግን ሒዛ መፂኣ እያ ጋብላ። መራሕቲ እስካብ ዝመያየጡ ዝፅበይ ፀላኢ የለን። ነዋሕቲ ኣኼባታት ብምክያዶም ፅቡቕ ገይሩ ዝሓስብ ሰብ ይህልው ይኸውን እዩ ኢለ ስለዝኣምን ከርድእ ዝግደድ ይመስለኒ ኣብዚ። ንሳቶም ኣብቲ እንትእከቡ ፀላኢ እንዳኸበበና እዩ ነይሩ። መደባት ወፂኦም እገለ ናብ ማእኸላይ ዞባ እገለ ናብ ምዕራብ ይኺድ ዋላ እንተተብሃለ ናብ ዓዲ ኣገው(ኣምሓራ) ዝኸድናሉ ምኽንያት እዚ እዩ ነይሩ። ናይ ወርቃዲኑ ውግእ ብቅዓት ቲዲኤፍ ዝተመስከረሉን ንፀላኢ'ውን ሃደሽደሽ ዘበልናሉ ዋላ እንተነበረ እቶም መራሕቲ ኣብ ጋብላ ግዘ ስለዝወሰዱ ተገዲድና ዝኸፈልናዮ መስዋእቲ እዩ ኣብዚ ዘሎ። እዛ ናይ ነዋሕቲ ኣኼባታት ምእካብ ዝትብል ዛዕባ ድሓረ እተይተረፈ ኣብ ደሴን ካልኦት ከባቢታትን ከበድቲ መስዋእቲ ኣክፊላትና እያ(ብግዚኡ ክዛረቦ እየ)። ሕጂ'ውን ተኽፍለና እያ ዘላ።

ብውልቀይ, ጋብላ ብዙሕ ነገር ዝተዓዘብኩላ ዓዲ እያ። ንመጀመርያ ግዘ ካብቲ ዝነበረ ኣፃዳፊ ግዘ ወፂእና ኣብ ጋብላ ዕረፍቲ ዝረኸብናላ ግዘ ስለዝነበረት ንጋብላ ፍሉይ ፍቕሪ ኣለኒ። ኣብ ካልእ ግንባር ምስ ዝነበሩ ብዙሓት ብፆታት ንመጀመርያ ግዘ ዝተራኸብናላ ግዘ'ውን እያ ጋብላ ማለት። ቅድሚ ሕጂ ምንም ናይ ወታደራዊ ፍልጠት ዘይነበረና ሰባት ነቶም ናይ ካልእ ግንባር ተጋደልቲ እንትንርእይ ፀግዕኻ ሒዝካ ዲሽቃ ምቑፃር እየ ነይሩ ስራሕና። እታ ዝዓበየት መሳርሒ ቲዲኤፍ ኣብዚ እዋን ዲሽቃ እያ ነይራ።ኣብዚ ግዘ ምስ ብዙሕ ሰብ ዘዋጋዕኹ እንትኾን ሓንቲ ጉዳይ ግን ፈፂመ ኣይርስዓን። ኣነ ኩሉሻብ ዝመሰለኒ ዝዛረብ ሰብ እየ። ሓላፊ እዩ ወይ ዓብዩ ሰብ እዩ ኢልካ ሓሳብካ ክዕቀብ የብሉን ኢለ ይኣምን። ኣብ ጋብላ ግን ሓደ ፎታዊ ኣፀጊዑ እቲ ንመሪሕነት ዝትነቅፎ ዘለኻዮ ነገር ንእሽተይ ኣዐግሶ; መደባት ይወፅኡ ስለዘለው ሰባት ከይዶም መሐሸከሪ ከይጥቀመልካ'ሞ ኣብ ኣመዳድባ ከይትጉዳእ ተባሂለ። ጋብላ እስካብ ዝንበፅሕ ኣብቲ ናይ ፖለቲካ መደብ ብዝርኣኽዎ ተሰላችየ ስለዝነበርኩ ኣቀዲመ ናብ ወታደራዊ ሓይሊ ክምለስ ኣለኒ ኢለ ወሲነ ምስ ኣዘዝቲ'ውን ተዘራሪበ ፀኒሐ ብምንባረይ እቲ ዘረባ ኣስሒቑኒ እዩ በቲ ግዘ። መደብ ኣብ ዝውሃበሉ እዋን'ውን ብፃይ ኣለም ናባይ ይምፃእ ምስ በሉ ምስ ወታደር ይሕሸኒ ኢሉ ባዕሉ ናብኡ ከይዱ እዩ ከም ዝተብሃሉ ድሓረ ሰሚዐ እየ። ካልእ ናይ ጋብላ ዝገረመኒ; መደብ ምስ ተውሃበ ኩላ ብዓል ዓጀቢ ሙኻና እዩ። ኣብ ሞንጎ ተጋደልቲ ኮይንካ ዓጀቢ ምህላው ነቲ ተጋዳላይ ሻንጣ ተሸካሚ ካብ ምግባር ወፃኢ ካልእ ትርጉም ኣይነበሮን። ንዓዱ ኢሉ ወፂኡ ናይ ሓለፍቲን ናይ ምስ ኣመራርሓ ቅርበት ዘለወን ተራ ኣክቲቪስትታትን ሻንጣ ተሸካሚ ተገይሩ ከም ምርኣይ ዘሕዝንን ዘብሽቅን ነገር የለን። ዝገርመካ ድማ ጌጋ ይሰርሕ ኣለኹ እየ ኢሉ ዝኣምን ሰብ ካብ ተግንዮ ንላዕሊ መሰለይ እዩ ኢሉ ዝሓስብ ኣመራርሓ ዝትረከብ ሙኻንካ እዩ።

ዓሰርተ ሻዕ ናይ መሪሕነት ህወሓት ፀገም እዩ ናብዚ አእቲውና ክብሃል ይስማዕ እዩ። ፀገም እቲ መሪሕነት ተባሂሉ ግን ብሓፈሻ ዝዝረብ ዋላ እንተኾነ እተን ዝብሃላ ጌጋታት ግን እንታይ እየን ተባሂሉ ክዝረብ ኣይስማዕን። እሱ ጥራይ እንተይኮነ ድማ እቲ ጌጋ ብሓፈሻ ንዶ/ር ደብረፅዮን ንምሽካም ዝመስሉ ተርእዮታት ካብ ባዕልይ ጀሚሩ ኣብ ብዙሕ ሰባት ይርአይ እዩ። ሕልፍ ኢልካ'ውን ኩሎም ሓደ እዮም ተባሂሉ ንኩሉ ብሓደ ድምፂ ምፍራጅ ብተደጋጋሚ ዝትዕዘቦ ጉዳይ። ድብረፅዮን ብዙሕ ጌጋታት

ዋላ እንተሰርሐ ኩሉ እቲ ጌጋ በይኑ ኣይሰርሖን። ደብረፅዮን ነቶም ጌጋታት ንክሰርሕ ዘሞቻቸወ ኣካል ኣሎ እዩ። ደብረፅዮን ገለ ጌጋ እንትሰርሕ ናብ ማእከላይ ኮሚቴ መፂኡ ድምፂ ክሓትት እዩ። ዝኾነ ይኹን ሓሳብ ተልዐለ ኣቐዲሙ ዝተኣማመነሉን ድምፅታት ሒዙ እዩ ዝዛረብ ዘሎ ኣብቲ መድረኽ። ነተን ድምፂ ዝእክበን ድማ ቤት ፅሕፈት ህወሓት እዩ።

ንቤት ፅሕፈት ህወሓት ዝመርሑ ኣለም ገብረዋህድ ሽሞም እንትልዓል ዝሕሞ ሰብ ምዓት እዩ። ኔትወርከኛ እዩ; ዓሌታዊ እዩ፡ ከባብያዊ እዩ ዝብል ሰብ ምዓት እዩ። ብዙሕ ብዛዕባ ኣለም ተዘሪቡ መብዛሕትኡ ትሰምዖ ድማ ጌጋ እዩ። ጌጋ ጥራይ እንተይኮነስ ምንም ዝራኸብ ኣይኮነን ምስቲ ናቱ ሕመቓት።

ኣብቲ ናይ እኒ ኣቦይ ዝነበረ ላዕለዋይ ኣመራርሓ ብዙሓት ብስጋ ዝራኸቡ ሰባት ትረክብ ኢኻ። ከምኡ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ እቲ ቃልሲ እንትጅመር ሓው ንሓው እንዳተፀዋውዐ ዝተጀመረ ቃልሲ ስለዝነበረ እዩ ኢለ ይሓስብ። ናብ ስልጣን ምስ መፅኡ ቶሎ ኢሎም ካብዚ ክርሕቑ እንዳተገብኦም ብዘይ ምግባሮም ግን ሓደ ዘውቅሶም ተግባር እዩ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ዘሎ ኣመራርሓ ህወሓት ግን ብስጋ ዝራኸብ ሓላፊ ኣይትረክብን ወይ ድማ ብኢድ ዝቑፀሩ ሰባት እዮም። ናብ ታሕቲ እንትትወርድ ከምኡ ድዩ ዋላ እንተዘይፈለጥኩ ኣብ ላዕሊ ግን ናይ ስጋ ዝምድና ዘለዎ ኣይትረክብን። ብሽባቢ ዝብሃል'ውን ኣሎ እዩ ኢለ ኣይኣምንን። ክንደይ ካልእ ካብኡ ዝዓብዩ ጉዳያት እዮም ዘለው ብዓል እዚኣተን ከም ቁፅሪ ዝቁፀራ ኣይኮናን። ዘመድካ ኮነ ወዲ ዓድኻ ኣብ ፖለቲካ ክክሕደካ ይኽእል እዩ ረብሓ ዝረኸበላ እንተኾይኑ። "ረብሓ" ዝትብል ቃል ኣብዚ ክስመረላ ይግባእ።

ቤት ፅሕፈት ህወሓት ክሰርሖም ዝትፅበዮም ከም ግዚኡ ዝጠልቦም ሓደሽቲ ፖለቲካዊ ሓሳባት ዝሕትቱ ፅሑፋት ምቅራብ; ምስ ህዝቢ ዝተፈላለዩ ዘተታት እንዳዳለኻ ቅርርብ ምፍጣር፡ ኣብ ህዝቢ ፀገማት ዝፈጥሩ ኣመራርሓ እንተሃልዮም ናብ ሕጊ ምቕራብ ዝኣመሳሰሉን ስራሕቲ ክንዲ ዝሰርሑ ኣብ ካልእ ጉዳይ ተፀሚዶም ኢኻ ዝትረኽቦም። እታ ዋና ኣጀንዳ እተን ምሳና ዘየለዋ ድምፅታት ከመይ ገይርና ናባና ነምፅአየን ዝብል እዩ። ሙሉእ ዓቕሙ ነተን ድምፅታት ንዝሓዙ ሰባት ገለ ሕመቕ ኣብ ምእላሽ እዩ ዝውዕል። ዓቕሚ ዘይብሎም ሰባት ናብ ዓበይቲ ሓላፍነት ዝምድበሎም ምኽንያት'ውን እዚ እዩ። ብሆርቲካልቸር ተመሪቕካ ቢሮ ኮንስትራክሽን ትመርሕ ትኽእል ኢኻ ኣብ ትግራይ። ማዕረ ምሳኻ ማእከላይ ኮሚቴ ዝኾነ ኢንጅነር ግን ሓንቲ ኤጀንሲ እዩ ክመርሕ ነቲ ቤት ፅሕፈት ዘይጥዕም ኣቋም ስለዝሓዘ። እቲ ስልጣን ዝዕደል ነቲ ቤት ፅሕፈት ብዘለካ ኣቋም ከም ዝኾነ ግልፂ እዩ። ነተን ድምፂ ንምርካብ ድማ ኩሉ ዓይነት ሕመቕ እዩ ዝጥቀም።

መቐለ ምስ ኣተና ቤት ፅሕፈት ህወሓት ናይ ምግዳል ደረጃታት ኢሉ ሓደ ዶኩመንት ኣውፂኡ ነይሩ። ካብ ሕዳር ዝተጋደለ ደረጃ A; ካብ የካቲት ዝተጋደለ ደረጃ B, ዘይተጋደለ ድማ ደረጃ C ተባሂሉ ንሓለፍቱ ደረጃ ኣውፂኡ እዩ። ደረጃ C ዝብል ደረጃ ዘለዎ ሓላፊ ኣብ ምንም ዓይነትሓላፍነት ከምዘይምደብ'ውን ተገሊፁ ነይሩ በቲ ሸው ስዓት። ብዓል ኣማኑኤል ከይተጋደሉ ነታ 8 ወርሒ ስለዘሕለፍዋ ኣብዚ ደረጃ እዮም ትመዲቦም ዝነበሩ። ብዓል ካልኣዩ(መሬት ምምሕድዳር ኮይኑ ዘሎ ሕጂ) እግረይ ተሰይረ ነይረ ገለ ብዝብል ምኽንያት ዘይተጋደለ ኣብ ደረጃ C እዮም ተመዲቦም ነይሮም። ካብ ምንም ዓይነት ሓላፍነት ተገሊሎም'ውን ነዊሕ ፀኒሖም እዮም። ተገሊሎም ድሕሪ ምፅናሕ ሓሳቦም ኣብ ዝኣመኑሉ ዝዛረቡ ዝነበሩ ሰባት ድሕሪ ኣዋርሕ ናይ ኮፍ ግዞ ኣብተን ናይ ማእከላይ ኮሚቴ ኣኼባታት ንቤት ፅሕፈት ህወሓት ዝረብሑ ሓሳባት ምዝራብን ኢድ ምውፃእን ጀሚሮም። ከምኡ ምስ ጀመሩ'ውን ናብ ስራሕ መሊሶሞም እዮም; ንእስ ዝበሉ ስራሓት ዋላ ይኹኑ እምበር። ንኣማኑኤል ኣብ ናይ ሰራዊት ምስ ናይ ስልጠና ዘተሓሕዝ ቦታ እንትምድቦ ካብ ቢሮ ሓላፊ ሙኻን ንዝመፅእ ሰብ ኣዝዩ ዝተሓተ መደብ እዩ። ፅንሕ ኢሉ'ውን ኣማኑኤል ቀንዲ ኣፈኛ እቲ ቤት ፅሕፈት ምስኮነ እቲ ቤት ፅሕፈት ኣብ ቤት ፅሕፈት ፕሬዚዳንት መዲብዎ እዩ። ግዜያዊ ምምሕድዳር ምስ መፅአ'ውን ሓላፊ እቲ ቤት ፅሕፈት ገይሩ ሾይምዎ እዩ። ስራሕ ኣማኑኤል ነቲ ፕሬዚዳንት ምሕጋዝ ዋላ እንተኾነ ቀንዲ ስርሑ ግን ነቲ ምንቅስቃስ ፕሬዚዳንት ነቲ ቤት ፅሕፈት ምስላል እዩ ኮይኑ ዘሎ። ኣብዚ ዘሎ ምውጥዋጥ ናብ መሬት እንትትሽረፍ ንትግራይ ተባሂሎም ዝተልኣኹ ደብዳበታት ናብ ፕሬዚዳንት እንተይበፅሑ ተጨውዮም ብቀጥታ ናብ ቤት ፅሕፈት ህወሓት ዝኸዱሉ ኣጋጣሚ እዩ ተፈጢሩ ዘሎ ኣብዚ ግዘ እዚ።

እቲ ቤት ፅሕፈት ነተን ድምፂ ንምርካብ ኢሉ ስልጣን ከም ዋና መደለሊ ነጥቢ እዩ ዝጥቀመሉ። ፅቡቕ ዝተዛረበ ስልጣን ይውሰኽሉ። ዘይጥዕም ነገር ዝተዛረበ ይንሳፈፍ። ብርሃነ ገ/የሱስ ቀንዲ ተቓዋሚ እቲ ቤት ፅሕፈት ስለዝኾነ በቲ ዘውፅእዎ ሮቅሓ ደረጃ A ዋላ እንተረኸበ እስካብ ሎሚ ማእከላይ ኮሚቴ ህወሓት ኮይኑ ምንም ምደባ ዘይብሉ ሰብ እዩ ሓደ ኣብነት ንምጥቃስ። ዝኣመንካሉ ሓሳብ ንከይትድግፍ ወይ ንከይትቃወም ሓደግኣ ስልጣን እያ; ክትሽለም ኢኻ ወይ ክትርሕቀካ እያ። ብስርቂ ዝተረጋገፀ ፋይል ተረኺብልካ ከም እኒ ተኽላይን እያሱን ምንም ኣይትኸውንን ኢኻ ነቲ ቤት ፅሕፈት ተራጉድ ሓሳብ እስካብ ዝተዛረብካን ኢድካ እስካብ ዘውፃእካን። ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ዓብዪ ነጌቲቭ ፅልዋ እዩ እዚ ነገር እዚ ኣሕዲሩ። ሓሳባት ከም ድልየቶም ዘይሽራሽርሉ ፓርቲ ኮይኑ ናይ ዝተወሰኑ ሰባት ሓሳብ ስለዝቐርብ ኣብቲ ውድቀት ዓብዪ እጃም እዩ ዘለዎ። ንባዕሉ ንውድብ ህወሓት'ውን እዚ ጉዳይ እዚ ሒዝዎ እዩ ዝወድቕ ዘሎ። ዓሚ እቲ ብመስዋእትን ብምትሓዝን ዝጎደለ ማእከላይ ኮሚቴን ፖሊት ቢሮን ሓደሽቲ ኣባላት ኣእቲና ንምልኣዮ ዝብል ሓሳብ ቀሪቡ እቲ ቤት ፅሕፈት እዚ ብጎደሎ ካብ ንመርሕ መሊእና ህዝቢ ትግራይ ንምርሓዮ ዝብል ሓሳብ ስለዘይጥዓሞ ብድምፂ ብልጫ ህዝቢ ትግራይ ብጎደሎ ንምርሓዮ ዝብል ሓሳብ ስዒሩ ወፂኡ እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ጌታቸው ረዳ ወፂኡ ዝዕንቅፈኒ ሓይሊ ኣሎ ኢሉ እንትዛረብ ይኣምኖ እየ። እወ! ንምዕንቃፍ ኮነ ኢሉ ዝሰርሕ ኣካል ኣሎ ካብ ናይ ባዕሉ ቢሮ ጀሚሩ። እሞ'ኸ; ስንፍንኡ ንምንታይ ናባና ከምፅኦ ከም ዝደለየ ኣይርድእንን። ካብ ኣብይ ክምሃር እዩ ዝግብኦ; ክፀራርጎም እዩ ዝግብኦ እምበር ኣነ ድኣ ሼር እየ ክገብራ ነታ ዘረብኡ እንተበዝሐ።

"ብፃይ" ኣማኑኤል ድማ ኣብ ዝሓለፈ መንእሰይ ትግራይ ህወሓት ንምድሓን እዩ ተጋዲሉ ክብሉ ዝሰማዕኹ መሲሉኒ። ማእከላይ ኮሚቴ ህወሓት ኮይኑ ህወሓት ንምድሓን ዘይተጋደለስ ከመይ ገይሩ እዩ እቲ መንእሰይ ህወሓት ንምድሓን ኢሉ ዝተጋደለ

ዝብሉ:: ወይስ ኣብቲ ዝነበርዎ ጉዳም ከድሕንዎ ዝተቃለሱ ነይሮም ዶ ይኾኑ? ጠይቅዎ ግን ኣብ ዝረኸብክምዎ: ኣየናይ መንእሰይ እዩ ህወሓት ንምድሓን ኢሉ ዝተጋደለ? ኣበይ ትፈልጦ ከምዚ ኢልካ ዝትዛረብ ኣብቲ ቃልሲ ዘይነበርካ ሰብ?

## ክፋል 11 (ኦክቶበር 9 2023 ላኣ ዝተለጠፈ)

ኣብ ብዙሕ ሰብ ዘስተውዕሎ ጉዳይ እንተሃለወ ንህወሓት ስለዘይድግፍ ብኣየእትወንን መንፈስ ኣብቲ ውድብ ንዝፍጠሩ ጉዳያት ሸለል ኢልካ ናይ ምክትታል ፀባይ እዩ:: እንታይ ይብሃል ኣሎ እንታይ ይግበር ኣሎ ንዝብሉ ሕቶታት ብንዕቐት ናይ ምርኣይ ተርእዮታት'ውን የስተውዕል እየ:: ከምኡ ክኸውን ግን የብሉን ኢለ ይኣምን:: ፎተና ፀላእና ሕድሕድ እተን ኣኼባታት ኣብ ህይወትና ተፅዕኖ ከሕድራ ይኽእላ እየን:: ገዛ ዓፅዮም ዝውስንዎ ጉዳይ ኣብ ሞንጎ ኩናትን ሰላምን ክኾን ዝኽእለሉ ዕድል ከምዘሎ ኣብ ቀረባ ዝሰማዕናዮ ሓቂ እዩ:: እቲ ህዝቢ ግን እዚታት ኣይሰምዐን:: ነቲ ናይ ባዕሉ ፖለቲካ ኣትኪሩ ንከይከታተል ዘሎ ቀንዲ ፀገም ኮይኑ ዘሎ ድማ ሓበሬታ ስለዘይረክብ እዩ:: ሓደ ዝተስተውዕሎ ነገር ከም ህዝቢ ትግራይ ፖለቲካ ዝዛረብ ሰብ የለን ግን ድማ ኣብቲ ዝመርሖ ገዛኢ ውድብ እንታይ እንዳተገበረ ከምዘሎ ዘይፈልጥ ማሕበረሰብ ህዝቢ ትግራይ እዩ:: በተን ዝወፅኣ ውድባዊ መግለፅታት ድማ ተሰላቺዩን እምነት ስኢኑን እዩ ምስ በዝሕኦ:: ሓበሬታ ብምስኣኑ ድማ ናብ ዝተፈላለዩ ግምታዊ ዘረባታትን ትንተናታትን ክኣትው ትርእይ:: እቲ ሓበሬታ ግን ኾን ተባሂሉ እዩ ዘይውሃቦ ዘሎ:: ኣብ ውሽጢ ዘሎ ጉዳይ ፈፂሙ ምስቲ መግለፂ ዝራኸብ ኣይኮነን:: ምግምጋዕ ንዝብል ሓቂ ብሓድነት ዝብል ቃል እዩ ክትካእ ኣብቲ መግለፂ:: ወንበር ንዝብል ቃል ብመስመር ተተኪኡ ኢኹም ክትረኽብዎ:: እቲ ዝተቀነየሉ ኣካታዓይ ኣኼባ ተዛዚሙ እቲ መግለፂ መስመርን ሓድነትን ንምፅሓፍ ንባዕሉ ካልእ ክትዕ እዩ ክእተዎ:: እዚ'ውን ይምልከተና እዩ:: መንን መንን እዮም ዝካትዑ ዘለው ኢልካ ምሕታት ጀሚርካ ፅንሕ እንተይበልካ ድማ ንምንታይ እዩ እዚ ኩሉ ክትዕ ኢልካ ክትሓትት ኢኻ::

ኣብዚ ግን ቅድሚ ናብ ቅድሚት ምሱጋምካ ሓደ ግልፂ ክትገብሮ ዝግብኣካ ጉዳይ ኣሎ:: ንሳቶም ብዝባልዕዎ ንስኻ ምንም ኣይትርባሕን:: ጉጅለ ወዲ ጉጅለ ንትግራይ ኣየድሕን: ንዓኻ ኣይጠቅም:: ሰባት ምስ ጌታቸው ቅርበት ኣለካ ኢሎም ናብቲ ጉጅለ ዋላ እንተሰደዱኻ ኣብ ትግራይ ድምዳመ ቅድሚ መካትዒ ነጥቢ ዝቖድመሉ ግዘ ስለዝበፃሕካ ድምዳምኦም ንንየው በሎ:: ንትግራይ እንታይ ዝብል ሓሳብ ሒዞም እዮም ብዓል ጌታቸው ኮነ ብዓል ኣለም ቀሪቦም ዘለው ኢልካ ሕተት:: ፀገም: ጭንቂ : ጦርነት ሰልቺዩካ እዩ ዘሎ:: ድሓን እየ ዘለኹ እንትብል ክልተ እግረይ ክልተ ዓይነይ ኣለዋ ናብ ዝብል መልሲ ከም ዘዝወረድኻ ተረዳእ:: ረብሓ ንምርካብ ዝብል ሓሳብ ምስ ሰላም ምርካብ ዝብል ርድኢት ኣተሓሕዞ:: ኣውያት: ጥምየት ዘይብላ ትግራይ መኒኡ ኣካል እዩ ከምፅአለይ ኢልካ ንባዕልካ ሕተት:: ናይ ክልቲኦም ሓሳብ ስማዕ: ኣሰላስል:: ናብ ትደልዮ ድምዳመ ድማ ማንም ከይበለካ ኣሚንካሉ ባዕልካ ብፃሕ::

እቲ ሓደ ወገን ብጌታቸው ረዳ ዝምራሕ እንትኸውን ነቲ ናይ ፕሪቶርያ ውዕሊ ንክፀንዕ ኣትሪሩ ዝቃለስ ዘሎ ሓይሊ እዩ:: በቲ ውዕሊ ተሓጊዙ ዝተመስረተ ናይ ጌታቸው ረዳ ግዚያዊ ምምሕድዳር ብዙሕ ሰብ ኣብ ሓፂር ግዘ ብዙሕ ለውጢ ከምፅእ ተስፋ ዝገበረሉ ዋላ እንተኾነ ከምቲ ዝተሓሰቦ ኣይተንቀሳቐሰን:: ባዕሎም ኣይተ ጌታቸው ረዳ ምክትሎም ጀነራል ፃድቃንን ብሚድያ ወፂኦም ዝተዛረብዎ ኣምፂእኻ እንተስምዖም እንታይ ይብሉ ይኾኑ ኢልካ ንክትሓስብ ይገብረካ እዩ:: ኣበይ ኣሎ እቲ ምዕራብ ትግራይ? እቶም ተመዛበልቲ'ኮ ኣብቲ ብተደጋጋሚ ምስ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ፌደራል ዝኸድኩምሉ ናይ ቱር ሳይት እዮም ዘለው ኢልካ ንምሕታት'ውን ትስከፍ ኢኻ:: ፀገም ፀጥታ ኮይንዎ ዘይፈልጥ ደረጃ እዩ በፂሑ ዘሎ:: ዘረባ ሞት ሰሚዕና ዘይንፈልጥ ሰባት ቁፅሪ ናብ ምቁፃር ተሰጋጊርና ኣለና ኣብ ትሕቲ ምምሕድዳር ጌታቸው ረዳ:: ፖሊስ ኣሎ ይብሃል ግን ጋሻን ሰልፊን ክህሉ ኣለዎ ንክትሪኦም:: እቲ ቀንዲ ዛዕባ ናይ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ምንታይ ደረጃ ከምዘሎ ማንም ዝፈልጥ ሰብ የለን:: ምምሕድዳር ጌታቸው ረዳ ብዙሕ ሓደሽቲ ሰባት ኩሓቅፍ እዩ ተብሂሉ ትፅቢት ዝተገበረሉ ዋላ እንተነበረ ካብኡ ናብኡ እዩ ዳርጋ:: ብግዝያዊ ምምሕድዳር ዝምራሕ ዘሎ ህዝቢ መንግስቱ እንታይ ይገብር ከምዘሎ ምንም ዝፈልጦ ነገር የብሉን:: እቲ ግዝያዊ ምምሕድዳር ኣሳኺዕዎ ካብ ዝብሃሎ ዘየሳኽዖ ዕማም ከም ዝበዝሕ ኣየጠራጥርን:: እቲ ዝዓበየ ጥፍኣት ግን ርክብ ግዝያዊ መንግስትን ፌደራል መንግስትን እስካብ ሕጂ ኣብ እንካን ሃባን ዝተመስረተ ክኸውን እንዳተገብአ ትግራይ ከበድትን ናይ ጉጅለ ኣፅዋራትን እንትተረክብ ጎና ጎኒ ፌደራል መንግስቲ ከማልኦም ዝግብኡ ናይ ግዝኣታዊ ሕቶታትን ፋይናንስያዊ ድጎማታትን ብዝግባእ ዘይምፍፃሙ ነቲ ውዕሊ ኮነ ኮነ ህልውና እቲ ግዝያዊ መንግስቲ ኣብ ሓደጋ ዘእትው ፍፃመ እዩ:: ትካላዊ ዝኾነ ርክብ ክንዲ ዝዕንብብ ድማ ብግለሰብ ደረጃ ዝግበሩ ርክባት ነቶም ዘለው ፀገማት ብስርዓትን ብቢሮክራስያዊ ደንብታትን ተሞርኪዞም ንምስራሕ ኣብ ኣፀጋሚ ደረጃ ተበፂሑ እዩ ዘሎ:: እኽሊ ሰሪቕኩም ተባሂሉ ርድኣታ ምስ ተቋረፀ ተገዲዱ ዝተጣየሸ መፃረዪ ኮሚቴ ዘውፅኦ ሪፖርት ንዓበይቲ ሓለፍቲ ዘመላኸተ እንትነብር ስኒ ግዝያዊ መንግስቲ ትግራይ ግን እስካብ ሕጂ ስለዘይቦቐለ ተሓታታይነት ከምፅእ ብዘይ ምኽኣሉ ሕጊ ናይ ምኽታል ዓቕሙ ክንደየናይ እዩ ዝብል ሕቶ ንባዕሉ እቲ ግዝያዊ መንግስቲ ክቐርብ ዝኽእል ሕቶ እዩ:: ኣብዚ ክትሓዝ ዘለዎ; ጌታቸው ረዳ ስርሐይ ክሰርሕ ኣይኽኣልኩን ምባሎም እዩ:: ንሕንሓት ኣለው ብወራወረ ንዝሰምዕ ሰብ ከምኡ ኣብቲ ናይ መጀመርያ 2-3 ሰሙን ምተብሃለ ኩሉ ሆ ኢሉ ክዓስል ነይሩ ኢለ ይግምት:: ድሕሪ 6 ወርሒ ከምኡ ኢሉ ጌታቸው እንትወፅእ ግን ናይ ብዙሕ ሰብ ስምዒት ሕርቃንን ከም ስንፈት ምልኻኽ ገይሩ ዝቆፀረ'ውን ምዓት እዩ::

በቲ ሓደ ገፅ ዘሎ ብፈታውራሪነት ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ህወሓት ኣይተ ኣለም ገብረዋህድ ዝዝወር ግን ድማ ብኣቦ ወንበር ህወሓት ዝምራሕ ሓሳብ ኣሎ:: ኣብዚ ዘሎ ጉጅለ እንታይ እዩ ዝደልይ? ዝተፈላለዩ ኢንተረስትታት ዘለው ዋላ እንተኾኑ ንኩሎም ኣብዚ

ዘለው ሰባት ዘስማዕምዖም ሓደ ነጥቢ ኣብ ውዕሊ ፕሪቶርያ ዘለዎም ኣቋም እዩ:: ኣብዚ ዘሎ ጉጅለ ውዕሊ ፕሪቶርያ እንትፍረም ከም ስዕረት ዝቆፀረን ሓደ ሓዲኡ ኣካል እቲ ጉጅለ ድማ ናብ ኣዘዝቲ ሰራዊት ብምኻድ ነቲ ውግእ ንምቕፃል ዝፈተነ ኣካል እዩ:: ካብዚ ሓሊፉ'ውን ነቶም ናብ ፕሪቶርያ ከይዶም ዝፈረሙ ብዖቱ ንውድቦምን ህዝቦምን ከም ዝጠለሙ ብሙቕፃር በቲ ሸው ግዘ እቶም ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ዘለው ብዖት እስካብ ዝምለሱ ዓቕሊ ስኢኑ እቲ ውዕሊ ከምዘይቅበሎ ብዝምስል መልክዑ መግለፂ ዘውፅአ ኣካል እዩ:: ኣብ ባይታ ዘሎ ኣመዛዚኑ ክንዲ ዝተዓፃፀፍ ብቐጥታ ናብ ንሕንሕ ምእታው መሪፁ እቶም ኣብ ፕሪቶርያ ዝነበሩ ምስተመለሱ'ውን ሰፊሕ ክትዕ ተገይሩ ንግዚኡ ተቀቢሉዎ ነይሩ:: ውዕሊ ፕሪቶርያ ዝተቃወሙ ዶ/ር ደብረፅዮን ኣብቲ ነቲ ውዕሊ ስዒቡ ክጣየሽ ዝተብሃለ ግዚያዊ መንግስቲ ብፕሬዚዳንትነት ናይ ምቅፃል ተስፋ ብምሓዝ ይመስለኒ ብዙሕ ክትዕ ዋላ እንተይገበሩ ኣብዚ ኣለም ገብረዋህድን ጌታቸው ኣሰፋን በርቲዖም ተቃሊሶም እዮም:: ኣብዚ ማንም ዘይተፀበዮ እቶም ምስ ቤት ፅሕፈት ዘልኣለም ተጣቢቖም ኢድ ሓፍ ዘብሉ ኣባላት ማእከላይ ኮሚቴ ኣንፃር እቲ ቤት ፅሕፈት ጠጠው ኢሎም ውዕሊ ፕሪቶርያ'ውን ውድብ ህወሓት ብድምፂ ኣብላጫ ተቀቢልዎ እዩ:: ንምንታይ ግን እቲ ቤት ፅሕፈት ክንድዚ ዝኣክል ተቃውሞ ኣርእዩ?

ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ዕድለኛታት እንተዝኾኑ ነይሮም እቲ ቤት ፅሕፈት ትግራይ ካብ ፀበባን ስትራቴጂታት ኣብ ምንዳፍን ዝተፈላለዩ ምሁራን እንዳሓወሰ ናይ ፖሊሲ ሪሰርች ማእኸል እዩ ክኸውን ዝነበሮ ዝብል እምነት ኣለኒ:: ቤት ፅሕፈት ህወሓት ናይ ልምዓትን ናይ ካልኦት ምዕቡል ሓሳባትን ማእኸል ክኸውን ዝግባእ ከም ዝነበረ ዝትፈልጦ ከም ትግራይ ተመሳሳሊ ዕፃ ዝበፅሖ ካብ ቻይና ተባሪሩ ኣብ ታይዋን ዝዓረደ ኮሚንታንግ ፓርቲ እዩ:: ኮሚንታንግ ፓርቲ ኣብ ቻይና እንዳሃለወ ካብ ዝሰርሖም ስሕተታት ገምጊሙ ንባዕሉ ከም ናይ መፅናዕቲ ማእኸል ገይሩ ቆፂሩ ንሕድሕድ ታይዋናዊ ዘማእኸለ ናይ ልምዓት ስትራቴጂ ነዲፎም ኣብ ሓፂር እዋን ንታይዋን ኣብ ናይ ዓለም ኢኮኖሚ ፅዕንቶ መሕደሪት ሃገር ገይሮማ እዮም:: ህወሓት ብተመሳሳሊ ደረጃ ካብ ኢትዮጵያ ተባሪሩ ትግራይ እንትዕርድ ከም ኮሚንታግ ክንደይ ተኣምር ምሰርሐ ነይሩ። እቲ ናይ ልምዓት ዋላ ይፅናሕ'ሞ እቲ ቤት ፅሕፈት ድሕሪ ምምላስ ካብ ኣዲስ ኣበባ ሰፋሕቲ ናይ ድሕንነት ትንተናታት ናይ ዲፕሎማሲ መፅናዕትታት ኮነ ናይ ሕቡእ ኮነ ብቅያዕ ርክባት ዝፍፀመሉ ማእኸል እዩ ክኸውን ነይርዎ:: ኮይኑ ግን ማእኸል ምርምርን ሓሳብን ክኸውን ዝግብኦ ቤት ፅሕፈት ህወሓት ኣብ ካሊእ ናይ ስልጣን ሕቱኽቱኽ ብምውዓሉ ህዝቢ ትግራይ ክንዲ ንቅድሚት ዝስጉም ውድቀት ይገጥሞ ኣሎ።

ብዙሕ ክብሃል ይኽእል እዩ ግን ኣነ ናይ ባዕለይ ትዕዝብቲ ካብተን ብኣካል ዝርኣኽወንን ዝሰማዕኽወንን ከቕምጥ:: ኣለም ገብረዋህድ ብዙሕ ሰብ ቅድሚ ኩናት እንተልዕሎ ይሰምዕ ነይረ:: ዝተወሰና ምዓልቲታት'ውን ረኺበዮን ኣዋጊዕናን ዋላ እንተነበርና ኣብ በረኻ ግን ብቀረባ ካብ ዘዋገዕኽዎም ሰባት ሓደ እዩ:: ዘስተውዐልክዎ ድማ ልዕሊ ማንም ኮፍ ኢሉ ዓቕሊ ገይሩ ኣብ ቢሮ እዩ:: ኣብ ካልእ ኣይትረኽቦን: ነታ ዝደለያ ዕማም ንምስኻዕ ዝኸዳ ርሕቐት ብሓደ ወገን ዝንኣድ እንትኸውን ብካልእ ወገን ድማ የስግእ እዩ:: ዘረባ ሓያል እዩ:: ብተደጋጋሚ ዝሰማዕክዋ ናይ ኣለም ከሉ ግዘ ምንቅስቃሳቱ ብስልጣን ተጀሚሩ ብስልጣን እያ ዝትውዳእ: እቲ ቤት ፅሕፈት ናይ ግሉ ገይርዎ እዩ ዝብሉ ዘረባታት ዋላ እንተሰማዕኹ ንመጀመርያ ግዘ ብዓይነይ ዝርኣኽዎ ግን የካቲት 2013 እዩ:: ዶ/ር ደብረፅዮን ናይ ሰላም ዕማመ ኢሎም በዘይ ተሳትፎ ኣባላት ፖሊት ቢሮ ኣብ ተረገይ ኮይኖም መግለፂ ውድብ ህወሓት ብድምፂ ወያነ እንትንበብ ኣብቶም ኣርባዕተ ሓያል ሕርቃን ነይሩ:: ከመይ ኢሉ በይኑ መግለፂ የውፅእ? ታይ ማለት እዩ ናይ ሰላም ዕማመ እንዳበሉ ኩሎም ይዓብዱ እዮም ዘለው:: ኣብዚ ብፃይ ኣለም ይዝክር ክንእግዶ ኣለና ንደብረፅዮን ጠሊሙና እዩ ዘሎ ዝብል ሓሳብ ኣምፂኦም:: ኩሎም'ውን ተቐቢሎሞ ነቲ ሓሳብ:: ቀፂሉ ዝመፅአ ድማ ክንደይ ማእከላይ ኮሚቴ ምስ ደብረፅዮን ኣለው ክንደይ ኣለው ምሳና እንዳተብሃለ ናብ ሒሳብ ይእተው:: እቶም ዝበዝሑ ምስ ብፃይ ኣለም ሃልዮም ተገንዮም:: እቲ ማእከላይ ኮሚቴ ከም ቆሎ ተቆፂሩ ዋላ እንተነበረ ንዓ ተባሂሉ ደብረፅዮን ኣብ ሳምረ ንክትዓረቑ ተገይሩ እዩ:: ኣብዚ ግን ሓደ ነገር ብውልቀይ ተረዲኡኒ:: እቲ ንደብረፅዮን ንምእጋድ ዝነበረ ሓሳብ ዝመፅኣሉ ፍጥነት መስከፊ እዩ:: ነታ ስልጣን ኣማዕድዩ ዝርእያን ንባዕሉ ዝደልያን ሰብ ጥራይ እዩ ብኸምኡ ዝበለ ፍጥነት ከምዚ ዝሓስብ ኢለ እየ ብውሽጠይ:: ኣይተጋገኹን ድማ ድሓረ ከም ዝተረዳእኽዎ:: ኩላ እታ ምንቅስቃስ ኣብ ስልጣን ተጀምራ ኣብ ስልጣን እያ ትውዳእ :: ዝርገፅ ረጊፅካ: ዝፅለም ኣኣፀሊምካ ናብታ ሽቶ ንምብፃሕ እያ እታ ሽቶ:: ፕሪቶርያ ድማ ነዚ ዕማም ኣበላሽያቶ እያ:: ፕሬዚዳንት ዝብሃል ስልጣን ካብ ኢዱ እያ ሸተት ኢላ:: ክትቆፃፀሮ ዘይትኽእል ካልእ ኣካል እዩ ዝጣየሽ ዘሎ:: ካልእ ሓድሽ ቃልሲ ተጀመረ:: ግዚያዊ ምምሕድዳር ንክምስረት ዝነበረ ሃልኪ ክትሰምዖ ሃልኪ እዩ:: ኩሉ ሓሊፉ ርግፅ ኢልካ እንትትርእዮ ግን ኩሉ ኣብ ስልጣን ዘለዎ ኣረኣእያን ኣብ ናይ ውልቁ ህይወት ዘለዎ ስስዐን ቑልጭ ኣቢሉ እዩ ዘርእየካ; ህዝቢ ትግራይ ኣብ ሓሳብ'ውን ከምዘይኣትው እዩ ዝርድኣካ:: እቲ ድራማ ዝጅምር ድሕሪ ናይ ኣብይ ንደብረፅዮን ኣይደልን ምባል መፅአ እንትኸውን ሕልፌ ዘረባታት ከም ኣብዛ ወንበር ክስዋእ እምበር ህዝቢ ትግራይ ዝመረፀኒ ማንም ኣየልዕለንን ዝብሉ ነይሮም:: እቲ ዘሎ ሪያሊቲ ናይ ዘይምቅባል ድሓር ድማ ድሕሪ እዚ ኩል ዕንወት ኣብ ልቢ ህዝቢ ትግራይ ዘለኻ ክመስለካ እንተሎ ኣብ ምንታይ ዓይነት ናይ ፀልማት መጋረጃ ዝዓበሶ ገዛ ከም ዝነብሩ ኢኻ ትሓትት:: ኣቦ ወንበር ዝኣክል ረጊፁ ንምውፃእ ፈቲኑ ብክንደይ ልመና ከም ዝተመለሰን እተን ሰበይቲ ድማ እቶም ኣክቲቪስታት ከየውፅእዎ እንዳበላ ከም ዝጠርዓ ድሓረ ካብ ዝተፈላለዩ ማእከላይ ኮሚቴ ዝሰማዕናዮ ጉድ እዩ:: ኣብ ካልኣይ ዙር እቲ መረፃ እቲ ቤት ፅሕፈት ሓርዩ ዘዳለዎ ንፕሬዚዳንትነት ይበቅዕ ተባሂሉ ዝመፅአ ፍስሃ ሃፍተፅዮን ግን ኣብ መድረኽ ጌጋ ሰሪሖም:: ኣብቲ ውድድር ንዘይነበረ ጌታቸው ረዳ ናይ ቁልዕነት ብዝምስል ኣነ ይበልፅ ብዝብል ምጥቃዕ ጀመሩ::

ኣለም'ውን ተሓወሱ ኣብቲ መጥቃዕቲ:: ነዚ ዝርኣዩ ሓደሓደ ኣባላት ማእከላይ ኮሚቴ ንጌታቸው ረዳ ከም ሕፁይ ይቕረበልና እንትብሉ ደብረፅዮን ከመይ ገይሩ ጌታቸው ይኸውን ኢሉ ኣብይ ንዓኻ ጥራይ እንድዩ ዝኣበይካ ምስ ተብሃለ ጌታቸው ቀሪቡ ድማ ስዓረ:: ብዙሕ ዝተሓሰበሉ ጉዳይ ዋላ እንተመሰለ እስካብ እታ ናይ ሻሂ ሰዓት ጌታቸው ናብ ፕሬዚዳንትነት ናይ ምቕራብ ፕላን ኣይንበሮን:: እቲ ናይ ጌታቸው ፕሬዚዳንት ሙኻን ግን ዘበሳጨዎም ሰብኣይ ኣለው:: ብፃይ ኣለም ኩሉ ዓይነት መስርሕ እዮም ክጥቀሙ:: ግዚያዊ ምምሕድዳር ካብ ጥቕሚ ወፃኢ ንምግባር ድማ ዓሊሞም እዮም ክንቀሳቀሱ::

ከምቲ ኣብ ናይ ኣባይ ወልዱ ዝተገበረ ዝዓይነቱ ተንኮል ድማ ተፍሓሰ:: ኣብ ናይ ክልል: ዞባን ወረዳን ዝስግሰግ ምሓውር ንመንግስቲ ዝሕልውን ኮነ ኢሉ ናይ መንግስቲ ስራሓትን ዘበላሸው ኔትወርክ ድማ ተዳለወ:: እዚ ሓይሊ ኣባይ ወልዱ ኣብ ስልጣን እንዳሃለወ ኣባይ ከይሰርሕን ብህዝቢ ክፅላእን ዝገብር ዝነበረ : ብኡ ኣቢልካ ድማ ንኣለም ስልጣን ዘመቻቹ ጉጅለ እዩ። ኣብ ኣባይ ተሳኺዕሉ : ኣብ ደብረፅዮን ፈቲንዎ ብዙሕ ከይከደት ኩናት ገጢሙ ዕንቅፋት ገጢምዋ። ኣብ ጌታቸው ረዳን ድማ ብስፍሓት ሰሪሓ : ግምት ኣብ ታሕቲ እግሪ ከይህልዎ ተገይሩ። ናብ ብዙሕ ከባቢታት ትግራይ እንተኸይድካ እቲ ምሓውር ስርሑ ሰሪሑ ጌታቸውን ወዲ ወረደን ኣብ ጁባ ኣብይ ዝኣተው ከድዓት እዮም ዝብል ዘረባ ናብ ህዝቢ ወሪዱ እዩ ዘሎ:: ዝገርም ኣብዚ እቲ ካብ ክልል እስካብ ወረዳ ተዘርጊሑ ዘሎ ምሓውር ፕሮፓጋንዳ ቀንዲ መቀናጀዊ እቲ ፀረ ግምት ኮይኑ ዘሎ ኣካል ደሞዙ ካብ ግምት እንዳወሰደ ኣንፃር ግምት ዝተልዓለ ሓይሊ እዩ ኮይኑ ዘሎ:: ናብ ሽረ እንተኸይድካ ግዝያዊ መንግስቲ ዝብሃል ኣይንፈልጥን ኢሎም ማህተም እንተይተረፈ ናይቲ ቀደም ናይ መንግስቲ ትግራይ እዮም ዝጥቀሙ: ኣብ ደቡብ ምብራቕ'ውን ከምኡ:: ኣብ መቐለ ዘለዋ ክፍለ ከተማታት መን ከም ዘሸንፍ ኣብዚ ንሕንሕ ስለዘይንፈልጥ ብዝመስል ንክልተ ጎይታ እየን ሪፖርት ዝገብራ ዘለዋ ሕጂ:: ኩሎም ኣብ ትሕቲ ኣለም ዘለው ምሓውር እንትንቀሳቀሳ ድማ ግምት ብጣዕሚ ዉሱናት ከተማ እዩ ዝመርሕ ዘሎ ማለት እዩ:: ነዚ ይመስለኒ ብፃይ ኣለም ካድረታቶም ኣኪቦም ኣብ ዝሃብዎ መደረ "ግዚያዊ ምምሕድዳር ኣብ መሬት ትግራይ እግሩ ከምዘይተክል ገይርናዮ ኢና" ዝበሉ:: ኮነ ተባሂሉ ግዝያዉ ምምሕድዳር ትግራይ ሽባ ንምግባር ይስራሕ እዩ ዘሎ:: ኩላ ድማ ንግዝያዊ ምምሕድዳር ኣፍሪስካ ንፕሪቶርያ ቀዲድካ ንኣለም ፕሬዚዳንት ንምግባር እያ እታ ናይ መወዳእታ ዕላምኣ::

ነዊሕ ምፅናሕ'ውን ኣይተደለየን:: ቅድሚ 3 ሰሙን ኣብ ዝነበረ ኣኼባ ማእከላይ ኮሚቴ ብፃይ ኣለም ፕሪቶርያ ዕማሙ ስለዘየሳኸዐ እቲ ውዕሊ ክፈርስ ይግብኦ ዝብል ዶኩመንት ሒዞም ዝቐረቡ:: ብዙሕ ሰብ እቲ ከም ኩሉ ግዘ ዝግበሮ እቲ ምሽጥር ተሓቢእዎ እምበር እዛ ኣኼባ ኣብ ሕድሕድ ህይወት ትግራዋይ ፅዕንቶ ዝተሕድር ኣኼባ እያ ነይራ:: ድኽመት ግዚያዊ ምምሕድዳር ብምትንታንን እቲ ውዕሊ ዘየሳኽዖም ነጥብታት ብምዝርዛርን ነቲ ውዕሊ ንንፀገ እንትብሉ ጌታቸው ረዳ ድማ እተን ጉድለታት ንምምላእ ጠንኪርና ንቃለስ እምበር ፕሪቶርያ ክቕፅል ኣለዎ ዝብል ክትዕ ኣቕሪቡ እዩ:: ምንም ዘየገጣጠምክዎ ድሓር ግን ዝተረድኣኒ ብቀጥታ ምስዚ ዝራኸብ ካልእ ድራማ'ውን ግን ነይሩ በዘይ እቲ ኣኼባ ኣብ ካልእ ቦታ::

ውዕሊ ፕሪቶርያ ይፅናሕ'ዶ ይቀደድ ብዝብል ኣርእስቲ ሓያል ክትዕ ኣብ ዝካየደሉ እዋን ኾን ተባሂሉ ነቲ ናይ ማእከላይ ኮሚቴ ኣኼባ ንምዝባዕ ሓደ ገብረ ኢሮብ ዝብሃል ሰብኣይ ናብ ድምፂ ወያነ ቀሪቡ ሸዓብያ ቅድሚ ምፍራም ፕሪቶርያ ዝሓዘን ከባቢታት ተንቀሳቒሱ ናብ ቅድሚት ይመፅእ ከምዘሎን ዝብል መዛብዒ ዜና ተሰሪሑ እዩ:: እዚ ዝተሰርሐሉ ምኽንያት'ውን እቶም ፕሪቶርያ ይፅናሕ ኢሎም ዝካትዑ ዘለው ሰባት ተቿኺሎም ንክውስኑ ንምግባር እዩ:: ድሕሪ ነዊሕ ናይ ምዓልቲታት ክትዕ ግን እቶም ኣብ ጎኒ ኣለም ዘለው ሓደ ሓደ ኣባላት ማእከላይ ኮሚቴ እንተይተረፉ ፕሪቶርያ ክፈርስ የብሉን ኢሎም ኢዶም ኣልዒሎም እዮም::

ብዛዕባ እዞም ኣብ ጎኒ ኣለም ዘለው ማእከላይ ኮሚቴ ግን ዝብሎ ሓደ ነገር ኣለኒ:: ሙሉእ ድጋፍ ዘርእዩ ሰባት ኣብ 3 ኢጋጣሚታት ኣንፃሩ ተሰሊፎም እዮም:: ኣብቲ ናይ ንሓሰ ናይ መጨረሻ ውግእ ብዓል ጌታቸው ረዳ ናብ ፕሪቶርያ ኣቕኒዖም : ኩሉ ነገር ተበላሽዩ ቤት ፅሕፈት ህውሓት ዶኩመንት ናብ ምቅፃል በጺሖም ድሓር ነቲ ማእከላይ ኮሚቴ ኣኼባ ኣኪቦሞ ነይሮም እዮም:: ሓደ ዘዳለውዎ ዶኩመንት ዋላ እንተነበረ ቀንዲ ዕላማ እቲ ኣኼባ መን በበይ ገፅ ካብ መቐለ ይወፃእ ዝብል ናይ ምውፋር መደብ ሒዞም ከም ዝመፅኡ ዝተረድኣ ኣባል ማእከላይ ኮሚቴ ወጢሩ ሒዝዎም እዩ:: ኣይንወፅእን! ኣባጊዕ ኣይኮንናን ሱቕ ኢልኩም ዝተዋፍሩና ኢሎም እቲ ንበረኻ ክመያየጥሉ ዝተሓሰበ ሰነድ ኣብኡ እንትመያየጥሉ መደንገፂ ዩ ነይሩ:: ኣለም ዘዳለዎ ሰነድ ተስዒርና ስለ ዘለና ንከተማ መቐለ ዳግማይ ንልቀቕ ዝብል ኣጀንዳ ዝሓዘ ሰነድ በርቲዑ እቲ ማእከላይ ኮሚቴ ተቃሊሱ ኣዘዝቲ ሰራዊት'ውን ሓሳቦም ንክህቡ ተሓቲቶም እዮም:: እቲ ዝነበረ ርኢቶ ኣዘዝቲ በቲ ሰዓት'ውን እቶም ፈፀምቲ ተዳሂሎም ኮይኖም እዩ ዝብል እዩ ነይሩ:: ካልኣይ ግዘ እቶም ናቱ ኣባላት ማእከላይ ኮሚቴ ኣንፃሩ ዝተንቀሳቀሱ ኣብታ ፕሪቶርያ ክፍረም የብሉን ዋላ ብደንንላ ክንቃለስ ኢና ዝተብል ክትዕ እያ:: እታ ሳልሰይቲ ድማ ቅድሚ 3 ሰሙን ኣብ ዝነበረ ፕሪቶርያ ንቕደዶ ዶ ነፅንሖ ኣብ ዝብል ክትዕ እዩ:: ኣብ 3ቲኡ እንተስተውዒልኩም ምስ ዓርሶም ዝትሓሓዝ ጉዳይ ስለዝኾነ እዩ:: መን መሊሱ በረኻ ክወፅእ እዩ ናብቲ ፀገም: ጥምየትን ጉዕዞን ዘተሓሳሰበ እዩ ዝመስል ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ::

ድሕሪ ፍፃመ እዚ ኹሉ ድራማ ዘሕለፈ ኣኼባ ደብረፅዮንን ጌታቸውን መግለፂ ብሓባር ከም ዝሃቡ ብዙሓት ዝርኣይዎ ሓቂ እዩ:: ብዙሕ ዘይተስተውዐለት ነገር ግን ኣማኑኤል ጎና ጎኒ ምስ ሚድያ ኢንተርቪዋት ምሃቡ እዩ በዘይ ናይ ኣቦ ወንበር ኮነ ፕሬዚዳንት ፍቓድ:: ድምፂ ኣለም ንዓለም ብዝግባእ ኣጋዊሑ እዩ ኣብታ ምዓልቲ እሳ:: ዋላ'ኳ ድሓረ ይቅርታ ክሓትት ተገይሩ እዩ ዝብል ነገር እንተሰማዕና::

መዘክር ውግንና ሒዙ እዩ ዝፅሕፍ እንትብሃል ስሓቖይ እዩ ዝመፅአኒ:: እቲ ኣብ መሬት ዘሎ ሪያሊቲ ምሓዝኩሞ ከማይ ምኾንኩም:: ዘለኒ መማረፂ'ኮ ብዙሕ ኣይኮነን: ፕሪቶርያ ይቀደድ ወይስ ፕሪቶርያ ይፅናሕ እዩ:: ናታትኩም ምርጫ ንባዕልኩም ወስኑ:: ኣብ ሞንጎ ሕማቕን ብጣዕሚ ሕማቕን ዝብላ ምርጫታት ኣብ ዝቐረባለይ ግን ሕማቕ ዝብል ኣማራፂ እየ ዝመርፅ:: እንተንኣሰ'ኳ ቶኽሲ ከይሰማዕኹ ይድቅስ ሎምዓንቲ::

## ክፋል 12 (ኦክቶበር 12 2023 ኣኣ ዝተለጠፈ)

🧟‍♀️ MONJORINO🧟‍♀️

ተጋዳላይ ህወሓት ሚስጥር ክዕቅብ ኣለዎ::

ብዛዕባ ውድብ ዝምልከት ዘረባ ሓንቲ ኢልካ ንደገ ክተተንፍስ ከም ዘይብልካ ብተደጋጋሚ ትሰምዖ ኢኻ::

ፃዕዳ ወረቐት ኮይንካ ስለ ዝተሓወስካ ድማ ኣብቲ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ድሕሪ 40 ዓመት'ውን ከም ትማሊ ክትዝክሮ ኢኻ:: ምሽጥር ኣውፂእኻ ተብሂሉ ገምጋምን ቅፅዓትን ብርቱዕ ስለዝኾነ ድማ ማንም ኣይውዕላን ኣብ መጀመርያ:: እንዳተላመድካ ምስ ከድካ ግን ሕሹኽሹኽ ኣብቲን ኣብቲን ክትዕዘብ ኢኻ::

ድሕሪ ግዘ ምዕቃብ ዝብሃል ናብ ምሕሹኽሻኽ እዩ ዝልወጥ:: ኣብ ኣመራርሓ እንድሕር ዘየለኻ ሓበሬታ ብስሩዕ ስለዘይትረክብ እታ ክፍተት ንምምላእ ሕሹኽሹኽ ምባል ትውስኽ ኢኻ:: እቲ ናይ ሕሹኽሹኽ ባህሊ መንግስቲ ምስ ኮንካ'ውን ከተቀፅሎ ኢኻ፣ ሕሹኽሹኽ ኢልካ ዝተኽኣለካ ሓበሬታ ክትረክብ ኢኻ፣ ሓበሬታ ዝረክብ ዝትብሎ ሰብ ክትዓርኽ ኢኻ፣ እቲ ዝረኽብካዮ ናይ ሕሹኽሹኽ ሓበሬታ ሒዝካ ናብ ኦዕርኹትኻ ምስ ነዛሕካዮ ገለ ክትውስኽ ወይ ክትቅንስ ኢኻ፣ ንሳቶም'ውን ከምኡ ...ተስፋሕፊሓ ምስ ወድኣት እታ ሓበሬታ ካልእ ምስሊ እዩ ዝህልዋ፤ዘይስሩዕ ሓበሬታ ከምኡ እዩ መወዳእትኡ:: እቲ መሪሕነት ነቲ ህዝቢ ክህቦ ዝግብኦ ሓበሬታ ብዘይምሃቡ እቲ ህዝቢ ናብ ድንግርግርን ናብ ትንተናታት 'ስኮላራትን' እዩ ዝሰድዶ:: ምንም ምስቲ ኣብ መሬት ዘሎ ሓቂ ዘይራኸብ ሓበሬታ ዝረኸበ ናብ ሓዊ እንዳእተውዎ ከም ካብ ብርሰት ዘድሐንዎ ስለ ዝንገሮ ናብ ሰማይ እዩ ዝሰቕሎም:: ምንም እንተይፈለጠ ብዝንገሮ ፕሮፓጋንዳ ተራሲኡ ሆ እዩ ዝብል ናብ ገደል እንዳፀደፈ፤ እቲ ዝቃወም'ውን ነቲ ዝቃወሞ ዘሎ ስርዓት ብርሕቐት ስለዝፈልጦ ሓሳብ ክንዲ ዘንቅሳቕስ ናብ ፀለመታት እዩ ዘምርሕ:: ኣብ ፖሊሲ ኣፈላላያት ክንዲ ዝውጋዕ መን እንታይ ኣለዎ ገለመለ እንዳተብሃለ ረሳሕ ዝኾነ ናይ ፖለቲካ ባህሊ እዩ ዝፍጠር:: እቲ ዝጥቃዕ ዘሎ ሓላፊ'ውን ብሕጋገ ምሽጥራውነት ተታሒዙ ነቲ ዝብሃሎ ዘሎ ፀለመ ከይምለሰ እንትትርፍ ; እቲ ወረ ብምድግጋሙ ህዝቢ ከም ሓቂ ገይሩ ምቁፃር ይጅምር:: ክንደይ ሚልየናት ኣለዎም ዝተብሃሉ ሰባት ደቆም ሓሚሞም ሰባት ተኣኻኺቦም ገንዘብ ብምውፃእ ከም ዝሓገዝዎም እንተትፈልጡ በቶም ወረታት ብጣዕሚ ምሓዘንኩም:: እቲ

ሚሽጥራዊ ናይ ህወሓት ባህሊ ናብ ህዝቢ እንትወርድ ደንግርግር: ዓቕምኻ ዘይምፍላጥን ናይ ፀለመ ባህልን እዩ ፈጢሩ:: በቲ ናይ ምሽጥር ምዕቃብ ባህሊ ቀንዲ ዝርባሕ ከበድቲ ስሕተታት ሰሪሑ ብዝተወሰኑ ሰባት ገበኑ ዝሕብኣሉ ሰብ እዩ:: ክንዲ እቲ ዝተሰርሐ ገበን ተቃሊዑ ትሓታታይነት ዝመፅእ ተዓፊኑ እዩ ዝተርፍ:: ኩላትካ ገበነኛ እንትትኸውን ድማ ሓደ ሰብ እንተተሓቲቱ ኩላትና ክንሕተት ኢና ዝብል ሓሳብ ስለ ዝመፅእ እቲ ገበን ዝሰርሐ ኣመራርሓ ከይተቐፅዐ ይሓልፍ:: ብዛዕባ መን ከም ዝዛረብ ዘለኹ ክነግረኩም #ሞንጆሪኖ"" ::

ንወ/ሮ ፈትለ ዕድመ ልክዐይ ዋላ እንተፈለጥክወን ብዝበለፀ ግን ኣብቲ ናይ በረኻ ግዘ እየ ቀሪበ ባህሪአን ርእየዮን ዘዋገዕክወንን:: እቲ ናይ ውልቀ ይፅናሕ'ሞ ቆልዓ ኮይንካ ከም ኣዶ ዝትፈልጠን ሰበይቲ ኣብቲ ናይ በረኻ ምንግልታዕ ክሳቓያ እንተለዋ ክርእይ እንተለኹ ይሓዝን እየ ነይረ ብሓቂ:: እቲ ምሕዛን ግን ነዊሕ ኣይፀንሐን ምሳይ:: ድሕሪ ዝተወሰነ ግዘ ብጣዕሚ ኸባድ ሰበይቲ ከም ዝኾና እየ ተረዲኤ:: ምንም ምርድዳእ ዝብሃል ነገር የለን ምስ ሰብ:: ካብታ ቀዳማይ ምዓልቲ ጀሚረን ምስ ዘይተብኣስኦ ሰብ የለን:: ብሓቂ ሰብ ክንዲ ፍረ ጣፍ እዩ ዘይርአይ:: ኣዛዚ ሰራዊት ክፃረፉ ይኽእላ እየን:: ምዓልታዊ ባእስታት ፈፃሚ ስራሕ ልሙዳት እዮም:: ኣነ ዝበልክዋ እንድሕር ዘይኮይና ዝብል ዓብዪ ሕማም እዩ ዘለወን:: ብሕታዊ ዝስማዕምዐን ሰብ ደብረፅዮን ጥራይ እዩ:: ምስ ክልቲኦም ጌታቸዋት ዘለወን ብኣሲ መሰከፊ እዩ:: ንምንታይ ከም ዝኾነ ኩሎም ፈፀምቲ ስራሕ እንዳሃለው ኣነ ምክትል ኣዶ ወንበር እየ ዝትብል ነጥቢ ኣብ ዝተረኸበሉ ኣጋጣሚ ከስምራላ እየን ዝፍትና: ዋላ እታ ዝንኣሰት ነጥቢ ትኹን ከቑፅርኣ ኣለወን:: ንኣብነት ሓደ ምዓልቲ ጌታቸው ረዳ ኣብ መስርዕ ቅድሚኣን ተሰሊፉ እንዳኸደ ከመይ ገይርካ ንምክትል ኣዶ ወንበር ቀዲምካ ትስለፍ ብዝብል ዘይረብሕ ባኢሲ ኣልዒለን እየን:: እታ ዝንኣሰት ኮነት እታ ዝዓበየት ነጥቢ ብዘየገድስ እሰን ስዒረን ክወፅኣ ኣለወን:: ኩሉ ነገር ኣነ እየ ክቆፃፀር ዝግብኣኒ ዝብል ሕማምን ኣነ ጥራይ እየ ንትግራይ ከድሕና ዝኽእል ዝብል ሕማምን ኣብ ሞንጆሪኖ ዝትርእዮ ዓብዪ ሕማም እዩ:: ዘሎ ድርቅና ማንም ከመይ ከም ዝገልፆ ኣይርድኣንን:: የስታውስ ከመይ ገይረን እየን ምስ ሰብ ክሰርሓ ዝኽእላ ኢለ እንትሓስብ ዝኾነ ነገር ምስ ርኣኹ::

ኣብ ስራሕ'ውን ከምቲ ዝገመትክዎ እየን ኮይነን:: ምንም ናይ ምትዕፃፍ ኮነ ኩነታት ምንባብ ዝብሃል ነገር ኣይትርእን ኢኻ:: እታ ኩሉ ኣነ እየ ዝሰርሖ ዝትብል ሕማም ድማ ብሰፊሑ ናብ መቐለ ምስ ኣተና ቀፂለንኣ እየን:: ወ/ሮ መንጆሪኖ መተሓባበሪት ማሕበረ ኢኮኖምን ምክትል ፕረዝዳንት እቲ ኽልል እየን ነይረን። ዋና ስርሐን ድማ፦

#ቀረብ ሎጅስቲክስ (ዕጥቅን ስንቅን) ማለት በጀት ሰራዊት ከም ራሽን: ነዳዲ :ዕጥቂን ቀለብን ቀረብ ዝኣመሰሉ ምምላእ ምምላእ። ምትሕብባር። ደጀንን ግንባርን ዝነበረ ናይ ሰፈር ቀለብ ምስ ምንቅስቃስ ሰራዊት ምትእስሳር።

#ናይ ኢኮኖሚ ምርግጋእ ስራሕቲ ምትሕብባር። ነዚ ዝኾን መምርሕን ፖሊስን ምውፃእን ክፍፀሙ ምግባርን። ስርዓት ንግዲ ክመዓራረ፣ ቁጠባ ዘመሓይሹ ኣሰራርሓታት ምትእትታው።

#ማሕበራዊ ፀገማት ሕብረተሰብ ዘቃልሉ ስራሕቲ ንገበርቲ ሰናያት ኣተሓባቢርካ ምስራሕ። ስራሕቲ ረድኤት: ግልጋሎት ጥዕና ትካላት ክመሓየሽ :ግዝያዊ መፅለሊ ንተመዛበልቲ ወገናት ምድላውን ምትሕብባርን።

#ሕክምና ማእኸላት ሰራዊት ትግራይ ቀረብ (መድሓኒትን ምግብን) ምስትኽኻልን ምምራሕን።

Well, ናይ ሓደ ሰብ ስራሕ እዩ እዚ ኩሉ:: ከመይ ገይረን እየን ጌጋ ዘይሰርሓ እዩ ዝኸውን ነዚ ሊስት ምስ ርኣኻ እምበር ንምንታይ ተጋግየን ዝብል ሕቶ ነዚ ናይ ስርሐን ሊስት እንትትርእይ ኣይመፀልካን:: ዓንተዎ ዘልዐልኩወን እየን ዝመፅኣ እንደገና ኣብዚ " ኩሉ ኣነ ጥራይ እየ ዝሰርሖ; ኣነ ጥራይ እየ ንትግራይ ከድሕና ዝኽእል" ዝብላ ሕማማት መመሊስካ ዝትረኽበን እየን ዝኾና::

ወ/ሮ መንጀሪኖ እንታይ ሃፍቲ እየን ኣማሓዲረን እንታይ ከ የመሓደራን ዘርዚርካ ምቅማጥ ነቲ ዝነበረ ምኽንያት ውድቀት ንምርኣይ ጠቃሚ እዩ።

ነዳዲ

ኣብ ነዳዲ ዝነበረ ሰንፈላል ኩሉ ኣብ ትግራይ ዘሎ ሰብ ዝፈልጦ ይመስለኒ:: ሊትሮ ናፍጣ 330 ብር እንትሸየጥ ካበይ መፂኡ ኢልኩም ሓቲትኩም ትፈልጡ'ዶ? ካብ መቐለ መጀመርያ ከውፃእ ኸሎ ኣብ መቐለ ዝነበረ ነዳዲ ካብ ሓደጋ ኣየር ንምድሓን ተባሂሎ ናብ ኹሉ ማድያታትን ኣብ ትካላት ዘሎ ዲፖታትን ክብተን ተገይሩ ነይሩ። ነዚ ነዳዲ ናይ ምጉዕዓዝ ሓላፍነት ዝተውሃቦም ትካላት ድማ ትራንስ ኢትዮጵያን ካሉብ ዝተብሃሉ ድርጅታት እዮም ነይሮም:: ንመን መዐደሊ ነዳዲ ክንደይ ብሓደራ ተዋሂቡ ዝብል መረዳእታ ኣሎ። ብድምር ከባቢ 14.2 ሚልዮን ሊትሮ ነዳዲ እዩ ነይሩ። እዚ ኦዲት ተገይሩ ወ/ሮ ሞንጀሪኖ ክፈልጥኦን ዕዳ ስለ ዝኾነን በቶም ነቲ ነዳዲ ዘጎዓዓዙ ሰብ ማድያ ክፍሊት ክፍፀማ ተሓቲተን እየን። ወ/ሮ መንጀሪኖ ነዚ ጉዳይ ዓቢጠንኦ ሓሊፈን እየን ; መልሲ'ውን እስካብ ሕጂ የለን:: Well, ትግራይ ዝነበርኩም ክትፈልጥዎ ኢኹም እቲ ናይ 330 ብር ናፍጣ ድሓረ ዝሸወጥ ዝነበረ ንነዊሕ ግዘ:: ኣስተውዒልኩም'ዶ ነይርኩም ዘየቋርፅ ምንባሩ:: ቤንዚን እንትጠፍእ ናፍጣ ግን ኩሉሻብ ነይሩ:: ናይ እኒ ሞንጀርኖ ነዳዲ እዩ:: መረዳእታ ወረቓቕቲ ኣለው እዮም ግን መን እዩ ክሓትት እዩ እቲ ሕቶ:: እዚ ጉዳይ ክፃረ ዝሓተቱ ሰባት ኸቢድ ዋጋ እዮም ከፊሎም:: ንግዲ ቢሮ ነዚ ጉዳይ ኣፃርዩ ልዕሊ 14 ሚልዮን ሊትሮ ነዳዲ ንመዐደሊ ነዳዲ ብሓደራ መልክዕ ዝተውሃበ ከምዘይተመለሰ ኦዲት ገይሩ ኣረጋጊፅዎ እዩ። ተዓፊኑ እዩ ተሪፉ:: (ዓፈና 1)

ሓደ ኢኮኖሚስት መራሒ ቅድሚ ናብ ዘለዎ ሪሶርስ ምክፍፋል ምኻዱ እቲ ዘለዎ ነባራዊ ኩነታት ኣቐዲሙ ክፈልጦ ኣለዎ:: ካብ በረኻ ናብ መቐለ ኢና ኣቲና ዘለና:: ክንደይ ሪሶርስ ዓንዩኒ: ክንደይ ሃፍቲ'ሽ ኣብ ኢደይ ሒዘ ኣለኹ ኢልካ ናብ ሒሳብ ኢኻ ዝትኣትው:: ኣብ ልዕሊኡ ድማ ምዓዝ እዩ እቲ ቀፃላይ ግዘ ሃፍቲ ዝረኽበሉ ኢልካ ነቲ ናይ ዕፀዋ ኩነታት ኣብ ርእስኻ ብምእታው ክትሓስብ ኣለካ:: Not Monjorino:: ከምዚታት ኣይሙቸዋን እዩ:: ይዝከር መቐለ ክንኣትው እንተለና ኣብ ዲፖ ልዕሊ 14 ሚልዮን ሊትሮ ናፍጣ ፒፒ ገዲፍዎ ከይዱ ነይሩ። ሞንጀሪኖ ነዚ ሽንሺነን ንሰራዊት: ንዞባታት: ንክልል ሴክተራት (ምንም ስራሕ ዝበሃል ዘይነበረን) ንንናይ መንቀሳቐሲ ኢኮኖሚ ተባሂሉ ተሸንሺኑ ክከፋፈል ገይረን እየን። ሱቕ ኢልካ ሸርሽር እዩ ነይሩ:: ምንም ንሓደጋ ተባሂሉ ከም ተጠባባቒ ዝተትሓዘ ነዳዲ ኣይነበርን:: ከም ትግምትዎ ድማ ምንም ቁፅፅር ኣብ ዘይነብሮ ጉዳይ ሸው ኢለን ከዳ እተን ነዳዲ ኣብ ሓፂር ግዜ

ብዙሕ ጌጋታት ዋላ ሞንጀርኖ እንተሰርሐት ንዓይ ጠቕሊለ ኣብ ምሕደርኣን ተስፋ ንክቖርፅ ዝገበረትኒ ጉዳይ እዛ ቀፂለ ዘቕርባ ጉዳይ እያ:: ሰራዊት ትግራይ ሰሜን ወሎ ኣብ ዝተቖፃፀረሉ እዋን ኣብ ኮምቦልቻ ልዕሊ 24 ሚልዮን ሊትሮ ነዳዲ ብመስዋእትነት ጀጋኑ ተጋደልቲ ዝተረከበ ናፍጣ ስኣን ቡቑዕ ናይ ምጉዕዓዝ ምሕደራ ወ/ሮ ፈትለ ካብ 12 ሚልዮን ሊትሮ ነዳዲ ኣዩ ከመፅእ ተገይሩ:: እቶም ናይ ቦጤ ሹፌራት ህይወቶምን መኻይኖምን ወኪሶም እንዳሃለው እታ ኣብ መቐለ ዝትምልአሎም ዝነበረት መጠን ነዳዲ ንኢሳትና; ኣብ መንገዲ እንታይ ከም ዘጋጥመና ኣይንፈልጥን'ሞ ንእሽተይ ኣስተያየት ይገበር ኢሎም ክጠርዑ ምስ ከዱ ሞንጀሪኖ ህልኸኛን ሓያልን ስለ ዝኾነት ናብ ዘየድልይ ሃልኪ ተኣትዩ ፀርፍታት'ውን ሸንድየን ምጉዕዓዝ ነዳዲንክቋረፅ ምኽንያት ኮይኑ እዩ:: ድሓር'ውን ሰራዊት ትግራይ ክምለስ ናይ ግድን ኮይኑ ክመፅእ ዝኽእል ነዳዲ ብሰንኪ ናይ ኣመራርሓ ምትህልላኽ ትግራይ ኸሲራ እያ:: እቲ ነዳዲ መፂኡ'ውን ምሕደርኡ ኣይክኣልኣን:: ሸዓ ንሸዓ እቲ ካብ ኮምቦልቻ ዝመፅአ ሕብሩ ፅልም ዝበለ ናፍጣ ብፀሊም ዕዳጋ ምሻጥ ተጀሚሩ:: ኣብዚ ሰዓት እዚ ዝነበረ ናይ ነዳዲ ብኽነት ግን ንትግራይ እቲ ዝዓበየ ዋጋ ኣኽፊሉ እዩ:: እስካብ እቲ ናይ መወዳእታ ኩናት ዝጅመር ቅድሚ ወርሒ ሞንጀርኖ ምንም ዓይነት ናይ ተጠባባቂ ነዳዲ ከየቕመጣ ፍሰስ ተፋሰስ; ሸርሽር እዩ ዘሎ:: 3 ሰሙን ቅድሚ እቲ ኩናት ነዳዲ ጥብቂ ቁፅፅር ዋላ እንተተገበረሉ ተሰሪቑን ተሸይጡን ምስ ተወድአ ቁፅፅር ምንም ዋጋ ኣይነበሮን:: ውግእ ምስ ተጀመረ መዳፍዕ መንቀሳቀሲ ነዳዲ ኣይነበረን: ታንክታት ኣብ ናይ ፀላኢ ኢድ ወዲቐን::ተጋደልቲ ውግእ ኣቋሪፆም ፍቕዶ እንዳ መጥሓን ምዛር ጀመሩ ካብ ጀነሬተር ዘሎ ናፍጣ ፀንቂቖም ንመዳፍዕ ንምድሓን ክብሉ:: ብሓደ ግንባር ኣብ ዝነበረ ውግእ ኣዛዚ ኣርሚ ፀላኢ ደፊኡ መፂእዎ ታንክታቱ ነዳዲ ስለዘይነበረን ንምድሓን ኢሉ ናብ ድሕሪት ናብ ከተማ መፂኡ ቅርሺ ኣተሓባቢርና ካብ ፀሊም ዕዳጋ ናፍጣ ገዚኡ ታንክታቱ ዘድሐነሉ ኣጋጣሚ ነይሩ:: ብሰንኪ ብቅዓት ኣመራርሓ ከምዚ ዝበለ ፍፃመ እዩ ተሓሊፉ ኣብቲ ቃልሲ:: ነዳዲ እስካብ ዝርከብ ኢሎም እንዳተፀበዩ ድሮን ዝወቕዕቶም: ፀላኢ ዘርከቦም ምዓት እዮም ::

ብሰንኪ ምሕደራ ሞንጀርኖ ዝፍፀሙ ጌጋታት ዓበይቲ ናይ ህይወት ኪሳራታት ዘብፅሑ እዮም ብተደጋጋሚ:: ተሓታታይነት እንትብል ከምዚ ብቲኦሪ ዝሕሰብ ኣይኮነን:: ብተግባር ጀጋኑ ተጋደልቲ ዝተዋደቑሉ ሃፍቲ እዩ ባኺኑ: ብሰንኪ እቲ ብኽነት ክንደይ ሕማቕ ነገር እዩ ኣጋጢሙ:: ክንደይ ጌጋ እዩ ሓደ ፈፃሚ ስራሕ ክጋገይ ዘለዎ ቅድሚ ዝሕተት ንዝብል ጥያቀ መልሱ ቀሊል እዩ:: ኩላቶም ኣብ ጌጋ ስለዘለው ሓደ እንተተሓቲቱ ኩሎም ስለ ዝሕተቱ ምስ ኩሉ ገበናቱ ክዕቁብዎ እዮም:: ኣብኡ እያ ዘላ ሞንጆሪኖ::

ክንድ ምንታይ ጭካነ ከምዘሎ ዝትፈልጦ ግና ጥቅምቲ 11/2015 ዓ.ግ ማእከላይ ኮሚቴ ህወሓት ካብ መቐለ ንክወፅእ ዝብል ናይ ፈፃሚት ስራሕ ሓሳብ ዝነፀገሉ ምዓልቲ ከመይ ገይርና ኢና ኣሽሓት ውቁዓት ገዲፍና ዝንወፅእ ምስኦም ኢና ክንስዋእ ዘለና ዝብል ንብዓት ዝተሓወሶ ናይ ዶ/ር ኣማኑኤል (ጥዕና ቢሮ) ዘረባ ሞንጆሪኖ "እንተቐቲልዎም እማ ኣብ ቅድሚ ዓለም ይዋረድ። ንሕና ግን ምንም ክንገብሮም ኣይንኽእልን" እየን ኢለን:: እቲ ምውፃእ ተገዲፉ እምበር ጉዳይ ጉድኣት ዝኸፍአ እዩ ክኸውን ነይሩ::

🧟‍♀️ ናይ ሞንጆርኖ ጌጋታት ካብ ናይ ኩሎም ጌጋታት ዝበዝሐ እዩ:: 60-70% መንግስቲ በይና እያ ተመሓድሮ ነይራ:: ክንደይ ህይወት : ክንደይ ሃፍቲ እዩ ተሳኢኑ ግን ድማ ተሓታታይነት የለን እስካብ ሕጂ:: ሹመት እዩ ዘሎ:: ጌጋታት ሞንጆርኖ ክንደይ ፓርት ከም ዝወፅአ ኣይፈልጥን; ኩለን ግን ከውፅአን እየ:: ናይ ሎምዓንቲ ፅሑፍ 10% ጌጋታተን ኣይመልእን::

## ክፋል 13 (ኦክቶበር 17 2023 ኣኣ ዝተለጠፈ)

ፕሬዚዳንት ፈትለ 🧟‍♀️📍📍📍

ሓንቲ  መፅሓፍ ነይራ ቀደም ዘንበብክዋ ኣርእስታ ዝጠፊኣትኒ:: ባህርያት ፅቡቓት መራሕቲ እታ መፅሓፍ እንትንትን ዝገለፀቶም ኣብነታት ገለገሊኦን ብደንቢ እየ ዝዝክረን:: መራሕቲ ንዝውስንዎም ውሳነታት ሙሉእ ሓላፍነት ይወስዱ; መራሕቲ ንፅረት ዘለዎም ሓሳባት ብምንጋር  ኣኼባታቶም የሕፅሩ ; መራሕቲ ፀገማት እንትፍጠሩ ዝተፈላለዩ ሰባት ብምምኻር ነቲ ፀገም ናብ ዕድል ይቕይሩ ; መራሕቲ ኣብኦም ዘሎ ናይ ስራሕ ፀቕጢ ዝሕግዞም ቲም ብምእካብ ስራሕ ብምክፍፋል ይሰርሑ ዝብላ ነጥብታት ከም ዝነበራ ይዝክር:: ከምዚ ክኸውን እንተሎ ኣብቲ ስራሕ ግልፅነት ስለዝህልይ መን ኣብ ምንታይ ጌጋ ሰሪሑ ኢልካ ንምፍላጥ'ውን ይሕግዘካ እዩ:: ግልፅነት እንትህልይ ተሓታታይነት እዩ ዝመፅእ:: ተሓታታይነት ኣብ ዘለዎ ግዘ ድማ ኩሉ ቀጥ ኢሉ ዝሰርሕ::

ብዙሕ ግዘ ተሓታታይነት ይምፃእ ዝብል ዘረባ ዝትሰምዖ ካብ ደጋዊ ሓይሊ ናብ ትግራይ ብዝተፍፀሙ ገበናት እምበር ኣብ ትግራይ ብተጋሩ ንዝፍፀሙ ሕመቓት ክብሃል ኣይትሰምዖን:: ገለ ዝብሃል ሓላፊ ከምዚ ገይሩ ኣብ ህዝባዊ ኣኼባታትን ሚድያታትን ብይን ቤት ፍርዲ ቅድሚ ብይን ምሃቡ ክትሰምዕ እንተለኻ ሓደ ነገር ብግልፂ እዩ ዝርአየካ:: ኣብ ትግራይ ትሓታታይነት ናይ ፖለቲካ መስርሕ እምበር ናይ እማን ንፍትሒ ጠጠው ዝበለ ኸያዶ ኣይኮነን ዘሎ? ንምንታይ? ንምንታይ እዩ ኣብ ትግራይ ጉዳይ ትሓታታይነት በትሪ ኮይኑ ዘገልግል? መልሳ ሓንቲን ሓንቲን እያ SECRECY! ምሽጥራዊነት ዝተላበሰ ስርዓት ስለዘሎ:: ኩላ እታ ስእሊ እንተይኮነትስ እሶም ዝደለይዋ ጥራይ እዮም ዘርእዩኻ:: ንባዕሎም ጌጋ እንትሰርሑ ማንም ስለዘይፈልጦ ኣብ ባዕሎም እያ ዝትተርፍ ከይተሓተቱ:: ንዕኦም ዝነሓነሕ እንተሃልዩ ኩሎም ተሓባቢሮም ናብ በትሪ ትሓታታይነት እዮም ዝኸዱ:: በትሪ ተሓታታይነት ግን በይና ኣይትሰሕን, ፕሮፓጋንዳ ተድልያ እያ:: ቀዲምካ ብህዝቢ ክተፅላእልእ ኣለካ ቅድሚ እታ በትሪ ዝትጥቀመላ:: ህዝቢ ብዝነዛሕካዮ ዘረባ ተቆጢዑ ናባኻ ብምምፃእ እዩ በትሪ ተሓታታይነት እንዶ ተጠቐም ኢሉ ክልምነካ:: ሽው ኢኻ ነታ በትሪ ትመዝዛ::

ታሕተዋይ ካድረ ኮይንካ ምሽጥራውነት ኣብ ዝነገሶ ስርዓት እንትነብር ብጣዕሚ ውፅእ ዝበለ ገበን እስካብ ዘይሰራሕኻ እቲ ልዕሌኻ ዘሎ ሓላፊ ክሽፍነልካ እዩ:: እቲ ልዕሌኻ ዘሎ እንተጥፍእ ድማ እቲ ማእኸላይ ኮሚቴ ክሽፍነልካ እዩ:: ማእኸላይ ኮሚቴ ኾይንካ ማለት ዝደለኻዮ ዓይነት ገበን ሰሪሕኻ ተታሒዝካ ናብ እኒ ኣለም ካምፕ ከይድካ ንነብስኻ ሓራ ዝተውፅኣሉ ንርእስኻ ግን ዘልኣለም ናይ ኣለም "ባርያ" ከም ዝኾንካ ዝተእምነሉ ግዘ በፂሓ ኣላ ማለት እዩ:: ዋላ ኣብ ዘይኣመንካሉ ብዓል ኣለም ኣብ ዘምፅእዎም ሓሳባት ኣብ መድረኽ ወፂእኻ ደጊፍካ ዝትካትዐሉን ኢድ ዝተውፅኣሉን እዩ ኮይኑ ዘሎ ካብ ሕጂ ድሓር:: ቀደም እገለ'ኮ ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት እዩ ተባሂሉ ይኽበር ከም ዘይነበረ ሕጂ ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ሙኻን ማለት ምስ ባርነትን ;ምስ ስልጣን ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ስለዝበልፀኒ ስልጣነይ ንክሕልው ኣብ ዘይኣመንኩሉ ኢደይ ሓፍ ከብል እየ ዝብል ነገር እንትተኣሳሰር ብጣዕሚ መሕፈሪ እዩ:: ክንደይ ዘዅርዕ ታሪኽ ዘለዎ ውድብ ህወሓት ካብቲ ዝፍለጠሉ ናይ ሞገትን ክትዕን ባህሊ ወሪዱ ናብ ጎይታይ ጎይታይ ዝብል ናይ ዓቀይታይ መንገዲ ምውራዱ ንምእማን እዩ ዘፀግመኒ::

ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ሓለቓ ፈፃሚ ስራሕ እዩ ዝብል መስመር ኣሎ ኣብ ሓዲኡ ዝተፅሓፈ:: ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ንፈፃሚ ስራሕ ናይ ምቁፅፃር ግዴታ ዋላ እንተሃለዎ እቲ ፈፃሚ ንባዕሉ እቲ ማእኸላይ ኮሚቴ ኣብ ላዕሊ ከም ዝገለፅክዎ ስለ ዘፍሽሎ እቲ ፈፃሚ ስራሕ እንታይ እንዳሰርሐ ከምዘሎ ኣሸንኳይ'ዶ ክቆፃፀር ካብቲ ፈፃሚ ዝረኽቦ ሓበሬታ ናይ ትካቦ እዩ ኮይኑ ዘሎ:: ብደረጃ ማእኸላይ ኮሚቴነት ኣብ ዘገልግለሉ ውድብ ብዛዕባ ትሓታታይነትስ ይትረፍ እታ ዝረኽባ ሓበሬታ'ውን ተመሪፃ እያ ዝትውሃቦ:: ኣብ ታሪኽ ህወሓት ኣብ ሞንጎ ማእኸላይ ኮሚቴን ፈፃሚ ስራሕን ክንድዚ ዝኣክል ርሕቐት ነይሩ እዩ ንምባል ብጣዕሚ እዩ ዝኸብደኒ:: ንባዕሉ ነቲ ውድብ ከድሕኑ ከብድቲ ሕቶታት እንትሕተቱ ብባርያነትን ብሓለዋ ስልጣንን ዘገልግሉ ኣባላት ነቲ ዝቀረበ ሓሳብ ውድቂ ብምግባር ነቲ ሕመቕ እንዳቐፀሉ ድማ ይርከቡ:: ኣብዚኣ ከም ኣብነት ኮይና ዝተገልግል ነቶም ብማእሰርትን ብመስዋእትን ዝጎደሉ ኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴን 9 ክኾኑ ዝግብኦም 5 ዘለው ፈፀምቲ ስራሕን ተወሳኺ ሰብ ነእትው ንዝብል ሓሳብ በቶም ናይ ኣለም ተነፂጎም እዮም::

ንምንታይ ዝጎደሉ ኣባላትና ንምላእ ዝብል ንውድብ ህወሓት ኣዝዩ ዝጠቅም ሓሳብ ብኢድ ብልጫ ተነፂጉ ዝብል ሕቶ ካብ ብዙሓት ከም ዝልዓል ኣይጠራጠርን:: ሓደሽቲ ኣባላት ናብ ማእኸላይ ኮሚቴን ፈፃሚን ስራሕ ንምእታው ሱቕ ኢልካ ብኣኼባ ትገብሮ ጉዳይ ኣይኮነን:: ጉባኤ ውድብ ህወሓት ክካየድ ኣለዎ:: ጉባኤ ቅድሚ ምክያድካ ድማ ገምጋም ክተካይድ ኣለካ:: ገምጋም ማለት ናብ ኣንፈት ተሓታታይነት እዩ ዝወስደካ:: ኩሉ ዝተጋገኻዮ እዩ ክዝርዘር:: ነዛ ገምጋም ንከይትመፅእ ነዊሕ ርሕቐት እዩ ተኸይዱ:: መወዳእታ ግዘ ውድብ ህወሓት ገምጋም ዝገበረትሉ ብ2012 ዓ.ም እዩ:: ኣብ ዝሓለፈ ጉባኤ ናይ ምፅዋዕ ስልጣን ዘለዎ ቁፅፅር ኮሚቴ ወረቐት ኣዳልዮም ገምጋም ምግባር ከም  ዘድልይን ጉባኤ'ውን ብህፁፅ ክግበር ከምዘለዎ ዘተሓሳሰበ እንትኸውን ኣብ ህዝቢ ብዝገበሮ መፅናዕቲ ሰብ ንውድብና ፀሊእዋ እዩ ዘሎ; ተስፋ ይቖርፅ እዩ ዘሎ ነዚ ንምስትኽኻል ድማ ጉባኤን ሰፋሕቲ ናይ ሪፎርም ስራሕቲን የድልዩ እዮም ንዝብል ሓሳቦም ከይተረፈ በቲ ማእኸላይ ኮሚቴ ተነፂጉ እዩ:: ገምጋም ናብ ትሓታታይነት ስለ ዝወስድ እዩ እዚ ኹሉ::

5 ኮይንና ንፅናሕ ዝበሉ ሰባት ግን እንታይ እዩ ኮይኖም  እታ ንምላእ ትብል ንትግራይ ትጠቅም ሓሳብ ዘይደለይዋ? ክንዲ ምንታይ ዝኣክል ጉድ ተዝስራሕ እዩ ግን ተሓታታይነትን ገምጋምን ዝፍራሕ ዘሎ ኢልካ ምጥያቕ ናይ ለባማት እዩ ዝኸውን:: እንታይ ሰሪሖም እዮም ተሓታታይነት ፈሪሖማ ዘለው ንምባል እንታይ እዮም ዝሰርሑ ነይሮም ኣብ እዋን መኸተ ኢልካ ምሕታት የድልይ::

ኣቦ ወንበር ህወሓት ዶ/ር ደብረፅዮን ከም ፕሬዚዳንት ትግራይ, ጠርናፊ ሴንትራል ኮማንድን እዩ ነይሩ:: ኣለም ገብረዋህድ መናእሰይ ኣብ ምስላፍን ኣብ ንቃልሲ ዘለዓዕሉ ፕሮፖጋንዳታት ኣብ ምልቃቕ እዩ ዝነጥፍ ነይሩ:: ጌታቸው ረዳ ኣብ ከም ቃል ኣቐባሊን ዝምድናታት ዝብል ቢሮ ተኸፊቱ ናይ ዲፕሎማሲ ስራሕቲ ይመርሕ ነይሩ:: መደብ ፀጥታ ዝምልከት ስራሕ ዝሓዘ ጌታቸው ኣሰፋ እቶም 4 ንባዕሎም እንታይ ከም ዝሰርሕ ኣይፈልጡን: ኣብ ምንም የለን:: ብናይ እማን ኣብ ምንም የለን:: ወ/ሮ ሞንጆርኖ ማሕበረ ኢኮኖሚ ዝብሃል ሴክተር ይመርሓ ነይረን:: ካብ ናይ 5 ቲኦም ሓላፍነት ናይ መን እዩ ዝዓብይ ኢለ ምጠየቕኩ መብዛሕቲኡ ናብቶም ፕሬዚዳንት ከም ዘመላኽቱ ይርድኣኒ እዩ:: ከምኡ ግን ኣይነበረን:: ደብረፅዮን ኣብ እዋን መኸተ ፕሬዚዳንት ትግራይ ኣይነበረን:: ኣብ መሬት እንትወርድ ፕሬዚዳንት ፈትለወርቅ ገብረእግዚኣብሄር እየን ንትግራይ መሪሐን:: ንምንታይ እዩ ፕሬዚዳንት ፈትለወርቅ ዝብል ዘሎ ከም ትብሉ ገሚተ ናብ ርድኢት ምፍጣር ከምርሕ::

ወ/ሮ ፈትለ ዝመርሕኦ ማሕበረ ኢኮኖሚ ማለት እንታይ እዩ ዝመርሕ ኢልካ ጠሊቕካ ምርኣይ የድሊ ነዛ ሕቶ ንምምላስ:: ማሕበረ ኢኮኖሚ ማለት ባንኪ እዩ ዝመርሕ, ንግዲ እዩ ዝመርሕ , ረድኤት ኣብ ትሕቲኡ እዩ , ማሕበራዊ ጉዳይ: ትምህርቲ : ጥዕና: ሰራዊት ሎጅስቲክስ(ዕጥቅን ስንቅን) እዩ ዝመርሕ:: ማሕበረ ኢኮኖሚ ኩለን ናይ ቁጠባ ናቑጣታትን ናይ ሰብኣዊ ሓገዝ ስራሕትን ኣብ ትሕቲኡ ዘጠቓለለ እዩ::  ኩሉ ናይ resourceን crisisን ሴክተር ወ/ሮ ፈትለ እየን ዝመርሕኦ:: ዘይነኸኦ ሴክተር የለን ምባል ይኸብድ እዩ ብሓፂሩ:: ሓደ መንግስቲ ማለት ሰለስተ ነገር ኣለዎ እዩ ዝብሃል:- ማሕበራዊ, ኢኮኖሚን ፖለቲካን:: ወ/ሮ ፈትለ በዘይካ እቲ ናይ ፖለቲካ ስራሕ(ሞቢላዜሽንን ፕሮፓጋንዳን) ንክልቲኡ ማለት ማሕበራዊን ኢኮኖሚን እየን ዝመርሓ ነይረን:: ኣብ ልዕሊኡ ድማ ናይ ሰራዊት ሎጂስቲክስ(ዕጥቅን ስንቅን) ኣብ ትሕቲኣ እዩ::ልዕሊ ኩሉ ድማ ኣባል ሴንትራል ኮማንድ ዝብል ስልጣን'ውን ሒዘን እየን:: ካብ ካልእ ግዘ ብዝበለፀ ኣብ እዋን መኸተ እቲ ዝዓበየ ስልጣን ኣለዎ ዝብሃል መን ሃፍቲ(resource) ኣንቀሳቐሰ ናብ ዝብል እዩ ዝኸይድ:: መልሳ ድማ ፕሬዚዳንት ፈትለወርቅ ገብረእግዚኣብሄር እያ ዝትኸውን:: ኣብ ደብረፅዮን ዝነበረ ስልጣን ምስ ናይ ፕሬዚዳንት ፈትለ ንክተነፃፀር'ውን እዩ ዘይጥዕም::

ግርም እዩ ዝብለካ ክንዲ ምንታይ ዝኣክል  ስልጣን ፕሬዚዳንት ፈትለ ከም ዘለወን ክትሓስቦ እንተለኻ::

ንደብረፅዮን ትእዛዞ ጥራይ እንተይኮነስ ንሳ ዝበለቶ እዩ ዝፍፀም :  ንስራሕ ፈፃሚ ተሸከርኪሮም እያ ምባሉ ምግናን ኣይኮነንን : ንወታደራዊ መራሕቲ ካብ ምእዛዝ ሓሊፉ ክተፈራርሕ ብዓይነይ ዝርኣኽዎ ጉዳይ እዩ: ንኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴ ምፃረፍ ብዙሕ ዘደንቕ ኣይኮነን፡፡ ፊት ንፊት ዝጋፈጡ ሓደ ሓደ ኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴ ዋላ እንተሃለው ዝተረፉ ግን ስልጣኖም ንምሕላው እንዳተፀረፉ እዮም ርእሶም ዘድንኑ::

ፕሬዚዳንት ፈትለ እዚ ኩሉ ስልጣን ዝሓዝኦ ግን ፍሉይ ዓቕሚ ስለዘለወን ድዩ ኢልካ ምሕታት ኣብዚ ዘድልይ ይመስለኒ:: ናይ ውልቀ ስብእና ኮነ ካልእ ግላዊ ጉዳያት ፕሬዚዳንት ፈትለ ምልዓል ፀለመ ስለ ዝኸውን እስካብ ሕጂ  ንዘይምውጋዕ ዋላ እንትፈተንኩ ብተደጋጋሚ ኣብ ብዙሕ ቦታ ስለተጋጥም ሓንቲ ባህርይ ግን ከዛረብ ዝግደድ ይመስለኒ ኣብዚ::  ናይ ምፅራፍን ምፍርራሕን ፀገም ካብ ዘይብሎም ሰባት ሓደ እያ:: ልዕሊ ኩሉ ንፕሬዚዳንት ፈትለ ዘፍርሐን ነገር እንተሃለወ ተሓታታይነት ዝብሃል ነገር ከም ዝኾነ ፍሉጥ እዩ:: ኣለም'ውን ከም ፕሬዚዳንት ፈትለ ኣብ ትሓታታይነት ዘለዎ ኣቋም ብጣዕሚ ዝመሳሰል እዩ:: ክልቲኦም ሓደ ዝገብሮም ክንዲምንታይ ዝኣክል ሴክተራት እንዳመርሑ ፊርማ ዝብሃል ነገር ብዝተኽኣለ መጠን ይርሕቑ እዮም:: ትሓታታይነት ንከይመፅእ ፊርማ ኣይፍርሙን ::  ንኣብነት ፕሬዚዳንት ፈትለ ሓላፊት ኮማንድ ማሕበረ ኢኮኖሚ ኮይነን እዚ ኹሉ ናይ ሎጂስቲክ ሃፍቲ እንትመሓደር ካብ ብቃል ምእዛዝ  ወፃኢ ብደብዳቤ ፅሒፈን ዘሕለፈኦ ትእዛዝ የለን ተተብሃለ ምግናን ኣይኸውንን።  እቶም ተኣዚዞም ዝፍፅሙ በቢ ደረጅኡ ዘለዉ ማሓውር ድማ ናይ ኦፐሬሽን ሰባት ስለዝኾኑ ሳኣን ፊርማ እቲ ኩናት ወይ ካልኦት ስራሕቲ ኣብ ሓደጋ ከይወድቕ ዝመፅ ይምፃእ ብምባል ኩሉ ዓይነት ትእዛዝ ይፍፅሙ ነይሮም። እዚ ኣካይዳ ኣብ እዋን መለስ ዜናዊ ፕሬዚዳንት ፈትለ ሓላፊት ንግድን ኢንደስትሪን እንዳሃለወት እንተላ ብስሚንቶ ምጥፍፋእን ኣድልዎትን ዝብል ኽሲ ምክትል ቢሮ ሓላፊት ን15 ዓመት እስራት ተፈሪድላን ካልኦት ብርክት ዝበሉ ፅዕንቶ ዝሓደሮም ሰራሕተኛታት እቲ ቢሮ ፀገም ከም ዘስዓበ ዝፈልጦ እዩ ዝፈልጦ::

ደብረፅዮን ግን እዚ ኩሉ ስልጣን ፕሬዚዳንት ፈትለ እንትትሕዝኦ ሱቕ ኢሉ ድዩ ዝርእይ ዝብል ሰብ ኣይስኣንን:: ኣብ ሞንጎ ክልቲኦም ዘሎ ርክብ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ ዝኸውን:: ፕሬዚዳንት ፈትለ ኣብ ልዕሊ ደብረፅዮን ዝዓበየ ፅዕንቶ ዝተሕድር ሰብ ይመስለኒ:: ዘምፅኦቶም ሓሳባት ዳርጋ ንኩሉ እዩ ዝቕበሎ:: ኩሎም ፖሊሲታትን ምምሕዳርን እቲ ኹናት ብፍላይ ድማ ድሕሪ ሰነ 21/2013 ዝተኻየደ ሓባራዊ ፖሊሲ፣ቅዋምን ምምሕያሽ ሕገ ደምቢ ኮማንድ ፖስትን ጠቕሊለን ዘመንጭዩኦን ንሰን ከም ዝኾና ብዙሕ ሰብ ዝፈልጥ ኣይመስለንን:: ናይ ደብረፅዮን ድምፂ ከምዝውሃበን ርግፀኛ ዝኾና ፕሬዚዳንት ፈትለ ንኣለም ናይ ምእማን ፀገም ዘለወን'ውን ኣይመስለንን:: ሓባራዊ ቅዋም ፈፃሚ ስራሕ ተባሂሉ ዝስማዕ ዘረባ'ውን መብዛሕቲኡ ግዘ ናይ 3-2 ብድምፂ ምስዓር ውፅኢት ዝህልዎ በዚ ምኽንያት እዩ::

ግን ደብረፅዮን እቲ ዘለዎ ቅርበት ምስ ፕሬዚዳንት ጥራይ ድዩ ሒዝዎ እዚ ኩሉ ስልጣን እንትዓትራን ነገራት እንዳተበላሸዩ ዋላ ክዛረበን ዘይክኣለን? እሱ ጥራይ ኣይኮነን:: ነዚኣ ሕቶ ንምምላስ ግን ሓደ ሰብ ክነልዕል ንግደድ ኢና ኣብዚ:: ሃይለ ሊባኖስ:: ብዙሕ ሰብ ዋላ እንተዘይፈለጦ ሃይለ ሊባኖስ ኣብቲ ዝበፅሐ ናይ ትግራይ ፖለቲካዊ ውድቀት ዓብዪ ቦታ ዘለዎ ሰብ ኮይኑ ኢኻ ትረኽቦ:: ሃይለ ሊባኖስ ማለት ናይ ፕሬዝዳንት ፈትለ ናይ ቀረባ ሰብ እዩ ነይሩ:: ክርድኣኩም ምእንተ ብጣዕሚ ናይ ቀረባ ሰብ 🥰 እዩ ነይሩ ኢለ ክደግሞ:: ኣብ ኩሉ ዓበይቲ ናይ ሃፍቲ ምንቅስቓሳት ነተን ፕሬዝዳንት ወኪሉ ዝትረኽቦ ሰብ እዚ ሰብኣይ እዩ ነይሩ:: ነቲ ቐርበት ተጠቒሙ ድማ ዓበይቲ ምጥፍፋኣትን ገበናትን ካብ ዝፈፀሙ ሰባት እቲ ብቐዳምነት ዝስራዕ ሃይለ ሊባኖስ እዩ ነይሩ:: ኣብ ኮምቦልቻ ዝተረኽበ 24 ማልየን ሊትሮ ናፍጣ ዝመርሖ ዝነብረ ሃይለ ሊባኖስ እንትኸውን እቲ ዝመፅአ ነዳዲ ኣብ ዕዳጋ ኣውፂእዎ ከም ዝነበረ ዝፍለጥ እዩ:: ብሰራዊት ትግራይ ካብ ፀላኢ ዝተመንዝዑ ማሽነሪታትን ተሽከርከርትን ኣብ መኾኒ እንትዕጎዳ ከመሓድረን ዝተመረፀ ሰብ ሃይለ ሊባኖስ እዩ ነይሩ:: ኣብተን ኣብ መኾኒ ዝተኣከባ ተሽከርከርቲ ዘጋጠመ ሓደ ጉዳይ እንተነበረ እተን ተሽከርከርቲ ናብ መቐለ እንትመፅኣ ምስራሕ ይኣብያ እየን ነይረን:: ሽዑ ኣብ ሓደ ንኡስ ገምጋም ብዛዕባ እተን ተሽከርከርቲ ምፅራይ ክግበር ተሓቲቱ ነይሩ እዩ ካብ ሓደሓደ:: ሰፊሕ ዝብሃል ናይ ስፔር ፓርታት ስርቆት ዝተኻየደሉ ጉዳይ እዩ እዚ:: ምፅራይ ይካየድ ምስ ተብሃለ ግን ሃይለ ሊባኖስ ካልእ መደብ እዩ ተዋሂብዎ ኦዲት ቅድሚ ምግባሩ:: እቲ ዝዓበየ ጌጋን ኪሳራን ኣብ ናይ ትግራይ ታሪኽ ነዚ ስዒቡ መፂኡ::

በቲ ሽዑ ግዘ ኣብ ሱዳን ዝነበረ ኣካል ሰራዊት ትግራይ ዝመርሕ ዝነበረ ጀነራል ፍስሃ ማንጁስ ናብ ትግራይ ንክመፅእ እንትእዘዝ ጀነራል ወዲ መድህን ድማ ንዕኡ ክትክእ ናብ ሱዳን ተልኣኸ:: ኣብታ ኣውሮፕላን'ውን ሃይለ ሊባኖስ ክንደይ ከም ዝኾነ ኣብ ሰነድ ዝተመዝገበ ናይ መንግስቲ ትግራይ ኩንታላት ወርቂ ተሸኪሞም ናብ ሱዳን ኣቕንዑ:: ኣብ ናይ ሰላም ኣስከባሪ ስራሕ ኣብ ሱዳን ዝተቀላቐሉ ነባር ተጋደልቲ ኣብ ዕድጊት ነቲ ኩሉ ከም ዝፈልጠ ብኣየር ዝመፅእ ዝነበረ ተተኮስቲን ጥይታትን ካብ ፀሊም ዕዳጋ እንዳገዝኡ ፅቡቕ ስራሕ ይሰርሑ ዋላ እንተነበሩ ንምንታይ ከም ዝኾነ በቲ እሶም ዝጀመርዎ ዝሰርሕ መስመር ክንዲ ዝቕፀል እቲ ዕድጊት ብእኒ ወዲ መድህንን ሃይለ ሊባኖስን ንክኸውን ተኣዚዙ እዩ:: ኣብዚ ሓደ ቻይና ናይ ፀሊም ዕዳጋ መሳርያ ደላላ መፂኡ ዝርርብ ብምክያድ ፍርቂ ከባቢ 6.7 ሚልየን ዶላር አእትዮምሉ ድሓር ግን ሙሉእ ተዘይኮይኑ ኢሉ ምስ ዓንጨቐ ልዕሊ 10 ሚልየን ናይ መኸተ ዶላር ኣታዊ ተገይርሉ እዩ ናብ ኣካውንቱ:: ነቲ ቅርሺ ሒዙ'ውን ጠፊኡ እዩ መሳርያ ከየረከበ:: ሃይለ ሊባኖስ'ውን ነተን ናይ ህዝቢ ወርቂ ሒዙ ጠፊኡ እዩ:: ኣብ ለንደን ዓበይቲ ገዛውቲ ገዚኡ ይነብር ኣሎ ዝብል ዘረባ ሰሚዐ እየ:: ነቲ ዕድጊት ብላዕለዋይ ኣካል ዝምርሕኦ ፕሬዝዳንት ፈትለን ደብረፅዮንን እዮም ነይሮም:: ወዲ መድህን ግን ኣይውዓለላን ይመስለኒ ኣብ ትግራይ እዩ ዘሎ: ሽሕ ግዘ ኣብሊዕኻና ዝብሉ ሓሜታት ዋላ ካብቲ መሪሕነት እንተመፅኡ::

ቅድሚ 4-5 ኣዋርሕ ይመስለኒ GSTS ምስ ደብረፅዮን ኣብ ዘዳለዎ መድረኽ ሓንቲ ካብ ዝተጠየቐት ሕቶ እቲ ናይ መኸተ ቅርሽና ኣበይ ኣሎ ዝብል እያ ነይራ:: ደብረፅዮን ድማ  ስርዓቱ ነፅርዮ ኣለና ኢና ብሕጊ ዝንከታተሎ ጉዳይ ኣለና ክብል መሊሱ ነይሩ:: እዚ ግን ፃዕዳ ሓሶት እዩ:: ንናይ ፀረ ድሮንን ካልኦት ተተኮስትን ጠያይትን ዕድጊት ብፀሊም ዕዳጋ ካብ ሓደ ቻይናዊ ክንገዝእ ኢልናስ ተቀፂዕና ኢሎም ከይኸስሱ ብናይ ዓለም ለኸ ሕጊ ብናይ ጦር ወንጀለኛ ኽሲ ንባዕሎም እዮም ክኽሰሱ:: እዚ ሰልዲ እዚ ምንም ተስፋ ዘይብሉን ዳያስፖራ ትግራይ ርሂፁ ዘምፅኦ ሰልዲ ዝተቐርመሞ ዓብዪ ገበን እዩ ተሰሪሑ:: ኣብዚኣ ደብርፅዮንን ፕፈትለን እዮም ብቀንዲ ዝመርሕዋን ክጥየቑ ዝግብኦምን:: ተፈራሪሖም ዝኸዱላ ቀንዲ ምኽንያት'ውን እዚኣ እያ: ክልቲኦም ዘጥፍእዋ ጥፍኣት ኣሎ እዩ ኣብዚ::እዚ ናይ ቅርሺ ምጥፍፋእ ተገይሩ ጥራይ ግን ክሕሰብ የብሉን:: ሰራዊትና ፀላኢ ደምሲሶም ተቶካሲ ብምውድኦም ኣንሳሕቡ ዝተብሃልሉ ውግኣት ነይሮም እዮም:: ክንደይ ሰብ ብሰንኪ ሕፅረት ተቶካሲ ከም ዝተሰውአ ምሕሳቡ'ውን እዩ ዝኸብደኒ::

እቲ ብፕሬዚዳንት ፈትለ ዝርአይ ሽልልተኝነት ድዩ ዓቕሚ ምንኣስ ድዩ ቅንዕና ጉድለት ንዝብል ሕቶ መልሲ ዋላ እንተስኣንኩሉ ከቢድ ዋጋ ከምዘኽፈለና ኣፀቢቐ እየ  ዝፈልጥ:: እታ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ተስፋ ዘቁረፀትኒ ፍፃመ ግን ኣብታ ናይ መወዳእታ ውግእ ዘጋጠመት ጉዳይ እያ::

ምስታ ናይ መወዳእታ ውግእ ብዝተሓሓዘ ኩላትና ከቢድ ናይ ነዳዲ ሕፅረት ፀገም ኣጋጢሙ ከም ዝነበረ ኣብ ዝሓለፈ ገሊፀ ነይረ:: ታንክታት ኣብ ሓደጋ ወዲቐን, ውቑዓት ብሰንኪ ነዳዲ ክመላለሱ ኣይክኣሉን:: ናብ እንዳ መጥሓን ከይዶም ተጋደልቲ ታንኪ ንምድሓን ካብ ጀነሬተር ምፅንቃቕ ጀሚሮም:: ናብ ታንክታት ብሃይላንድ ዝተገዝአ ነዳዲ ምቑርቃር ተጀመረ:: ዝተወሰና ኣድሒኖም: ብርክት ዝበላ ግን ኣብ ኢድ ቁፅፅር ፀላኢ ኣትየን እየን:: ድሕሪ ከቢድ ደማዊ ንሕንሕ ጥይት ኣብ ዝወዳእናልን ብደንጎላ ኣብ ዝተብሃለሉን ስዓት ውግእ ደዉ ይበል ተብሃለ; ፕሪቶርያ ተፈረመ::

ግዚያዊ መንግስቲ ተጣዪሹ ጌታቸው ረዳ ፕሬዚዳንት ምስ ኮነ ድሕሪ ሰሙን ኣብ ኣግበ 380,000 ሊትሮ ነዳዲ ተረኺቡ:: ክንደይ ፀገምን መስዋእትን ዝተኸፈለሉ ምኽንያት ስእነት ነዳዲ እንዳሃለወ ኣብ ግዝኣትካ ክንድዚ ነዳዲ ምርካብ ዘደንገፆም ይመስለኒ እቶም ዝረኸብዎ ሰባት በቲ ስዓት እሱ:: ታይ እዩ እዚ ተባሂላ ምስ ተሓተተት ነበር ፕሬዝዳንት ፍትለ  "ንናይ ቢሮ መኻይን ባክኣፕ ንክኸውን ዝተቐመጠ እዩ" ኢላ ምንም ከም ዘይኮነን ኣብቲ ውግእ ዝነበረ ፀገም ነዳዲ ከምዘይ ፈልጥኦን: መተሓባባሪት ሎጅስቲክስ ዝብል ሓላፍነት ከም ዝተሸከመት ብምርሳዕ::ሕሰብዎ' ሞ ክንደይ ታንክታት ስኣን ነዳዲ ከም

ዝተመንዛዕና, ክንደይ መዳፍዕ ከም ዝተረፋ, ክንደይ ቆልዑ ነዳዲ ካብ እንዳ መጥሓን ብዖቶም ኣሊሾም እስካብ ዝመፅኡ ምስተን መኻይን ፀኒሖም ድሮንን ፀላኢን ከም ዝቐተሎም, ክንደይ ጉዱኣት ተጋደልቲ ናብ ሕክምና ብዘይ ምብፅሖም ከም ዝተሰውኡ? እቲ Priority, ናይ ቢሮ መኻይን ዝጥቀማሉ ነዳዲ ልዕሊ ኩሉ እቲ ዝነበረ ፀገም ክርድኣካ ኣይክእልን:: ብሓደ ዲና"ሽ ንቃለስ ነይርና ኢልካ ንክትሓትት ግን ይገብረካ እዩ::
ግዚያዊ መንግስቲ ደረሰኝ ሂቡ ንሞንጆሪኖ ተረኪብዋ ነቲ ነዳዲ:: ❗ EVIDENCE ❗
Edit:- ዝረሳዕኹዋ; ነበር ፕሬዚዳንት ፈትለ ነቲ ንግዚኡ ክፍቲ ዝኾነ መካየዲ ስራሕ ትእምት ዝብል ቦታ ንክወሃበን ብደብረፅዮን ገይረን ክልተ ጊዘ ፈቲነን እየን ግዚያዊ መንግስቲ ካብ ዝጣየሽ ጀሚሩ:: ኣብዚኣ ጌታቸው ረዳ ክንደይ ሃፍቲ ህዝቢ ትግራይ አፅኒኺስ ደጊምኪ ናብ ሃፍቲ ዘለዎ ቦታ ተመዲብኪ ክተመሓድሪ ክትሓስቢ ኢሉ ኣትሪሩ ብምቅዋሙ ከይተሳኸዐለን ተሪፉ እዩ::
🚨ብዝኾነ, ድሕሪ እዚ ፅሑፍ እዚ ናብ ትግራይ መሊሰ ክኸይድ ከምዘይክእል ይፈልጥ እየ ሓደ ለውጢ እንድሕር ዘይመፂኡ:: ግቡኣይ ተዋፂአ እየ ኢለ ግን ኮሪዐ እየ ዝኣምን:: ትግራይ መሕፈሪ ዓይነት ናይ መሪሕነት ውድቀት እዩ ኣጋጢምዋ ዘሎ:: 13 ክፋላት ፅሑፋተይ ዘንበበ ብዝተወሰነ መልክዑ እቲ ፀገም ኣበይ ከምዘሎ ተረዲእዎ እዩ ኢለ ተስፋ ይገብር:: ሓበሬታ ዘይብሉ ህዝቢ ንሳቶም ብዝህብዎ ሓበሬታ ተደሪኹ ናብ ካልእ ዝኸፍአ ፀልማት ክኣትው ኣይደልን:: ነዊሕ ግዘ ነቶም ሓቅታት ፈሊጠ ሱቕ ብምባለይ ናብ ከቢድ ጭንቂ እየ ኣምሪሐ ነይረ: ሕጂ ግን ክኣልዎ ምሳይ:: ገና ድማ ፍርቂ'ውን ኣይበፃሕኹን:: ንምንታይ ኢልና ክንሓትት ኣለና ኩሉ ግዘ:: ንምንታይ እዩ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ናብዚ ወዲቑ ኢልኩም ሕተቱ:: መድኸሚን ሓደገኛን ዝኾነ ስራሕ ከም ዝጀመርኩ ይርድኣኒ እዩ:: ግን ድማ ፀገም ምርኣይ ሰልችዩኒ:: እዞም ኣመራርሓ ኣብ ወንበር እስካብ ዘለው ፀገማት ህዝቢ ትግራይ ክናውሑ እዮም:: ፀገማቱ ንክናዋሕ ዝጥቀሙሉ ቀንዲ መሳርሒ ጠመንጃ እንተይኮነስ ኢንፎርሜሽን ብምዕፃው እዩ ዝኸውን ዘሎ:: ኣነ ግን ከውፅኣን እየ ኩለን:: ድሕሪ እዚ ኩሉ ህልቀት እታ ዝነኣሰት ነገር ህዝብና ክረኽባ ዘለዎ ሓበሬታ እያ ትኸውን:: መራሕቱ ክፍልጦም ኣለዎ:: ኣብሊያሞ እዮም::
📍ብጣዕሚ ዝደኸምኩሉ ስራሕ ስለ ዝኾነ ናብ ብዙሕ ንክባፃሕ ክንዲ ዝክኣልኩሞ SHARE ግበርዎ ነዚ ፅሑፍ:: ኩሉ ትግራዋይ ክፈልጦ ኣለዎ::ትሓታታይነት ንክመፅእ ኩሉ ክትቀላልያን ኩሉ ድማ ገበናት መራሕቲ ክፈልጥ ኣለዎ.

## ክፋል 14 (ኦክቶበር 22 2023 ኣኣ ዝተለጠፈ)

HQ

ሓደ ዓዲ ዝቕየር እቲ major resource እንተተሓሒዙ እዩ:: Major Resource እቲ ኣብ ትግራይ መንእሰይ(18-40) ማለት እዩ:: ጉልበት: ፍልጠት: ተስፋ ኩለን እተን ዓቕምታት ኣብዚ እየን ዘለዋ:: ብዴሞግራፊ'ውን እዚ እዩ እቲ ዝዓበየ ክፋል ናይቲ ማሕበረሰብ :: ዝኾነ ውድብ ኮነ መንግስቲ ዕላምኡ ከሳኽዕ እንተድኣ ደልዩ ነዚ ናይ መንእሰይ ሓይሊ ወሳኒ ናይ ፖለቲካን ናይ ኢኮኖሚን ሓይሊ ክይገብርካ ማሕበረሰብ ክትቅይር ኣይትኽእልን:: ህወሓት ሎሚ ነዚ'ዶ የንፀባርቕ? ኣብ ዝሓለፈ ዶ/ር ደብረፅዮን "ውድብ ህወሓት ናይ መናእሰይ ክንገብራ ኣለና ኢሎም ነይሮም:: ከምዚ ድያ ግን ውድብ ህወሓት? መርኣያ ናይቲ ሕብረተሰብ ድዮም ግን እቶም ኣብ ውሽጢ ዘለው? NO ዝብሉ ሰባት ድዮም ዝፋተው ወይስ እሺ ዝብል :: No ዝብል ሰብ ኣይጠልመካን እዩ:: ኣብ ብጣዕሚ ዘድልዩኻ ናይ ቁርፂ እዋንካ NO ዝብል ሰብ ካብ ጎንኻ ኣይፍለይን:: ሓሽከር እዩ ዝጠልመካ:: ስሑል ምካኤል'ኮ ሓሽከር ናይ እንዳሃይማኖት ነይሩ እስካብ እታ ዝቀተሎም ምዓልቲ:: ጥንክር ኢለ እየ ኽዛረቦ:: ሓሽከር ኩሉ ግዜ ብጣዕሚ ሓደገኛ እዩ:: ከም ሓሽከር ዕድል ክረክብ እንተሎ ጨካን ሰብ የለን:: ኣብቲ ውድብ'ውን ከምዚ ዓይነት ባህርያት ኢኻ ትዕዘብ ብብዝሓት ሎሚ:: NO ዝብል, independent ዝኾነ; ኣብ መሰረታዊ ናይ ትግራይ ረብሓ ፅኑዕ መርገፂ ዘለዎ; ኣብ ናይ ባዕሉ ቅዋም ግን ጠጠው ዝበሉ ሰባት ትረክብ'ዶ ከም ልብኻ ኣብ'ታ ውድብ ሎሚ? ሓንቲ መመዘኒት ኣብዚ እቲ ሰብ ሓራ ዝውፅእ (independent thinker ) ድዩ ወይስ እሱር እዩ? እንድሕር ዘተብሃሎ ዝገብር ጥራይ ኮይኑ'ኮ ተወሳኺ ሰብ'ውን ኣይኮነን ማለት እዩ:: ዝተብሃላ ጥራይ ዝገብር እንተኾይኑ ግብኣት ኣይኮነን ማለት እዩ:: Plus + ኣይኮነን እንድውም minus- እዩ:: ንዕኡ ከትመሓድር ግዘኻ ትውድእ ኢኻ ::

ውድብ ህወሓት መርኣያ ናይ ሕመቕ ድዩ ኮይኑ ዘሎ እቲ መሓውር ወይስ መርኣያ ፅቡቕ ነገር ንዝብል ሕቶ ባዕልኩም እስከ መልስዋታ:::

ኣብ ትግራይ ሕጂ ምዓት ዓይነት ስርቂ ኣሎ:: ናይ ፀጥታ ምዓት ችግራት ኣለው:: ዋና ቅርንጫፍ (Headquarter(HQ)) ዘይብሉ ምንቅስቃስ የለን:: ፅቡቕ ምንቅስቃስ HQ ኣለዎ: ሕማቕ ምንቅስቓሳት'ውን HQ ኣለዎም:: ናይዞም ኩሎም ንሰምዖም ዘለና ሕማቓት HQ ኣበይ እዩ ኢልና ክንሓትት ዘለና ይመስለኒ:: ዓበይቲ ብውልቀ-ሰብ ደረጃ ክስርሑ ዘይክእሉ ገበናት እንዳተሰርሑ እንዳርኣና እገለ እዩ ኢልካ ንውልቀሰባት ምውንጃል ትኽክል ኣይኮነን:: ንኣብነት እቲ ናይ ሓፂን መፂን ዝተብሃሎ ስርቂ ንምፍላጥ ኣበይ እዩ ዘሎ እቲ HQ ምፍላጡ ኣገዳሲ እዩ ዝኸውን:: ሓደ ኣካል ኣይኮነን ዝሰርሖ ነዚ: ምዓት ሰባትን ምዓት ኣካላትን ዝተሳተፉሉ ስራሕ እዩ ዝኸውን ዘሎ:: መዘክር ትልዕል ኢሉ ሓፂን ከሰርቕ እንተበለ ኣይክእሎን:: ሓፂን ናይ ምቑራፅ ክእለት ከድልየኒ እዩ: ካብ ቦታ ናብ ቦታ ነቲ ሓፂን ናይ ምሕላፍ ፍቓድ ወረቐት(ይለፍ) ክህልወኒ ይግባእ:: እዚ ማለት ሓደ HQ ኣለዎ እዩ ማለት እዩ:: መን እዩ ነዚ ፍቓድ ይለፍ ዕሒፉ Greenlight ዝሃበ? መን እዩ ምስቶም ተራ ኣብ ታሕቲ ዘለው ሰባት organized ብዝኾነ መንገዲ ዝመርሖ? ንስረቕ ኢሉ ናብ ስራሕ ዝኣተወ ኣበይ ዘሎ ኢሊት እዩ? ኣብ ዝኾነ movement ዝኾነ ዝመርሖ elite ኣለዎ እዩ:: Where is the HQ? ነቲ HQ ከይሓከምካ ስርቂ ክተጥፍእ ኣይትኽእልን ኢኻ:፣ነቲ HQ ከይሓከምካ ሰላምን ድሕንነትን ክተረጋግፅ ኣይትኽእልን ኢኻ፣ነቲ ሕማቕ HQ ከይሓከምካ ማዕረ ዝኾነ ዕድል ኮነ ማዕረ ዝብሃል ውሕስነት ክተረጋግፅ ኣይትኽእልን ኢኻ::

ኣብ ዓድና ንዘጋጥሙ ዘለው ሕመቓት ኣበይ እዩ ዘሎ እቲ HQ? ክብደት እቶም ገበናትን እቶም ዝሳተፉ ዘለው ሰባት እንትትርእዮም እቲ ሓላፍነት ኣብ ሓደ ኣካል እዩ ዝወድቕ:: እቲ ኣብ ዓድና ዝመርሕ ዘሎ ፓርቲ እዩ HQ ናይቶም ኩሎም ሕመቓት ኮይኑ ዘሎ:: ኣብኡ ዘይምሃለወ ምመከቶ ነይሩ ግን ድማ እቲ ዕግርግርን ሕንፍሽፍሽን ስለዝደለዮ HQ ኮይኑ እዩ ዝቕፅል ዘሎ:: እቲ ፀገም ኣብቲ HQ ከምዘሎ ካብ ፈለጥና ነቲ HQ ከይሓተትና ዝልወጥ ነገር ከም ዘየለ ክንርዳእ ይግባእ:: ነቲ HQ ከይናጋዕኻ ዝቅየር ነገር የለን:: ናይ ፀጥታ ፀገም ኣሎ: ናይ ውልቀ እስርቤታት ኣለዋ: ብረት ትሽይጡ: መሳርያ ተሽይጡ: ሰባት ተመሓላለፉ... ንምንታይ እዩ ከምዚ ዘሎ? GREEN LIGHT ዝህብ HQ ኣሎ እዩ ማለት እዩ:: ቤት ፅሕፈት ህወሓት!!!

ቤት ፅሕፈት ህወሓት እንታይ እዩ ስርሑ? ንምንታይ እዩ እቲ ሓያል ዝብሃል ስልጣን እዚ ቤት ፅሕፈት ሒዝዎ?

ኣብ በረኻ እንዳሃለና ምስ ጌታቸው ረዳ ከበድቲ ግዜያት ኢና ኣሕሊፍና:: ብዙሕ ኢና ኣዋጊዕና:: ብጣዕሚ ኢና ተቖራሪብና:: ናይ ሎምዓንቲ ዘለኒ ናይ ፖለቲካ ትግራይ ርድኢት ሓፍ ንክብል ጌታቸው ረዳ ዓብዩ ቦታ እዩ ዘለዎ:: ክልቲኣና ሓሳባት ኣብ ንለዋወጠሉ ኣብ ዝነበርናሉ ግዜያት ይዝክር ኣብቲ ቤት ፅሕፈት ንዝነበሩ ኣሰራርሓታት ሰኺፈት ከም ዝነበሮ እየ ተረዲአ:: መቐለ ምስ ኣተና ብደንቢ ክቃለሶም እየ ከቃልዖም እየ ይብል ነይሩ ብዛዕባ ቤት ፅሕፈት ህወሓት እንትልዓል::ኣብ ቤት ፅሕፈት ህወሓት ኣትዩ ኣብ ዘይፈልጠ ጉዳይ ኣትዩ ይውስን ከም ዝነበረ እየ ዝፈልጥ:: ዝገርመኒ መቐለ ምስ ኣተና ክቃለሶም እየ ከቃልዕ እየ እንዳበለኒ ዝኸረመ ጌታቸው ናብቲ ሞቓት ምስ ኣተወ ኣይተቓለሶምን:: ነቲ status quo እዩ ኣቐፂልዎ::

ጌታቸው ረዳ ክቃለሶ ዘይክኣለ ቤት ፅሕፈት ህወሓት ግን ስልጣን ካበይ ዝተፈልፈለ እዩ? ሓደ ቦታ ክፍቲ እንትኸውን ኩሉ ምሓውር ሓላፊ እቲ ቤት ፅሕፈት ኣለም ስለ ዝፈልጥ ስም ዝርዝር ሒዙ ይቐርብ:: ኩሉ ምሓውር ክብል እንተለኹ እስካብ ናይ ወረዳ ፅሕፈት ቤት ናይ ጥዕና ሓላፊ : ናይ ወረዳ ቢሮ ትምህርቲ... ዝብል እዩ ዝወርድ:: ነዚ ናይ ኣለም ናይ ምደባ ሊስት ዘጠናኸሩን ዝኣኻኽቡን ናይ ባዕሉ ሰባት ዘለውዎ እንትኸውን እገለ ጅግና እዩ እገለ ተቓላሳይ እዩ እንዳተብሃለ እዩ ሰብ ዝራጎድ:: ካልእ'ሞ ይትረፍ ስራሕ ፈፃሚ ጥራይ ክምድቦም ንዝግብኡ መደባት ዝርዝር ሽማት ሒዙ ዝመፅእ ኣለም እዩ:: ከምኡ እንትገብር መብዛሕቲኡ ግዘ እቶም ዝተሓረዩ ሹማት ከም ዝፀድቁ ምንም ኣየጠራጥርን:: እዚ ኣሰራርሓ ነዊሕ ግዘ ኣይተ ኣለም ምስ ሰርሕዎ ናይ ዝደለኽዎ ክገብር ይኽእል እየ ዝብል ድፍረት ወኒኖም እዮም:: ህዝቢ ኣሳቒዩ ዝፀንሐ ናይ ዓለም ሕማቕ ዝብሃል ሰብ: ብስርቂ ዓለም ሙሉእ ዝፈልጦ ሰብ ንኣይተ ኣለም እስካብ ዝተልኣኣኽ ቦታ ክቕየር እዩ እምበር ክንዲእቲ ዝሰርሖ ሕመቕ ብሕጊ ዝሕተተሉ መንገዲ የለን:: እቲ ፈፃሚ ስራሕ ናይቶም ሕማቕ ዝሰርሑ ኣመራርሓ ገበን እንተዘኪሮሞ እቲ ምደባ ቻሌንጅ ገጢምዎ ክንፀግ እዩ:: መብዛሕቲኡ ግዘ ግን እቶም ፈፀምቲ ስራሕ ዘይዘከሩ ኮይኖም ወይ እቶም ኣመራርሓ ዝሰርሕዎም ሕመቓት ብዘይምፍላጦም እቶም ህዝቢ ዘሳቐዩ ሓሻኽር ኣለም ናብ ካልእ ሓላፍነት ክምደቡ እዮም::

ደብረፅዮን ድልየቱ እንተበለ ዋላ ኣቦ ወንበር እንትኾነ ማንም ሰብ ኣይሰምዖን እዩ:: ደብረ ፅዮን ኣይኮነን ክምድቦ ናብታ ዝደልያ ዕብየት ወይ ጥቕሚ ዘለዋ ስራሕ; ኣለም እዩ:: ናይ ኣለም ልዕሊ ማንም ሰብ ስልጣን ንክህልዎ ዝገበረቶ'ውን እዚኣ እያ: ሰባት ናይ ምምዳብ ስልጣኑ:: ኣለም ሓንቲ ነገር እንተይሉ ብእንጀርኦም ስለዝመፅእ ሃህ ኢሎም እዮም ዝሰምዑ ኩላቶም:: ኣብዚ ምስ ናይ ግዚያዊ ምምሕድዳር መራሒ ሰባት ምርኣይ ትኽእሉ ኢኹም:: ጌታቸው ፕሬዚዳንት ኮይኑ ካብ ዝመደቦም ሰባት ህወሓት ዘይኮነ ሰብ ኣሊሽኩም'ውን ኣይትረኽቡን:: ኣይተቃለሰን ኢለ ነይረ ግን ድማ ልቢ ኢለ ምርኣይ ጀሚረ:: ህወሓት ዝኾኑ ዋላ እንተሾመ ብናይ ኣለም ኢድ ዝተሓረዩ ሰባት ኣይኮኑን ዝመፅኡ ዘለው; ባዕሉ ጌታቸው እዩ እቲ ናይ ምምዳብ ቦታ ወሲድዎ ዘሎ::

እታ ናይ ምምዳብ ዝትብል ናይ ኣለም ገብረዋህድ ስልጣን ንመጀመርያ ግዘ ኣብ ልዕሊ 10 ዓመት ተነኺኣ ማለት እዩ:: እዛ ናይ ምምዳብ ስልጣን ምስ ተነኽአት ግን እንታይ ተፈጢሩ? ጌታቸው ረዳ ዋላ ካብ ህወሓት ሰባት መሪፁ እንትሸውም ናይ ኣይተ ኣለም እታ ንነዊሕ እዋን ዝፀንሐት ናይ ሰባት ናይ ምምዳብ ስልጣኖም እዩ ነኺኡ:: ኣይተ ኣለም ድማ ዋላ'ኳ እቶም ናብ ስልጣን ዝመፅኡ ዘለው ሰባት ካብ ህወሓት እንተኾኑ እቲ ሓድሽ ኣካይዳ ስለዘይ ጥዓሞም ውድብ ንምፍራስ ይስራሕ ኣሎ: ፀረ ህወሓት ምንቅስቃሳት ኣለው እዮም ኢሎም ዝዛረቡ::

ብተደጋጋሚ ካብ ኣይተ ኣለምን ኮራኹሮምን ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ትሰምዕዋ ዘረብ እንተሃለወት "ውድብ ንምፍራስ" ዝትብል ዘረባ እያ:: ውድብ ምፍራስ ትብል ዘረባ ኣይተ ኣለም ተፀሪፎም ኣለው ማለት እዩ:: ውድብ ማለት ኣይተ ኣለም እያ:: ኣይተ ኣለም ድማ ውድብ እዮም:: ዘሕዝነካ ድማ ኣብ ሞንጎ ውድብን ኣይተ ኣለምን ዘሎ ኣፈላላይ ዋላ እንተፈለጡ ንኽብዶም ክብሉ ውድብ ትፈርስ ኣላ ኢሎም ዓዉ ኢሎም ዝዛረቡ ኣናእሽተይ ኮራኹር ምህላዎም እዩ:: ግን ድማ ናይ እንጀራ ጉዳይ ስለዝኾነ ምንም ክብሃል ኣይክኣልን::ድልየትካ ህወሓት እንተኾንካ ናይ ኣይተ ኣለም ናይ ምደባ ሞኖፖሊ ዝትነቅፍ እንተኾይንካ ውድብ መፍረሲ ኢኻ ትብሃል:: ብዓል ክንፈ(ባይቶና) ኣብ ዘካየድዎ መፅናዕቲ ኣብ ማእኸላይ ዞባ ብቤት ፅሕፈት ዝምራሕ ኣኼባታት ፍቆድኡ ዘካየድ እንትኾኑ ንመራሕቲ ግዚያዊ ምምሕዳር ከዳዓት: ተልኣኣኽቲ ኣብይ.. ዝብሉ መፀዋዕታት ብምጥቃም እቲ ግዝያዊ ምምሕድዳር ኣብ ህዝቢ ተቐባልነትንክይረክብ ተሰሪሑ እዩ:: ካልእ'ሞ ይትረፍ ሓድሽ ሓላፊ ድምፂ ወያነ ኣይተ መብራህቶም ዝኣገድዎ ሓደ ተሰሪሑ ናብ ኣየር ክቀርብ ኣብ ምድላው ዝነበረ መደብ ብግልፂ ነቲ ግዚያዊ ምምሕዳር ዘነኣእስን ዝዕንቅፍን መደብ እዩ ነይሩ:: ኣብዚ ጠቂዕኻ ዘይከውን ሓበሬታ ምልቃቕ ኣየድልይን እምበር ንናይ ባዕልካ ህዝቢ ከምዚ ዓይነት ሸፈጥ ዝተመልአ መደብ ብድምፂ ወያነ ክስራሕ ምርኣይ ኣዝዩ መሕፈሪ እዩ:: ናይ ኣለም ናይ ምምዳብ ስልጣን ትትንክፍ እስካብ ዝኾነ ኩሉ ድዋዕዋዕ እንተበለ ኣይግድሾምን:: ባዕሎም ኣይተ ኣለም'ውን ብተደጋጋሚ ክብልዋ ይስምዑ እዮም:: "ንዓይ ክኣስሩኒ ይኽእሉ እዮም: ግን ውድብ ትፈርስ ኣላ:: ውድብ ማለት ኣለም ከም ድልየቱ ኣብ ጣብያ: ኣብ ወረዳ ሹመት ዝህበላ ማለት እያ:: እቶም እሱ ዝመደቦም ድማ ርእሶም ኣድኒኖም ዋላ ሓንቲ ኣስተዋፅኦ ዘይብሎም ሰባት ውድብ ትፈርስ ኣላ እወ ሓቅኻ ኢሎም ይዛረቡ::

ክንደይ ሰራዊት ከም ዘለና በረኻ ምስ ወፃእና ዝፈለጠ ጌታቸው ረዳ ንኣለም ቻሌንጅ ክገብሮ እዩ ዋላ ኢለ እንተሓሰብኩ ከይገበሮ ነዊሕ እዩ ፀኒሑ:: ሕጂ ግን ውድብ ትፈርስ ኣላ ዝብል ዘረባ ካብቲን ካብቲን ንሰምዕ ኣለና:: ኣይተ ኣለም ነዊሕ ዓመት ቻሌንጅ ዝገብሮም ሰብ ብዘይ ምህላው ንባዕሎም ከም ዓብዪ ንጉስ ምርኣይ ከም ዝጀመሩ ግልፂ እዩ:: ኩናት ኣርኪቡ እምበር ኣንፃር ደብረፅዮን ሓያል ዘመቻ ጀሚሩ ከም ዝነበረ ዝፍለጥ እዩ:: ሕጂ ግን ምንም ኣማራፂ ስለዘይብሉ ንደብረፅዮን ሒዙ ኣንፃር ጌታቸው ይንቀሳቀሱ ከምዘለው ግልፂ እዩ::

እቲ ካድረ ድማ ዋላ ሽሕ ሕማቕ እንተሰርሐ ተልኣኣኺ ኣይተ ኣለም እንተኾይኑ ከም ዝድሕን ስለ ዝተረድኦ ሕማቕ ሕማቑ ይድግፎም እዩ ዘሎ:: ንኣብነት ኣመሓዳሪ ኣፅቢ ዝነበሩ ኣይተ ሃፍቶም ወሬታ ህዝቢ ምስ ኣንፀርፀረ ተላዒሎም ናብ ኣላማጣ ተሰዲዶም:: ህዝቢ ኣላማጣ እንደገና ምስ ኣንፀርፀረ ናብ ብዘት ተልኣኹ:: ህዝቢ ብዘት ብተርኡ ኣንፀርፂሩ ኣይተ ሃፍቶም ንክልዓሉ ተገበረ:: ሃፍቶም ወሬታ ማለት ኣመሓዳሪ ክ/ከተማ ኩሓ እዮም ሎምዓንቲ:: ንምንታይ እዩ ክንደይ ዓዲ ዘማረረ ሰብ

ንከማሓድር ዕድል ዝውሃቦ እንተይልኩም እቲ መልሲ ንምርካብ ቀሊል እዩ:: ናይ ኣይተ ኣልእም ገብረዋህድ እሙን ተልኣኣኺ ስለ ዝኾነ:: ሽሕ ግዘ ዝደለየ ህዝቢ ተማረረካ: ዝደለኻዮ ዓይነት ሕመቕ ዝትሰርሕ እንተኾይንካ ኣየገድስን: ንኣይተ ኣለም እስካብ ዝተልኣኣኽካ:: ካልኣይ ኣብነት ሙልጌታ ዝብሃል ናይ ዓድዋ ከተማ ከንቲባ ኸዲዑ መቐለ ኣትዩ ኢዱ ንፀላኢ ሂቡ ዝተብሃለ ሰብኣይ ብዘለዎ ፍሉይ ርክብ ምስ ኣይተ ኣለም ካብ ምንስፉፍ ድሒኑ ናይ ክ/ከተማ ሰሜን ኣመሓዳሪ እዩ ሎምዓንቲ:: ዝገርመኒ ሃፍቱ ወላሞ ዝብሃል ምሳና ኣብ በረኻ ዝነበረ ሰብኣይ እትዩ ደሞዝ ናይ ሓደ ወርሒ ብምቕባሉ ብኣይተ ኣለም ከም ባንዳ ተቐፂሩ ካብ ዝኾነ ዓይነት ምደባ ንኽግለል ዝተገበረሉ ኩነታት ኣፀቢቖ እየ ዝፈልጥ::

ጌታቸው ረዳ ምደባታት ዋላ ካብ ህወሓት ዝመረፁ እንተኾኑ ካብ ናይ ኣይተ ኣለም ናይ ምምዳብ ስልጣን ወፂኦም ብምኻዶም ኣይተ ኣለም ዝተፈላለዩ ስራሓት እንትገብሩ ግን ንርእይ ኣለና::  ሓደ ናይዚ ኣብነት ድማ እተን ናይ ግሊ ቤት ማእሰርቲታት ዝብል ዘረባ እዩ:: ናይ መን እዮም? መዘክር ተላዒሉ ናይ ባዕሉ እስር ቤት ምኽፋት ይኽእል ድዩ? ብዙሕ ክፈልጥ ፈቲነ እየ ናይዚ ጉዳይ እዚ:: ምስ ፈለጥክዎ ድማ ናብ ዓዲ ንከይምለስ ካብ ዝወሰነኒ እቲ ቀንዲ ምኽንያት እዚ እዩ:: እስካብ ሕጂ 3-4 ናይግሊ ቤት ማእሰርቲታት ብግዚያዊ ምምሕድዳር ዝተዓፀዋ እንትኾና ተኣሲሮምለን ዝነበሩ ነቲ ቤት ፅሕፈት ቻሌንጅ ዝገበሩ ሰባትን ዝተፃረፉ ኣክቲቪስታት እንተይተረፉ እዮም ነይሮም:: ሓያል ናይ ቶርቸር ቦታታት እየን እዚኣን:: ኣብ ትሕቲ ምሓውር ቤት ፅሕፈት ህወሓት ብዘለው ነበር ፖሊስ ኮሚሽነር ትግራይ ኣይተ ይሕደጎን ኣብ ሰራዊት ትግራይ ሓላፊ መረጃ ዝኾኑ ኣይተ ተውልደ እምብብን እየን ዝመሓደራ ዘለዋ:: እተን ዝነበራ ዋላ እንተተዓፀዋ ካልኦት ሓደሽቲ ዝተኸፈታ ከም ዘለዋ እዩ ዘለኒ ሓበሬታ:: ሰባት ተኣሲሮም 300,000 ከፊሎም ዝወፅኡ ብወልቂ ይፈልጥ እየ::

ውዕሊ ፕሪቶርያ ንክፈርስ ካብ ዘለዎም ልዑል ድልየት ዝተልዓለ ወረቐት ኣዳልዮም ናብ ኣኼባ ማእኸላይ ኮሚቴ እንትቀርቡ ነቶም እቲ ውዕሊ ይፅናዕ ኢሎም ዝከራኸሩ ሰባት ንምዝባዕ ብድምፂ ወያነ ሓደ ገብረ ኢሮብ ዝብሃል ሰብኣይ ኣብ ድምፂ ወያነ ቴሌቭዥን ቀሪቡ ሽዓብያ ደፊኡ ይመፅእ ከም ዘሎን ህዝቢ ንኩናት ዓርሱ ከዳልው ከም ዘለዎን እንትናገር ምንም ዓይነት ሕንከት ኣይነበሮምን እታ ዕላምኦም ጥራይ እስካብ ዝተሳኽዐት:: ህዝቢ ረቢሽካ : ህዝቢ ኣወዲእኻ ዝመፅእ ስልጣን ከመይ ክጥዕም ከም ዝኽእል ግን ኣነ ክርድኣኒ ኣይክእልን:: ዘልኣልም ድማ ተንኮል ምፍሓስ እዩ:: ነዚ ኣብነት ዝኸውን ኣብ ዝሓለፈ ብሄራዊ ሓዘን እንትእወጅ ኣይተ ኣለም ቅድሚ እቲ መደብ ምጅማሩ ንሕድሕድ ስውእ ተጋዳላይ 20 ጥይት ንኽብሩ ክብሃል ክትኮስ ኣለዎ ዝብል ሓሳብ ክደፍኡ ፈቲኖም ብጌታቸው ረዳ ውድቂ ከም ዝተገበረ እንትሰምዕ ክርድኣኒ ኣይክኣለን:: ንኽብሪ እንተይኮነስ ኣብ ማእኸል እቲ ቶኽሲ ዝሓሰብዎ ካልእ ተንኮል ይህልው ናብ ዝብል እየ ከዘንብል እምበር:: እንዳፈለጥናዮም ዶ ከም ጋሻ ክንሽወድ ሱቕ ኢልና::

እቲ HQ ኣብቲ ቤት ፅሕፈት ህወሓት እዩ ዘሎ:: ኩለን ንሰምዐን ዓበይቲ ሕመቓት ኣብቲ ቤት ፅሕፈት እየን ዝጥንሰሳ:: ማእኸል ፅንዓትን ምርምርን ክኸውን ዝግብኦ ቤት ፅሕፈት ህወሓት ምስ ናይ ግሊ እስር ቤትን ሓፂነ መፂንን ሽሙ ተዳቢሉ እንትፅዋዕ ብጣዕሚ እዩ ዘሕዝን::

ኣይተ ኣለም ግን ነቲ ቤት ፅሕፈት እዮም ዝመርሑ:: ንህወሓት ዝመርሑ ዶ/ር ደብረፅዮን እዮም:: ኣብ ካልእ ከቢድ ቅልውላው እዮም ዘለው ንባዕሎም:: ኣብ ዝሓለፈ ብዛዕባ እቲ ዝጠፍአ ሰልዲ ተዛሪበ ነይረ:: ድሕሪኡ ዝተገበረ ክነግረኩም:: ቅድሚ ንግዚያዊ መንግስቲ ትግራይ ስልጣን ምርካቦም ኣብ ናይ መወዳእታ ናይ ካቢኔ ኣኼብኦም ዶክተር ደብረፅዮን ሓደ ሓሳብ ንካቢኔኦም ኣቕሪቦም ነይሮም እዮም:: እቲ ዝጠፍአ ሰልዲ ኣብ መኸተ ከም ዝጠፍአ ኣፕሩቭ ግበሩለይ እዮም ዝበሉ:: ኣበይ ከምዝውዓለ ዘይንፈልጦ ጉዳይ ከመይ ገይርና ኢና ህዝቢ ንመኸተ ውዒሉ ኢልና ኣብ ዘይውዓሎ ክንፈቅድ ተባሂሉ ሓሳቦም ተነፂጉ እዩ:: ዶክተር ደብረፅዮን ኣብዚኣ ከጭበርብሩ (fraud) እዮም ፈቲኖም:: ኣይተሳኽዐሎምን:: ክሕተቱ ድማ ኣለዎም::
❗ Read  and SHARE, ኩሉ ትግራዋይ ናይ ዓዱ ህልው ኩነታት ክፈልጥ ናይ ግድን እዩ 👌🏽